
# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 5ይ ክፍሊ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ




# ተምሃሮ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ሓዙ፡፡

እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡
ክበላሸውን ክጠፍእን የብሉን፤ ተኸናኸኑዎ፡፡
መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንምሓዝ እዞም ዝስዕቡ ዓሰርተ መምርሒታት ተግባራዊ ግበሩ፡፡

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ብዝፀንሐ ጋዜጣ ወይ መፅሄት ሸፍኑዎ፡፡
2. መፅሓፍ ኩሉግዜ ኣብ ፅሩይን ደረቕን ቦታ ኣቐምጡዎ፡፡
3. መፅሓፍ እንትትሕዙ ኢድኩም ፅሩይን ምኳኑ ኣረጋግፁ፡፡
4. ኣብ ሽፋን መፅሓፍ ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ኣይትፅሓፉ፡፡
5. ኣብ መንጎ ገፃት ምልክት ንምግባር ቁራፅ ወረቐት ወይ ካርድ ተጠቐሙ፡፡
6. ዝኾነ ይኹን ስእሊ ወይ ገፅ ፈፂሙ ክቕደድን ክበላሸውን የብሉን፡፡
7. ዝተቐደዱ ገፃት ብመጣበቒ ኣዐርዩዎም፡፡
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትተእትዉ ብጥንቓቐ ኣእትዉዎ፡፡
9. መፅሓፍ ንኻሊእ ሰብ እንትትህቡ ይኹን እንትትቕበሉ ተጠንቂቕኩም ሓዙ፡፡
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እዋን እንትትጥቀሙ ናይቲ መፅሓፍ ሽፋን ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ከይግንፀሉ ነቲ መፅሓፍ ብድሕሪቱ ኣገዲምኩም ኣቐምጡ፡፡ መፅሓፍ እንትትግንፅሉ በብቁሩብ ገፅ ቀስ እናበልኩም ብኽልተ ኢድኩም ሒዝኩም ገንፅሉ፡፡

# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 5ይ ክፍሊ


***ጉጅለ መዳለውቲ***

ታደሰ ሃይለማርያም

ሙሉ ሃይለስላሴ

ኣበባ ኣብርሃ

***ጉጅለ መተሓባበሪ***

ኣሰፋ በላይ ኣውሳ

መኮንን መሓመድ ስዒድ

***ምርግጋፅ ፅርየት***

ተኸሉ ዕቋር

***ምውዳድ መፅሓፍ***

መውጫ ኣምሃ



ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ

እዚ መፅሓፍ ብዓለም ለኸ ትካል ልምዓት ኣሜሪካ (United States Agency for International Development (USAID)) ኣቢሉ ካብ መንግስትን ህዝብን ኣሜሪካ ብዝተረኸበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ፣ ብሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ፕሮጀክት READ TAን ተዳሊዉ። ወፃኢ ሕትመት ድማ ብፕሮግራም ምርግጋፅ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ II (General Education Quality Improvement Program GEQIP II) ተሸፊኑ።

© 2007 ዓ.ም. ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራሊን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን

ISBN: 978-99944-2-509-9

# ሰደቓ ትሕዝቶ


| <u>ኣርእስቲ</u> | | <u>ገፅ</u> |
|---|---|---|
| መእተዊ | | i |

## 1ይ መንፈቕ ዓመት

| ምዕራፍ ሓደ | ምሕዝነት | 1 |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ክልተ | ከባቢና | 23 |
| ምዕራፍ ሰለስተ | ልምድታት | 43 |
| ምዕራፍ ኣርባዕተ | ድሕንነት ትራፊክ | 63 |
| ምዕራፍ ሓሙሽተ | ፅርየትን ፅሩይነትን | 87 |

## 2ይ መንፈቕ ዓመት

| ምዕራፍ ሽዱሽተ | ምግቢ | 107 |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሸውዓተ | እንስሳት ዘገዳም ኢትዮጵያ | 129 |
| ምዕራፍ ሸሞንተ | ባህላዊ ፀወታታት | 153 |
| ምዕራፍ ትሽዓተ | ስነ ቃል | 175 |
| ምዕራፍ ዓሰርተ | ምፅያፍን ምጉናይን ኣብ ኤች ኣ ቪ ኤድስ | 195 |
| ማህደረ ቃላት | | 217 |

## መእተዊ

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካል እቲ ዝተመሓየሸ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መፅሓፍ ንተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ብቋንቋ ትግርኛ፣ ንምድማፅ፣ ንምዝራብ፣ ንምንባብን ንምፅሓፍን ዘኽእሎም ዓቕሚ ብዝፈጥሩሉን ብዘጕልብቱሉን መንገዲ ተዳሊዉ ኣሎ። ብምኳኑ ኣብ ትምህርቲ ክእለታት ንባብን ፅሒፈትን ከመይ ክመሃሩ ከምዘለዎም ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዝተሰናደአ ስለዝኾነ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ትምህርቶም ብዝግባእ ንኽከታተሉን በብእዋኑ ምዕባለ ንኽርእዩን ይሕግዝ።

ኣብ ክፍሊ ዝቐርቡ ንጥፈታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ከለዓዕሉ ብዝኽእሉሉ ኣገባብ ተዳሊዎም እዮም። እዚ መፅሓፍ መሃዝነት ተምሃሮ ብምልዕዓል ብትግሃት ክመሃሩ ዝኽእሉሎም መንገድታት ምምሃር ብዘይ ደረት ዝቕፅሉሉ ኣንፈት ብምንፃር ተዳሊዉ ኣሎ።

እዚ መፅሓፍ ዝርዝር ትሕዝቶን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ኣካቲቱ ዝቐረበ እዩ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 5ይ ክፍሊ እንታይ ከምዝመስል ዝተማለአ ሓበሬታ ይህብ። በዚ ድማ ኣብ ክፍሊ ንዝቐርብ ትምህርቲ፣ ቤተሰብን ተምሃሮን ብሓባር ኣብ ገዛ ክቕፅሉሉን ከጎልብቱዎን ባይታ ይፈጥር።

### መሰረተ ሓሳብ እዚ መፅሓፍ፦

1. ተምሃሮ ኣብ ህይወቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ዛዕባታትን ርእስታትን ይመሃሩ። (ሕድሕድ ምዕራፍ ርእሱ ዝኽእል ዛዕባ ዘለዎ ኾይኑ፤ ነፍሲ ወከፍ ዛዕባ ዝተፈላለዩ ርእስታት ኣለዉዎ።)
2. ኣብቶም ዛዕባታትን ርእስታትን ዘድህቡ ፅሑፋት የዳምፁ፣ የንብቡ፤ ብዛዕበኦም ድማ ይዛረቡን ይፅሕፉን።
3. ሕድሕድ ባእታ ትምህርቲ ቋንቋ ምስቶም ዛዕባታት፣ ርእስታትን ፅሑፋትን ዝተኣሳሰረ እዩ።
4. ተምሃሮ ኣብ ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሒፈትን ተግባራዊ ልምምድ ክገብሩ ዘኽእሉ ብዙሓት ንጥፈታት ኣለዉ። በዚ ድማ ተምሃሮ ኩሎም ተግባራት ብዘይ ፀገምን ብቕልጡፍን ክትግብሩዎም ይኽእሉ። ሓሳቦም ብትኽክል፣ ብዝግባእን ብንፁርን ክገልፁ የኽእሎም።
5. እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ብውልቆም ክመሃሩ ጥራይ ዝተዳለወ እንተይኮነስ፤ ምስ ካልኦት ተምሃሮ ብፅምድን ብጉጅለን እናተሓባበሩ ክመሃሩ እውን እዩ።
6. ተምሃሮ እንተዳምፁ፣ እንተንብቡን ቃላት ይመሃሩ። በዚ ድማ ነቶም ቃላት ብግቡእ ይጥቀሙሎም። ቃላት እንትጥቀሙ ኣብ ትግርኛ ዝህሉዎም ዓቕሚ እናዓበየ ይኸይድ።

### ውደባ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ

ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብምዕራፋት ዝተኸፋፈሉ እዮም። በብምዕራፉ ዝርከብ ሕድሕድ ትምህርቲ ብምልላይ ጀሚሩ ኣብተን ቀፀልቲ ሰሙናት ክለማመዱን ክጥቀሙን ይገብር። ሕድሕድ ምዕራፍ ኣብ ሰለስተ ሰሙን ዝቐርቡ

ነናይ ባዕሉ ዛዕባታት ትምህርቲ ኣለዉዎ። ሕድሕድ ዛዕባ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ርእስታት፣ ሰለስተ ፅሑፋት ምንባብን ሓደ ፅሑፍ ምድማፅን ኣለዉዎ። እቶም ዛዕባታትን ርእስታትን ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ንምምሃር መሰረት እዮም። ነዞም ኣርባዕተ ክእለታት ዘጠናኽሩ ከም ትንታነ ቃላትን ሰዋስውን ዝበሉ ሓገዝቲ ባእታታት ኣለዉ። ብመሰረት ውደባ ትምህርቲ እዚ መፅሓፍ እዞም ባእታታት ብቕደም ሰዓብ ተገሊፆም ይርከቡ።

## ትንታነ ቃላት

ዕላማ ትምህርቲ ትንታነ ቃላት ፅፈት ንባብ ንምስላጥ እዩ። ኣብዚ ክፉል ተምሃሮ ነዋሕትን ዘይዝውቱራትን ቃላት በምእላድን ብቐለምን እናነፀሉን እናጠመሩን ብቐሊሉ ከንብቡዎም ይሕግዝ።

## ኣንቢብካ ምርዳእ

ተምሃሮ ነቶም ምንባባት ክግንዘቡ ዝኽእሎም ዓቕሚ ዘማዕብሉሉን በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ፅሑፋውን ንጥፈታት ክሳተፉ ዝኽእሎም ባይታ ዝረኽቡሉን እዩ። ኣብ ኣንቢብካ ምርዳእ ተምሃሮ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ብውነ ይትግብሩ።

- እቲ ፅሑፍ ዘማእኽሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፣
- ፅሑፍ ቅድሚ ምንባቦም ብዛዕባ ዘንብቡዎ ትሕዝቶ ፅሑፍ ይግምቱ፣ ሕሉፍ ፍልጠቶም ይዛረቡ፣
- ተምሃሮ ካብ ሕድሕድ ፅሑፍ፣ ምሩፃት ቃላት ይመሃሩ፣ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፣
- እናንበቡ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ይዘራረቡ፣
- ብዛዕባ እቲ ፅሑፍ፣ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፣
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፣
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቐራርባን የርእዩ፣
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ምንባብ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ቃላት

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ካብ ዘዳመፁዎ ወይ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ቃላት ይመሃሩን ይጥቀሙን። ተምሃሮ ካብቶም ኣብዚ ትሕዝቶ፣

- ኣጠቓቕማ ቃላት ይመሃሩ፣
- ፍታሕ ቃላት ይመሃሩ፣
- ነቶም ቃላት ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን (ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ማሕበረሰብ) ኣብ ዝርርብን ፅሕፈትን ይጥቀሙሎም።

## ፅሒፈት

ተምሃሮ ኣብዚ ክእለት ብመሰረት ዘዳመፁዎምን ዘንበቡዎምን ዛዕባታትን ርእስታትን ብውልቀ ኮነ ብጉጅለ ይፅሕፉ። ተምሃሮ ክነጥፉሎም ካብ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም፤

- ከም መዘንተዊ፣ ሓባሪ፣ ገላፂ፣ ኣወዳዳርን ኣነፃፃርን ዝበሉ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ይፅሕፉ፤
- ብዛዕባ ዝቐረበሎም ዛዕባ ሓሳባት የተኣኻኽቡ፣ ረቂቐ ፅሑፍ የዳልዉ፣ ኣፅፊፎም ውዱእ ፅሑፍ ይፅሕፉ፤
- ቃላት ብግቡእ ይፅሕፉ፤ ስርዓተ ነጥቢ ብግቡእ ይጥቀሙ፤

## ንባብ ፅፈት

ኣብዚ ባእታ ተምሃሮ ዝቐረበሎም ፅሑፍ ብምልከት፣ ብናህርን ብግቡእ ኣገላልፃን የንብቡ። ኣብዚ ብርኪ ብደቒቓ 90 ቃላት ከንብቡ ኣለዎ።

## ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ተምሃሮ ኣብ ዝቐርበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ ትኾረት ክገብሩን ነቲ ዘዳምፁዎ ትሕዝቶ ክግንዘቡን ዘኽእሎም ዓቕሚ ዘጥርዩሉ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ፅሑፋውን ንጥፈታት ይሳተፉ። ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይነጥፉ።

- ትሕዝቶ ምድማፅ ዘማእኸሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፤
- ቅድሚ ምድማፆም ትሕዝቶ ዝንበብ ፅሑፍ ይግምቱ፤ ቅዱም ፍልጠቶም ይዛረቡ፤
- ካብ ሕድሕድ ትሕዝቶ ምድማፅ፣ ትሕዝቶኣዊ ቃላት ይመሃሩ፤ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፤
- እናዳመፁ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ይዘራረቡ፤
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፤
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቀራርባታትን የርእዩ፤
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ሰዋስው

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ክፍልታት ሰዋስው እቲ ቋንቋ ይመሃሩን ይጥቀሙን፤ (ኣብነት፦ ረባሕታ ቃላት፣ ክፍልታት ቃል፣ ስም፣ ቅፅል፣ ተወሳኺ ግስ ዝበሉ ህልዊ፣ ሕሉፍ ግዘ ግስ፣ ነፀላ ወይ ሕውስዋስ ምሉእ ሓሳባት ወዘተ. ይመሃሩን ይጥቀሙን።)

## ግደ ወለዲ

እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ዝተምሃሩዎ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ምስ ቤተሰብ ኮይኖም ከይዲ ትምህርቲ ንኽቕፅልሉ የኽእል። ቤተሰብ፣ ምስ ደቆም ክሰርሑዎም ዝኽእሉ ተግባራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ሰሙናዊ ወይ ዕለታዊ ትሕዝቶ፣ ዛዕባን ርእስን እንታይ ምዃኑ ንደቆም ይሓቱ።
2. ኣብ ክፍሊ ዝተነበበ ፅሑፍ ምስ ደቆም ብሓባር ወይ በብተራ ግደ እናተለዋወጡ የንብቡ።
3. ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፣ ብዛዕባ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ፅሑፋት የዋግዑ።
    - እዚ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ይዝትይ?
    - እንታይ ዓይነት ርእሲ ወይ ንኡሳት ርእስታት ኣለዉዎ?
    - እዚ ፅሑፍ ወይ ዛዕባ እንታይ የምህር?
    - ኣብቲ ዛዕባ ዘይተበሃለ እንታይ ኣሎ? ሰባት እንታይ ይብሉ? ኣብ ዜና፣ ኣብ ካልእ ቦታ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እንታይ ይበሃል?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ እንታይ ሓሳብ ኣሎ? ኣቀራርባን መርግፅን እቲ ፀሓፊ ከመይ ትርእዩዎ?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ ካልእ ክንፈልጦ እንደልይ እንታይ ኣሎ?
    - እዚ ብምንባብና ክንገብሮ እንኽእል ነገር እንታይ ኣሎ?
4. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፤ ኣብቲ ፅሑፍ ብዛዕባ ዝረአዩዎም ኣገደስቲ ቃላት ይዘራረቡ።
    - እዚ ቃል እንታይ ማለት እዩ?
    - እቲ ፅሑፍ ንምርዳእ ዶ ይሕግዝ?
    - ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዶ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ?
    - ኣብ ዕለታዊ ምንቀስቓስ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
5. ተመሳሳሊ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝሓዙ ካልኦት ፅሑፋት ወይ ታሪኻት ካብ ጋዜጣ፣መፅሄት ወይ መፃሕፍቲ የንብቡ።
6. በይኖም እናንበቡ ብዛዕባ ዘንበቡዎ ምስ ደቆም ይዛተዩ።
7. ተምሃሮ ንምሕጋዝ ብዛዕባ እቲ ርእሰ ጉዳይ ወይ ርእሲ እቲ ፅሑፍ ብራድዮ

ዝቐርብ መደብ፣ ብቴለቭዥን ዝመሓላለፍ መደረ ወይ ብመርበብ ሓበሬታ ዝቐረበ ትሕዝቶ ይከታተሉ።

8. ኣብ ክፍሊ ዝተሰረሐ መዓልታዊ ዕዮ ምስ ደቆም ይከታተሉ፤ እንታይ ከም ዝተመሃሩ፣ እቲ ዝተመሃሩዎ ዝፈጠረሎም ስምዒት እንታይ ከም ዝመስል ይዘራረቡ። (ንኣብነት፣ ክሳዕ ክንደየናይ ከቢድ፣ ቀሊል፣ ሓጋዝን እኹል ምዃኑን ምልዓል ይከኣል።)

9. ብዛዕባ ፅሕፈት ኣብ ክፍሊ ዝተመሃሩዎም ባህርታት ወይ ቅርፅታት ኣፀሓሕፋ ብሓባር ይርእዩ። ዝተረደኦም ክገልፁ ዕድል ይሀቡ። (ንኣብነት፣ ኣብ ግቡእነት ቃላት፣ ስርዓተ ነጥቢ፣ ፍሰት ሓሳብ፣ ወዘተ. ትኹረት ምግባር ይከኣል።)

10. ደቆም ዝተፈላለዩ  ዕዮ ገዛ እንትሰርሑ ይከታተሉን ኣድላዪ ደገፍ ይሀቡን።

11. ደቆም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ክፅሕፉን ከንብቡን የበረታትዑ። ፅሑፎም ከንብቡ የተባብዑ።





# 1

# ምሕዝነት

## ሰሙናዊ ርእሲ ልውውጥ ሰላምታ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምጥማር**

**ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እን- ት -መፅእ
2. ገበር -ኣ -ት -ሎም
3. እና- መለስ -ኣ -ት
4. ኣይ- ት- ፈልጥ -ዮ -ን
5. እንት- ን- ጀምር
6. እንት- ዝ- ረኸብ -ኣ -ክን
7. ዘይ- ት- ፈልጥ -ኦ

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት ኣብ ጉጅለኹም ተዘራረቡሎም።**

ሰባት ሰላምታ መዓዝ መዓዝ ይለዋወጡ? እንታይ እንታይከ ይበሃሃሉ?

**እዋን ንባብ**

**ሀ. እዞም ምሉእ ሓሳባት ዘሕልፉዎም መልእኽቲ ትኽክል እንተኾይኑ “ልክዕ” እንተዘይኮይኑ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።**

1. ኣቦይ ስብሃቱ ኣብ ከተማ ይነብሩ።
2. ብርሃን ጓል ኣቦይ ስብሃቱ እያ።
3. መስከረም ንዝረኸብናዮ “ከመይ ሓጊኻ?” ብምባል ንሓትቶ።
4. ኣዶን ጓልን ንኣቦይ ስብሃቱ “ቀውዒ እንታይ ማለት እዩ?” ብምባል ሓቲተንኦም።
5. ወርሒ ታሕሳስ መወዳእታ ቀውዒ እዩ።

# ኣቦይ ስብሃቱ

ኣቦይ ስብሃቱ ኣብ ገፀር ዝቐመጡን ብሕርሻ ዝናበሩን ፃዕራም ሰብኣይ እዮም። ኣብ ቀውዒ ቀለብ ዓመቶም ንምሕፋስ ክረምቲ በርቲዖም ይሰርሑ። ኣብ ስርሖም ደፋእፋእ ስለዝብሉ ብህዝቢ ዓዶም “ህርኩት ከም ንህቢ” ተባሂሎም ይፍለጡ። ኣቦይ ስብሃቱ ብርሃን እትበሃል ውላድ ኣላቶም። ብርሃን ኣብ ኣኽሱም ትነብር። ንጓሎም እኽሊ ብምሓዝ እንትጥይቕዋ ብጣዕሚ ይሕጎሱ።

ብርሃን ብንግዲ እትመሓደር በዓልቲ ሓዳር እያ። ሓንቲ ጓል ኣላታ፤ ስማ ፅገወይኒ ይበሃል። ኣቦይ ስብሃቱ ንፅገወይኒ ብጣዕሚ ስለዝፈትዉዋ ምስኣ ኣውጊዖም ኣይመንዉን። ፅገወይኒ ኣቦይ ስብሃቱ እንትመፅኡ ብዙሓት ሕቶታት ተቐርበሎም። ንሶም ድማ ዘዝፈልጥዎ ኣብ ንእስነቶም ምስዝገበርዎን ተመኩሮኦምን እናተሓሓዙ ይምልሱላ።



*ኣቦይ ስብሃቱ ናብ እንዳ ጓሎም እንትኣትዉ*

ኣቦይ ስብሃቱ ሓደ ቀዳም ረፋድ ናብ እንዳጓሎም ለቖታ ተሸኪሞም ደበኽ በሉ። ጓሎም ፅቡቕ ኣቀባብላ ገበረትሎም። “ደሓን ዶ ቀዊዕኽን?” በሉ ብርኮም ደጊፎም ኣብ ሶፋ ኮፍ እናበሉ። “ደሓን ኢና ኣያይ። ንስኻ ኸ ከመይ ቀዊዕኻ?” በለቶም። “ደሓን እየ” ብምባል መለሱላ። ቀፂላ፣ ድሕንነት ስድራን ኩነታት ዓድን ሓተተቶም። ኣቦይ ስብሃቱ ኩሎም ፅቡቕ ከም ዘለዉ ነገርዋ። “ፅገወይኒ ጓለይ ትምህርቲ ጀሚርኩም

ዶ?" በሉዋ ናብኣ እናጠመቱ።

"ትምህርቲ ካብ ዝጅመር ኣርባዕተ ወርሒ ሓሊፉ። ኣቦይ እባ! 'ከመይ ቀዊዕኺ' እንታይ ማለት እዩ?" በለት ንእግሮም ማይ ሒዛ እናቐረበት። "ኣይትፈልጥዮን?" በሉዋ ዘምፀኣትሎም ማይ እናተቐበሉ። "ኣይፈልጦን" ብምባል መለሰትሎም ክትሓፅቦም ቅርብ እናበለት። "የዕብየለይ እዛ ጓለይ። ባዕለይ እየ ዝሕፀብ። ዘይፈልጠ ዝሓትት ሰብ መንገዲ መንፋዕቲ ምሓዙ ይምስክር።" ብምባል እግሮም ማይ እናኣለኹ ወግዖም ቀፀሉ።

"ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ወቕትታት ኣለዉ። ኣብ ሕድሕድ እዋን ሰላምታና ምስቲ ወቕቲ ብዝኸዱ ሕቶታት ይመፅእ። ሎሚ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ እዩ። ሐዚ ቀውዒ ብምኻኑ ኣብ ሰላምታይ 'ከመይ ቀዊዕክን' ኢለ። ኣብ መወዳእታ ሓጋይ እንተዝኸውን 'ከመይ ሓጊኽን?' ብምባል ምሓተትኩኽን። ኣብ መወዳእታ ፅድያ እንተዝኸውን ድማ 'ከመይ ፀዲኽን?' ብምባል ምሓተትኩኽን። ኣብ መወዳእታ ክረምቲ እንተዝረኽበክን ድማ 'ከመይ ከሪምክን?' ምበልኩኽን። በዞም መንገድታት ካብ ቀደም ኣትሒዝና ምስ መሓዙትና፣ ኣሕዋትናን ወለድናን ሰላምታ ንለዋወጥ ነይርና። ሐዚ እውን ንጥቀመሎም ኢና። እዞም ሕቶታት ሰላምታ ምስቶም ወቕትታት ዝመፅኡን ምሕዝነትን ሕውነትን ዘጠናኽሩን እዮም" በሉ እናጠመቱዋ።

"የቐንየለይ! ሐዚ ፈሊጠዮ። ካብ ሐዚ ትምህርቲ እንትንጅምር ንመማህርተይ 'ከመይ ከሪምኩም?' ትምህርቲ እንትዕፆ ድማ 'ደሓን ክረሙ' ክብሎም እየ" በለት። ኣብ መንጉኡ ብርሃን ኣትያ፣ "ንፍዕቲ እዛ ጓለይ! ሳላ ዝሓተትኪ ቁም ነገር ረኺብኪ" በለታ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. "ከመይ ቀዊዕኹም እንታይ ማለት እዩ?" ኢላ ዝሓተተት መን እያ?
2. ኣብ ዓመት ክንደይ ወቕትታት ኣለዉ? እንታይ እንታይ ከ ይበሃሉ?
3. ትምህርቲ ዝጅመረሉ ወቕቲ እንታይ ይበሃል?
4. ኣቦይ ስብሃቱ ብምንታይ ይመሓደሩ?
5. ኣቦይ ስብሃቱ ንምንታይ ለቖታ ተሸኪሞም መፂኦም?

**ለ. ፍፃመታት "ኣቦይ ስብሃቱ" ዝብል ዛንታ ብቕደም ሰዓብ መጀመርታ፣ ማእኸልን መወዳእታን ኣብዚ ሰደቓ ፀሓፉ።**

| መጀመርታ | ማእኸል | መወዳእታ |
|---|---|---|
| | | |

**ሐ. ነዞም ባዶ ቦታታት ምስቲ ዓውዲ ብዝሳነዩ ቃላት ወይ ሓረጋት ምልኡ።**

ሃይላይን ለምለምን ኣብ ራብዓይ ክፍሊ ትምህርቲ ሓግዮም። ትምህርቲ ምስተወድአ ውፅኢቶም ተቐቢሎም ክረምቲ ብኸመይ ከምዘሕልፉዎ ተዘራረቡ። ሻቡ ሃይላይ በሊ _______ ብምባል ተሰናቢትዋ ከደ።

ድሕሪ ዕረፍቲ እዋን ክረምቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓምሻይ ክፍሊ ኮይኖም ተራኺቦም። ብምርኻቦም ብጣዕሚ ተሓጒሶም፤ ሰላም ተበሃሃሉ። ኣቐዲማ፣ ለምለም ንሃይላይ _____ ብምባል ሓቲታቶ። ንሱ ድማ ብግዲኡ፣ “ደሓን ከሪመ። ክረምቲ ፅቡቕ ነይሩ። ንስኺ ኸ ደሓን ዶ ከሪምኪ?” ኢሉዋ።

ከድጃ ብዝውውር ኣብ መፋርቕ ወርሒ ታሕሳስ መፂኣ ንሃይላይን ንለምለምን ጓል ክፍሎም ኮይና ተመዲባ። ከድጃ እንትትፋለጦም ከመይ _______ ብምባል ስማ እናነገረት ተላለየቶም።

## ሰሙን 1 መዓልቲ 2

## 3. ቃላት

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

**በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

***ኣብነት፦***

*ምኽባር፦ ንዓበይቲ ሰባት ብትሕትና ሰላምታ ምሃብ ከም ምኽባር ይሕሰብ።*

1. መሓዛ 2. ሰላምታ 3. ብሕታዊ 4. ርክብ 5. ምልላይ

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ብመሰረት "ኣቦይ ስብሃቱ" ዝብል ዛንታ ነዞም ሕቶታት ብምምላስ ንኣቦይ ስብሃቱ ዝገልፅ ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ሓሳባት ኣክቡ።**

| ኣቦይ ስብሃቱ | |
|---|---|
| ኣበይ ይነብሩ? | |
| እንታይ ይሰርሑ? | |
| ኣብ ስርሖም ብኸመይ ይነጥፉ? | |
| ሰባት ብኸመይ ይገልፁዎም? | |
| እንታይ የሐጉሶም? | |

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት ዝተውሃቡ ኣብነታት ነዞም ስማት ብትኽክል እናቐየርኩም ፀሓፉ።**

***ኣብነት፦***

*ሀ. ገዐር → ገዐራት*

*ለ. ቀውዒ → ቀውዕታት*

1. መንገዲ 3. ኣጋጣሚ 5. ቁም ነገር

2. ፅቡቕ 4. ዓመት 6. ሰብ 7. ስድራ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ብዛዕባ "ኣቦይ ስብሃቱ" እትዝክርዎም ክልተ ነገራት ተዛረቡ።**

### ንባብ ፅፈት

**"ኣቦይ ስብሃቱ" ካብ ዝብል ምንባብ ንቀዳማይ ዓንቀፅ ፅፈት ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

# ምሕዝነት ንዕብየት



*ሓዳስ ምስ መሓዙታ እንትትዛተ*

### ቅድመ ምድማፅ

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ሕቶታት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡሎም።**

1. ኣብቲ ስእሊ ዘለው ሰባት እንታይ ዝገብሩ ይመስሉኹም?
2. ኣብ ትሕቲ "ምሕዝነት ንዕብየት" ዝብል ፅሑፍ ይለዓሉ እትብሉዎም ሰለስተ ቀንዲ ሓሳባት ብምግማት ዘርዝሩ።

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እኒ ሓዳስ ምሕዝነት ካብ ዝጅምሩ ክንደይ ዓመት ገይሮም?
2. ንሓሳብ ሓዳስ መጀመርታ ኣቕልል ኣቢሉ ዝተዛረበ መን እዩ?
3. መተሓባበሪት እቶም መሓዙት መን እያ?

### ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ብመሰረት ዘድመፅኩምዎ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ሰለስተ ባህርያት እቶም መሓዙት ግለፁ።
2. ንሓዳስ ካብ ካልኦት ዝፈልይዋ ባህርያት እንታይ እንታይ እዮም?
3. ሓዳስ ንመሓዙታ "ብቕልጡፍ ንራኸብ፣ ብጣዕሚ ደልየኩም ኣለኹ" ዝበለቶም ንምንታይ እዩ?
4. እቶም መሓዙት ነናብ ገዝኦም "ዕዮ ገዛ" ሒዞም ዝኸዱ ንምንታይ እዩ?
5. እቶም መሓዙት ካብ ምሕዝነት ናብ ሓበራዊ ተረባሕነት ዘሰጋገሮም ኩነትን ስራሕን ግለፁ።

**ለ. "ምሕዝነት ንዕብየት" ኣብ ዝብል ምንባብ ኣብ መጀመርታ፣ ኣብ ማእኸልን ኣብ መወዳእታን ዝተለዓሉ ሓሳባት ብቕደም ሰዓብ ብግዲ ምፅዋት ኣርእዩ።**

## 7. ሰዋስው

### ስም ውልቀን ስም ሓባርን

**ስም ውልቀ፡-** ንሓደ ነገር ፈሊይና ንምፅዋዕ እንጥቀመሉ ቃል እዩ።

**ኣብነት፡-** ኣሮን፣ ናሆም፣ ኣኸሱም፣ ተከዘ

**ስም ሓባር፡-** ተመሳሳሊ ባህርይ፣ ዘርኢ ወይ ኩነታት ዘለዎም ነገራት ጠሚርና ንምፅዋዕ እንጥቀመሉ ቃል እዩ።

**ኣብነት፡-** መኪና፣ መምህር፣ ወታደር፣ ሃገር

**ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ንዝተሰመረሎም ቃላት ስም ውልቀ ወይ ስም ሓባር ብምባል ፍለዩ።**

1. ኣልማዝ ደብዳበ ሰላምታ ፅሒፋ።
2. ዛህራ መሓዛ ዘቢባ እያ።
3. ሃይለ ነተን ከፍቲ ናብ ሩባ ኣውሪዱ ሰላምታ ሂቡኒ።
4. እኽሊ ፈሲሱ።
5. ኣብዚ ክረምቲ ፈልሲ ኣውሊዕ ተተኺሉ።
6. መሓመድ ካብ መሓዙቱ ብትምህርቲ ቀዳማይ ወፂኡ።
7. ፃዕዱ ብትምህርቲ ነፊዓ።
8. ከድር ካብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ተመሊሱ።
9. ተምሃሮ ተሰሪዖም ነታ ሓዳሽ ርእሰ መምህር ሰላምታ ኣቕሪቦሙላ።
10. እቶም መሓዙት እናዘመሩ ሓሊፎም።

# ሰሙናዊ ርእሲ ተኣማንነት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡሎም።**

1. ተኣማንነት እንታይ ማለት እዩ?
2. ተኣማኒ ዝበሃል ከመይ ዝበለ ሰብ እዩ?

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ። ኣብ ከይዲ ንባብ ዘይተረደኣኩም ሓሳብ እንተሃልዩ ነቲ ፅሑፍ ደጊምኩም ኣንብቡ።**

1. እቶም ክልተ ኣዕርኽቲ መንን መንን ይበሃሉ?
2. ኣብ ልዕሊ ሃፍቱ ሃፍቲ ክውሰኽ ዝፅዕር መን እዩ?
3. እታ ኣገልግል እንታይ ሒዛ ነይራ?
4. እቶም ክልተ ኣዕሩኽ ካብ እንዳ ጎይቶኦም ንምንታይ ተባረሮም?

# ብኢዱን ፍርዱን

ኣብ ከተማ ፍረ ሰላም ብኢዱን ፍርዱን ዝበሃሉ ኣዕሩኽ ነይሮም። ብዕድመ ካብ ሰላሳታት ዘይሓልፉ መሳቱ እዮም። እዞም ኣዕሩኽ ስራሕ ዘይፈትዉን ህኩያትን ነበሩ። ንብዙሕ እዋን እናሰረቑ ይናበሩ።

ኣብታ ከተማ ጎይትኦም ዝበሃል ሃፍታምን ኣቦ ክልተ ቈልዑን ነበረ። ጎይትኦም ኣብ ልዕሊ ሃፍቱ ሃፍቲ ክውስኽ ለይትን ቀትርን ይፅዕር። ንብዙሓት ሰባት በብ ዓቕሞም እናስርሐ ዝሕግዝ ለዋህ ሰብ ነበረ። ጐረባብቱን መሓዙቱን በርቲያም ንኽሰርሑን ንኽህፍትሙን ይመክርን የተባብዕን። ዝመኸሮም ሰባት ናብርኦም እንትመሓየሽ የሐጉሶ። ብተግባራት ብኢዱን ፍርዱን ግና ኩሉ ግዘ ይሓርቕ ነበረ። ሓደ እዋን ኣብ ገዝኡ ከስርሖም ስለዝሓሰበ ከዘራርቦም ናብ ዝውዕሉሉ ቦታ ከደ።

ኣብ ወሰን መንገዲ ርስሕስሕ ኢሎም ኢዶም እናወናጨፉ ብነድሪ ይዘራረቡ ነበሩ። “ከመይ ሓዲርኩም?” በሎም ጎይትኦም።

“ድሓን ኢና” በለ ብኢዱ ቀልጢፉ።

“ብዛዕባ እንታይ ድኣ ተውግዑ?” ብምባል ሓተቶም።

“ብዛዕባ ሓደ ጠላም” ብምባል መለሰ ፍርዱ።

“ንመን ዝጠለመ?” በሎም።

“ንመሓዝኡ” በለ ብኢዱ።

“ንስኻትኩም እንተትኾኑ ኸ?” ኢሉ ሓተቶም።

“ብፍላይ ንዝኣምነና ኣይምጠለምናን” በለ ብኢዱ።

“እወ! ፀጊሙና ጨርቀምቀም ኢልና እምበር ከማና ዝእመን ኣይምሃለወን” በለ ፍርዱ ብግዲኡ።

“ከም ቃልኩም እንተኾይንኩምስ ስራሕ ክህበኩም ሰዓቡኒ” ብምባል መሪሕዎም ከደ።

ኣብ እንዳ ጎይትኦም ንፉዓት ሰራሕተኛታት ኮኑ። ዝተበሃሉዎ ቀልጢፎምን ኣፀቢቖምን ብምትግባር ኣርኣዩ። ጎይትኦም ንጥፈቶም ተዓዚቡ ተሓጒሱ። “እዚኦምስ ሓቆም እዮም ‘ስራሕ ስኢንና’ ክብሉ” በለ ብውሽጡ ዝበሉዎ እናዘከረ። ብትኽክል ምቕያሮም ንኽረጋግፅ ግና ክፍትኖም ሓሰበ። ብሕብርታት ዝተመላኸዐት ኣገልግል ኣብ ኣፍ ደገ ገዛ ብምቕማጥ ከይኸፍትዋ ኣጠንቂቑ ምስ ስድርኡ ናብ መርዓ ከደ።

ቁሩብ ከይፀንሐ ብኢዱ፣ ነታ ኣገልግል ብህርፋን ደጋጊሙ ክጥምታ ጀመረ። “ከፊትና ዝሓዘቶ ዘይንርኢ?” በሎ ንፍርዱ።

ፍርዱ “ይቕረየና፤ ቃልና ነኽብር” እንትብሎ “ክላ ዓሻ ወርቂ ወይ ገንዘብ እዩ ኣቐሚጡላ ዝኸውን” ይብሎ።

“እሞ እንተሓዘት ኸ?” ብምባል እንትጥምቶ።

“ንኽፈታ” በሎ ብኢዱ ትእዛዝ ብዝመስል ኣዘራርባ።

"እንተይልካ እማ . . . " ኢሉ ዘረብኡ እንተይወድአ ብኢዱ ነታ መኸደን ኣልዕል ኣበላ። ኣገልግል ምስተኸፈተት ኣብ ውሽጢ ዝነበረት ዒፍ ነፈረት። እቶም ኣዕሩኽ "ዝፈሰሰ ዘይሕፈስ ኮይንዎም" ርእሶም ሒዞም ኣእወዩ።



*ዒፍ ካብ ኣገልግል እንትትነፍር*

ጎይትኦም ካብ መርዓ ምስተመለሰ ዝገበሩዎ ኩሉ ስለዘጠዓሶም ብዝርዝር ነገሩዎ። "ዝተለወጥኩም መሲሉኒ ነይሩ። ቀደሙ እውን 'በዓል ኣመልስያ ማይ ሰትዩ ይጠርጥ' እንድዩ ዝበሃል፣ ቃልኩም ኣፍሪስኩም" ብምባል ንኸወፁ ብኢዱ ኣመልከቶም።" ውሳነ ጎይትኦም ብፀጋ ተቐቢሎም ካብ ዝተኣመኑሉ ገዛ እናሓዘኑ ወፅኡ።



*ብኢዱን ፍርዱን ካብ እንዳ ጎይትኦም እንትሰናበቱ*

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ኣብቲ ምንባብ ነዞም ሓሳባት መን ከምዝተዛረቦም ግለፁ።**

1. ብዛዕባ እንታይ ድኣ ተውግዑ ኣለኹም?
2. ንስኻትኩም እንተትኾኑ ኸ?
3. ብፍላይ ንዝኣምነና ኣይምጠለምናን።
4. እታ ኣገልግል ወርቂ ወይ ገንዘብ እያ ሒዛ ትኸውን።
5. ዝተለወጥኩም መሲሉኒ ነይሩ።
6. እንተይልካ እማ . . .

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ጎይትኦም ከመይ ዝበለ ሰብ እዩ?
2. ጎይቶኦም ነቶም ክልተ ኣዕሩኽ እሙናት ምዃኖም ንኸረጋግፅ እንታይ ገይሩ?
3. ካብቶም ክልተ ኣዕሩኽ ተኣማኒ ዝመስል መን እዩ?
4. ብኢዱ እንታይ ኮይኑ ንጎይትኦም ቀልጢፉ መሊሱሉ?
5. እዞም ክልተ ምስላታት ንባህርያት ብኢዱን ፍርዱን ብኸመይ ይገልፁዎም?

   ሀ. ዝፈሰሰ ዘይሕፈስ

   ለ. በዓል ኣመልስያ ማይ ሰትዩ ይጠርጥ

6. ጎይትኦም ኣብ ብኢዱን ፍርዱን ዝወሰዶ ስጉምቲ ምብራር ትኽክል ዶ ነይሩ? ንምንታይ?

**ሐ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ኣማልኡ።**

| ገፀ ባህርያት እቲ ታሪኽ |
|---|
| • ____________<br>• ____________<br>• ____________ |
| መዓበይ እቲ ታሪኽ |
| ኣበይ፡-______________<br>መዓዝ፡-______________ |
| ፍፃመታት እቲ ታሪኽ |
| |
| |
| |
| |

## ሰሙን 2 መዓልቲ 5

# 9. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ቃላት ካብ 'ለ' ናብ 'ሀ' ብተፃራሪ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| 'ሀ' | 'ለ' |
|---|---|
| _____1. ህኩይ | ሀ. ደንጎየ |
| _____2. ሃፍታም | ለ. ሕስረት |
| _____3. ቀልጠፈ | ሐ. ረሰዐ |
| _____4. ሓልዮት | መ. ህርኩት |
| _____5. ክብሪ | ረ. ተሓጒሰ |
| _____6. ዘከረ | ሰ. ሕስዲ |
| _____7. ሓረቐ | ሸ. ድኻ |
| | ቀ. ምግስጋስ |
| | በ. ርኹብ |
| | ተ. ማንዛ |

# 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ኣቦይ ስብሃቱ ዝኣከብኩምዎም ምሉእ ሓሳባት ብዓንቀፅ ቀይርኩም ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ብዙሕ ቁፅሪ ስማት ናብ ንፅል ቁፅሪ ቀይርኩም ፀሓፉ።**

**ኣብነት**

*ስርዓታት → ስርዓት*

1. ኣፅሩኽ
2. ሰላሳታት
3. ህኩያት
4. መሰታታት
5. ቈልዑ
6. ሕብርታት
7. መሓዙት
8. ሰረቕቲ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ብዛዕባ ብኢዱን ፍርዱን እትዝክሩዎ ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

"ብኢዱን ፍርዱን" ንዝብል ምንባብ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 12. ዝርርብ

ባህርያት ብኢዱ፣ ፍርዱን ጎይትኦምን ኣብ ጉጅለኹም ብምዝርራብ ፀሚቕኩም ኣቕርቡ።

## 13. ሰዋስው

### ተባዕታይን ኣንስታይን ስማት

| ተባዕታይ | ኣንስታይ |
| --- | --- |
| ኣቦ፣ ብዕራይ፣ ተስታይ፣ ዲበላ፣ ሓሞ፣ ወዲ | ድዓኛ፣ ሓትኖ፣ ላሕሚ፣ ንዕልቲ፣ ሓማት፣ ጓል |

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኣብዝሓ ስማት ብተፈጥሮ ተባዕታይን ኣንስታይን ፆታ ይፈልዩ እዮም። ከምዚኦም ዝበሉ ስማት ዝኾነ ጥብቆ እንተይተወሰኾም ፆታ ዘመልክቱ እዮም።

**ሀ. ኣብ ታሕቲ ንዘለዉ ስማት ተባዕታይ ወይ ኣንስታይ ብምባል ሓብሩ።**

**ኣብነት፡-**

1. *ሓው ኣቦ - ተባዕታይ*
2. *እንበይተይ - ኣንስታይ*

| | | | |
|---|---|---|---|
| ኩኩናይ | ዋዕሮ | ዘማ | ሓፍቲ |
| ሓየት | ጎርዞ | ሓትኖ | ጎይታይ |
| ኮበል | ኣርሒዶ | መርዓዊ | ዝራብዕ |
| ዓርሒ | ሓው | ኣዶ | ኣኮ |

| ተባዕታይ | ኣንስታይ |
|---|---|
| | |

## ሰሙናዊ ርእሲ ፅልዋ መሓዛ

### ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እን- ት- ፃወት -ኡ
2. እት- ክእል -ኦ
3. ክት - ሓንቅ -ኣ -ኒ
4. እንተ- ርእይ -ኣ -ትኒ
5. ኣ- ትቢፅ -ኣ -ዮም
6. ዝ- ኮን -ኩ -ዎ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት ኣብ ጉጅለኹም ዘትዩ።**

1. ፅልዋ መሓዛ እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብቲ ምንባብ ንዘለዉ ክልተ ስእልታት ርኣዩዎም። ኣብዚ ፅሑፍ እንታይ ዓይነት ፅልዋ መሓዛ ክህሉ ትፅበዩ?

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ራህዋ ክሳብ ክንደይ ክፍሊ ትበፅሕ ሓፋር ነይራ?

2. ካልኣይቲ መሓዛ ራህዋ መን ትበሃል?

3. ራህዋ ንኽነፍዑ ዝፀለወቶም እንመን እዮም?

# ፅልዋ መሓዛ

ራህዋ መኮነን እበሃል። ንፍዕቲ ተምሃሪት ሓምሻይ ክፍሊ እየ። ሳልሳይ ክፍሊ ክሳብ ዝበፅሕ ሓፋር ነይረ። ደቂ ክፍለይ ከም ልቦም እንትፃወቱ ከፍ ኢለ እርእዮም። መምህራነይ እንትሓቱኒ እናፈለጥኩን እናኽኣልኩን ብሕፍረትን ብእንታይ ይብሉንን ሱቕ እብል።

ካብ ኣፀደ ህፃናት ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ዝቀራረባ ኤደን ትበሃል ሓፋር መሓዛ ነይራትኒ። “ኣነ ዝበልኩኺ ግበሪ” ዝብል ገታር ባህርይ ነይሩዋ። ኩሎም እትደልዮም ንኽገብር እናፈራረሐት ተገድደኒ ነይራ። ሕቶ ንኽምልስ ኢደይ እንተውፅእ “ግደፊ ሱቕ በሊ”፣ ክፃወት ምስቄልዑ እንትሕወስ ደጋጊማ “ግደፊ ኮፍ በሊ” ብምባል ብኽዳነይ ትሕዘኒ። “ንምንታይ ዘይንፃወት” እንተበልኩዋ ግደፊ ጥራሕ ትብለኒ ነይራ። ኩነታት ኤደን የመና ፀልዩኒ ቀስ ብቐስ ሓፋር ክኸውን ጀሚረ። እናደለኹ ሱቕ ምባል ምስበዝሐ ባህሪ ኤደን ወሪሰ ሓፋር ኮይነ።



*ራህዋ ብእንታይ ክብሉኒ ካብ ፀወታ ርሒቓ*

*ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ምስ ኤደን ተፈላሊና። ወለዳ ብስራሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ ስለዝተቐየሩ ሒዞምዋ ከይዶም። ብድሕሪኣ ምስ ኣስኳል ተቐራሪበ ምሕዝነት ጀሚረ። ኣስኳል ብትምህርታ ንፍዕቲ፣ ሰሓቒት፣ ተፃዋቲትን ደፋርን ነይራ። ምስ ኣወዳት ኩዕሶ እግሪ ትፃወት። እትኽእሎን እትፈልጦን ንምትግባር ሰጋእ ኣይትብልን። “ተምሃራይ ዝኽእሎን ዝደልዮን ክገብር ኣለዎ።” ዝበል ቀዋም ነይርዋ። ንዓይ እውን “ተፃወቲ፣ ኣይትሕፈሪ” እናበለት ክተተባብዐንን ኢደይ ሒዛ ክትወስደንን ጀሚራ።*

*ኣስኳል ክስከፍን ድሕር ክብልን እንተርእያትኒ ከም ነብሪ ሕኒን ኢላ ክተሓንቀኒ ትብል። “ኀል ስለዝኾንኪ ዲኺ ትሓፍሪ” እናበለት ትፀርፈኒ። ድሕሪኡ ብሰንኪ ኤደን ዝለመድኩዎ ሕፍረት ቀስ ብቐስ ከጥፍኦ ጀሚረ። ሐዚ እማ መን ከማይ። ኣብ ትምህርተይ ንጥፍትን ደፋርን ኮይነ። ብመምህራን ዝወሃቡ ንጥፈታት ቀዲምካ ብምምላስ ዝወዳደረኒ ሰኣንኩ። ዘይተረድኣኒ ብዘይምስካፍ እሓትት። ብናፅነት ሓሳበይ እገልፅ።*



*ራህዋ ምስ ደቂ ክፍላ እንትትፃወት*

መምህራነይ ብዘምፃእኹዎ ለውጢ ተሓጐሱ። “ካበይ ዝመፀ እዩ?” እናበሉ ድማ ሓተቱኒ። ኣስኳል መርኣያ ከምዝኾነትኒ ብኹርዓት ገለፅኩሎም። ብርግፅ ድፍረትን ንጥፈትን ኣስኳል ኣብ ውሽጠይ ዝነበረ ዓቕሚ ከውፅእ ኣተባቢዑኒ እዩ። ናይ ኣስኳል ፅልዋ ሐዚ ኮይነ እንትሓስቦ ባህረይ ንምቕያር ከምዝሓገዘኒ እርዳእ።

ኣብ ቁልዕነት ፅልዋ መሓዛ ቀሊል ከምዘይኮነ ፈለጥኩ። ኣነ ባዕለይ ፈለማ ብኤደን ቀፂሉ ብኣስኳል ዝኾንኩዎም ተማሂረሎም እየ። ሰነፍ መሓዛ ንንፋዕ ከስንፎ፣ ንፋዕ ድማ ንሰነፍ ከንፍዖ ይኽእል። ካብ ተመኩሮይ ተበጊሰ ዝሓፍሩን ዝፈርሑን መሓዙተይ ብምቅርራብ እናመኸርኩ ኣትቢዐዮም። ገብረን ዘምዘምን ኣይዞኹም እናበልኩ ንኽነፍው ፀልየዮም። ርእሰኻ ኣድኒንካ ሱቕ ካብ ምባል ሕቶ እንትሕተት ንምምላስ ናብ ምቅድዳም ተሰጋጊሮም። ሐዚ ተፋቒርና እንትንምሃር ጥምረትናን ምድግጋፍናን ንዝርእይ ዘቕንእ እዩ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ብምምራፅ መልሱ።**

1. ራህዋ ተምሃሪት ክንደይ ክፍሊ እያ?

   ሀ. ሳልሳይ　　　　ለ. ኣፀደ ህፃናት

   ሐ. ሓምሻይ　　　　መ. ሻድሻይ

2. ራህዋ ንኽይትዛረብ ዝፀለወታ መን ትበሃል?

   ሀ. ኣስኳል　　ለ. ኤደን　　ሐ. ዘምዘም　　መ. ገብረ

3. እቶም መምህራን ብኹነታት ራህዋ ምስተሓጎሱ እንታይ ኢሎምዋ?

   ሀ. ግደፊ ሱቕ በሊ　　　　ለ. ንምንታይ ዘይትፃወቲ

   ሐ. ካበይ ዝመፀ እዩ　　　　መ. ተፃወቲ ኣይትሕፈሪ

4. ራህዋ ኣብ መን እወንታዊ ፅልዋ ኣሕዲራ?

   ሀ. ኣብ ገብረ　　　　ለ. ኣብ መምህራና

   ሐ. ኣብ ኤደን　　　　መ. ኣብ ኣስኳል

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ራህዋ ከም ልባ ንኽይትፃወት ዝገበረ እንታይ እዩ?
2. ራህዋን ኤደንን ብኽመይ ተፈላልየን?
3. “ኣስኳል ክስከፍን ድሕር ክብልን እንተርእያትኒ ከም ነብሪ ሕኒን ብምባል…” ዝብል እንታይ ይገልፅ?
4. ካብ ተመኩሮ ራህዋ እንታይ ትምህርቲ ይርከብ?

**ሐ. ፍፃመታት “ፅልዋ መሓዛ” ዝብል ዛንታ ብቕደም ሰዓብ መጀመርታ፣ ማእኸልን መወዳእታን ብምባል ኣብዚ ሰደቓ ግለፁ።**

| መጀመርታ | ማእኸል | መወዳእታ |
|---|---|---|
| | | |

## ሰሙን 3 መዓልቲ 8

# 16. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ቃላት ካብ "ለ" ናብ "ሀ" ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ______1. ዓርኪ | ሀ. በዓል ፀጋ |
| ______2. ሓሪቑ | ለ. ሰነያ |
| ______3. ሃፍታም | ሐ. ፃዕራም |
| ______4. ፍቕሪ | መ. ተናዲዱ |
| ______5. ሀርኩት | ረ. መሓዛ |
| ______6. ጀመረ | ሰ. ለወጠ |
| ______7. ቀየረ | ሸ. ፈለመ |
| ______8. ደገፈ | ቀ. ፀላኢ |
| | በ. መሰለ |
| | ተ. ፈረሰ |
| | ቸ. ሓገዘ |

# 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንኣቦይ ስብሃቱ ይገልፁ ብምባል ዝፀሓፍኩምዎም ምሉእ ሓሳባት ኣፅፊፍኩም ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ቃላት ቁፅሮም (ነፀላ ወይ ብዙሕ) ብምቕያር እንደገና ፀሓፉ።**

| | | |
|---|---|---|
| 1. ንፍዕቲ | 4. ኣወዳት | 7. ኣእዳው |
| 2. መምህራን | 5. ባህርይ | 8. ተምሃሪት |
| 3. ዒፍ | 6. ዓይኒ | |

## ሰሙን 3 መዓልቲ 9

# 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ መልእኽቲ "ፅልዋ መሓዛ" ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?**

### ንባብ ናህሪ

**"ፅልዋ መሓዛ" ካብ ዝብል ምንባብ ንዝወሃበኩም ክፋል ብናህሪ ኣንብቡ።**

# 19. ዝርርብ


**"ፅልዋ መሓዛ" ኣብ ዝብል ምንባብ ራህዋ ምስ መሓዙታ ዝነበራ ርክብ ኣመልኪትኩም ተዘራረቡ።**

# 20. ሰዋስው

### ስም ሓባርን ስም ውልቀን

**ነዞም ቃላት ስም ውልቀ ወይ ስም ሓባር ብምባል ፍለዩ።**

| ስም | ዓይነት | ስም | ዓይነት | ስም | ዓይነት | ስም | ዓይነት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ጎይቶኦም | | ዘምዘም | | እንስሳ | | ተባዕታይ | |
| ከፍቲ | | ፅሕዲ | | ከዲር | | ዛህራ | |
| ኣንስቲ | | ሓጐስ | | ተኽሊ | | ክብሮም | |
| ተምሃሮ | | ላሕሚ | | ኣስኳል | | ኤደን | |



# 2

# ከባቢና

## ሰሙናዊ ርእሲ ብኽለት ማይ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፡-** *ብ- ቀጥታ -ኣዊ → ብቀጥታዊ*

1. እንተ- ረስሕ -ኡ
2. ተ- ሓቢእ -ኦም
3. ይ- ድምር -ኦም
4. እንተ- ብፅሕ -ኦ
5. ተ- ፈጥር -ኦ -ኣዊ
6. ን- ከይ- ንክይ -ኡ
7. እና- ተሸከም -ኦ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ንባብ ምጅማርኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡ።

   "ማያዊ ኣካላት፣ ርስሓት፣ ተገዳስነት፣ ብኽለት፣ ተፈጥሮኣዊ ማይ፣ ፍጡራት፣ ጕሓፍ፣ ብዙሃ ህይወት"

2. "ብኽለት ማይ" ንዝብል ፅሑፍ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት ተዘራረቡ።

   - "ተበኪሉ" እንታይ ማለት እዩ?
   - ብኽለት ካብ ዝፈጥሩ ነገራት እንታይ እንታይ ትፈልጡ?

***እዋን ንባብ***

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ማይ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘለዎ ________ ሃፍቲ እዩ።
2. ሰብ ብዘይ ________ ምንባር ኣይኽእልን።
3. ብምብካል ማይ ብቐጥታ ዝጉድኡ ________ን ፍጡራትን እዮም።
4. ክልተ ኣብነታት ማያዊ ኣካላት ________ን ________ን እዮም።

# ብኽለት ማይ

ማይ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዝህብ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ እዩ። ካብ ረብሓታቱ ህይወታውያን ንኽነብሩ ዝህቦ ጥቕሚ ብቐዳምነት ይጥቀስ። እዚ ረብሓ ንኽቕፅል ንማይ ብኣግባቡ ምጥቃምን ምክንኻንን የድሊ። ይኹን እምበር ከም ሩባታት፣ ዒላታትን ቃላያትን ዝበሉ ማያዊ ኣካላት ብሰንኪ ሰባት እንትረስሑ ይርኣዩ። እቲ ርስሓት ነቲ ማይ ይብክሎ። ማይ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክብከል ይኽእል።


ብሰንኪ ተገዳስነት ዘይምህላው ርስሓት ናብ ማያዊ ኣካላት እንትድርበ ብኽለት ማይ የምፅእ። ናብ ማይ ዝሕወስ ርስሓት ጕዳእነቱ ዝለዓለ እዩ። ማይ እንትብከል ሰብን እንስሳን ንሕማምን ሞትን ንኽቃልዑ ምኽንያት ይኸውን።

ሓድሓደ ፋብሪካታት ብቐጥታ ማይ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ምህርቲ የፍርዩ። እቶም ትካላት ብዙሓት ስራሕቲ ንምስላጥ ማይ ይጥቀሙ። ኣብቶም ፋብሪካታት ብዙሕ ስራሕቲ ዘሳለጠ ማይ ርስሓት ክእክብ ይኽእል። እዚ ማይ እንትይተፃረየ ናብ ሩባታት ዝስደደሎም ኣጋጣምታት ኣለዉ። እቲ ዝስደድ ማይ ዘዋህለሎም ዘየድልዩ ዓውደ ኣካላት ናብ ፅሩይ ማይ ይሓውሶም። እዞም ዓውደ ኣካላት መፋጥርቲ እቲ ማይ ስለዘይኮኑ ነቲ ፅሩይ ማይ ይብክሉዎ።



*ፋብሪካታት ብዘይ ተገዳስነት ማይ እንትብክሉ*

ብተወሳኺ፣ ውልቀ ሰባት እውን ኣብ ምርሳሕ ማይ ይሳተፉ እዮም። ሰባት ኣብ ገዛውቶምን ኣብ ትካሎምን ንዝፍጠር ርስሓት ንምፅራይ ማይ ይጥቀሙ። እንተኾነ ግና ነቲ ዝተጠቐሙሉ ማይ ብዘይ ተገዳስነት ናብ ወሓዚ ማይ ዝደፍኡ ኣለዉ። እዚ ተግባር ድማ መንቀሊ ብኽለት ማይ ይኸውን።



*ማይ ብሽንትን ብጕሓፍን እንትብከል*

ማይ እንትብከል ብቐጻምነት ኣብቲ ማይ ዝርከቡ ተኽልታትን ፍጡራትን ይጉድኡ። ብምቕፃል ብዝሃ ህይወት እቲ ከባቢ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ።

ማይ ብኻሊእ መንገዲ እውን ይብከል እዩ። ማይ ካብ ዝብክሉ ካልኦት ነገራት ኣብ ከባቢና ዝእከቡ ዝተፈላለዩ ጕሓፋት ብቐጻምነት ይጥቀሱ። ሓያል ንፋስ ጕሓፍ እናተሸከመ ናብ ማያዊ ኣካላት እንትብፅሖ ብኽለት ማይ ይፍጠር። ካልኣይ ድማ ወሓዚ ማይ ኣብ ዝኸደሉ ከባቢ ዝውህለል ርስሓት ምስ ማይ እንትሕወስ ዝመፅእ እዩ። ማይ ዝሓልፈሎም ቱቦታት እንትምርቱ እውን ማይ ይብክሉ እዮ። ብተወሳኺ ብሰንኪ ሓያል ዝናብ ዝመፅእ ውሕጅ ዝእክቦ ርስሓት ማይ ይብከል።

በዞም ዝተገለፁ መንገድታት ዝተበከለ ማይ ኣብ ተጠቀምቲ ጉድኣት የስዕብ። ካብዚ ዝተልዓለ ኣብ ውሽጥን ከባብን እቲ ዝተበከለ ማይ ዝነብሩ ህይወታውያን ኩሎም ጥዕንኦም ይዛባዕ። ኣደዳ ተላበድቲ ሕማማትን ሞትን እውን ይኾኑ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ ሓሳብ "ልክዕ"፤ ትኽክል ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ማይ እንትረስሕ ተበኪሉ ይበሃል።
2. ማይ ካብ ፋብሪካታት ብዝወፁ ዓውደ ኣካላት ኣይብከልን።
3. ሰብ ማይ ክብክል ካብ ዝገብሩ ኣካላት ከም ኣብነት ይጥቀስ።
4. ውሕጅ ንብኽለት ማይ ምኽንያት እዩ።
5. ማይ ዝሓልፈሎም ቱቦታት ንማይ ይብክሉ እዮም።

**ለ. ኣብቲ ምንባብ ዝተወሃቡ ስእልታት ዝገልፁዎም ኣርባዕተ ሓቅታት ግለፁ።**

**ሐ. ማይ በዞም ዝስዕቡ ኣካላት እንትብከል ዝገልፅ ብምኽንያትን ውፅኢትን ዝተዋደደ ዓንቀፅ በብ ጉጅለኹም ፀሓፉ።**

1. ፋብሪካታት
2. ሰባት

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት


**በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ተፈጥሮኣዊ 2. ህዋሳት 3. ጐሓፍ 4. ተገዳስነት 5. ብኽለት

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**"ብኽለት ማይ" ኣብ ዝብል ምንባብ ዝተወሃቡ ምኽንያታት ምብካል ማይ መሰረት ብምግባር ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ምልኡ።**




### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ጉጅለ "ሀ" ዘለዉ ቃላት ኣብ ጉጅለ "ለ" ምስ ዘለዉ ኣሃዛት ብተመሳሳሊ ኣዛምዱ።**

| <u>ሀ</u> | <u>ለ</u> |
|---|---|
| 1. ሓምሻይ | ሀ. 9 |
| 2. ሻድሻይ | ለ. 6ይ |
| 3. ሻምናይ | ሐ. 7ተ |
| 4. ታሽዓይ | መ. 5ይ |
| 5. ሻውዓይ | ሰ. 7ይ |
| | ረ. 9ይ |
| | ሸ. 9ተ |
| | ቀ. 6 |
| | በ. 8ይ |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ መልእኽቲ "ብኽለት ማይ" ዝብል ምንባብ ብምዝካር ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"ብኽለት ማይ" ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፅ ሓደ ብምልከት ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ብኽለት ኣየር



*ብጉድለት ጥንቃቐ ፋብሪካን መኪናን ንኣየር ከባቢ እንትብክሉ*

### ቅድመ ምድማፅ

**ብዛዕባ "ብኽለት ኣየር" ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣየር ንምንታይ ይጠቅም?
2. ኣየር ብኸመይ ይብከል?
3. ኣየር ንኸይብከል እንታይ ክግበር ይግባእ?
4. ካብዚ ምስሊ እንታይ ተዓዚብኩም?

## እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም መምህርኩም ንዝሓትኹም ሕቶታት መልሱ።**

## ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. እዞም ዝስዕቡ ኣየር ዝብክልሉ መንገድታት በብጉጅለኹም ብምዝታይ ብቓል ኣቕርቡ።**

1. ፋብሪካታት
2. ተሽከርከርቲ
3. ምግፋሕ ግራት
4. ስራሕቲ ዕትሮ፣ ጀበናን ፃሕልን

**ለ. ትሕዝቶ እቲ ስእሊ ምስ ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ብኸመይ ከም ዝተሓሓዝ ብሓደ ዓንቀፅ ብፅሑፍ ግለፁ።**

# 7. ሰዋስው

### መጠናውን ደረጃውን ቁፅርታት

ክልተ ዓይነት ቁፅርታት ኣለዉ።

1. **መጠናዊ ቁፅሪ፡-** እዚ ዓይነት ቁፅሪ በዝሒ ዝኾነ ነገር ይገልፅ። ክንደይ? ኢልና ሓቲትና እንረኽቦ ቁፅሪ ዘመልክት እዩ። ሓደ (1)፣ ክልተ (2)፣ ሰለስተ (3)፣ ወዘተ መጠናዊ ቁፅሪ ይበሃሉ።
2. **ደረጃዊ ቁፅሪ፡-** ነገራት ዝሓዙዎ ሪጋ ወይ ዝርከብሉ ብርኪ ዘመልክት እዩ። ቀዳማይ (1ይ)፣ ካልኣይ (2ይ)፣ ሳልሳይ (3ይ)፣ መበል ዓሰርተ ሓደ (መበል 11)፣ ወዘተ ደረጃዊ ቁፅሪታት እዮም።

| መጠናዊ ቁፅሪ (ክንደይ) | ደረጃዊ ቁፅሪ (መበል ክንደይ) |
|---|---|
| 1፣ 2፣ 5፣ 10፣ 11፣ ወዘተ | 1ይ፣ 2ይ፣ 5ይ፣ 10ይ፣ መበል 11 ወዘተ |

**ሀ. ነዞም ዝተሰመረሎም ቁፅርታት መጠናዊ ወይ ደረጃዊ ብምባል ፍለዩ።**

**ኣብነት**

*ሀ. ሓደ ሰብ (መጠናዊ ቁፅሪ)*

*ለ. ሓምሻይ ሰሙን (ደረጃዊ ቁፅሪ)*

1. ሸሞንተ ተምሃሮ ማይ ብምርሳሕ ተነቒፎም።
2. ለታይ ማይ ብምክንኻን ቀዳመይቲ እያ።
3. ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ እንታይ ተማሂርኩም?
4. ኣብ መበል ዒስራን ሓደን ክፍለ ዘበን ብኽለት ማይ ንምንካይ ይስራሕ ኣሎ።
5. ሎሚ ዘበን 20 ተምሃሮ ብምክንኻን ማይ ተሸሊሞም።


**ለ. ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ንዝርከቡ ቁፅርታት መጠናዊ ወይ ደረጃዊ ብምባል ፍለዩ።**

1. ሓሙሽተ ተምሃሮ ማይ ብኸመይ ከም ዝብከል ገሊፆም።
2. ሰናይ ብዛዕባ ምብካል ማይ ሓደ ዓንቀፅ ፅሒፉ።
3. ኣብ 7ይ ምዕራፍ እንታይ ተማሂርኩም?
4. ብምክንኻን ማይ ኣብ መበል 11 ዝተሰርዐ መን እዩ?
5. ሓምሳ ተምሃሮ ኣጠቓቕማ ማይ ንኽግምግሙ ተመሪፆም።

# 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

## ቅድመ ንባብ

**ብመሰረት ብመምህርኩም ዝወሃበኩም ሓበሬታ ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ዛዝሙ።**




## እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ጕሓፍ ካብ ገዛና፣ _______ ን _______ ን ዝድርበይ ነገር እዩ።
2. ጕሓፍ ብኽልተ መንገድታት ይፍጠር። ንሳቶም እውን _______ን_______ን ይበሃሉ።
3. ጕሓፍ ሕማማት ዘመሓላልፉን ዘምፅኡን _______ ይፈጥር።
4. ምትሓት ግንዛበን _______ን ኣብ ኣተኣላልያ ጕሓፍ ፍልፍል ሕማማት እዮም።

# ጐሓፍ

ጐሓፍ ካብ ገዛና፣ እንሰርሐሉ ቦታን ፋብሪካታትን ዝድርበይ ዘይድለ ነገር እዩ። ዝኣረጉ፣ ዘይንጥቀመሎምን ዝተበላሸውን ነገራት ጐሓፍ ብምባል ንስንድዎም። ጐሓፍ ብመልክዕ ደረቕ ወይ ፈሳሲ ክፍጠር ይኽእል። ጐሓፍ ፈቖድኡ ክንድርብዮ ወይ ኣብ ሓደ ነዋህልሎ። ዝኾነ ዓይነት ጐሓፍ ግና ብጥንቃቐ ክእለይ ኣለዎ። ጥንቃቐ እንትውሕድ ኣባናን ኣብ ከባብናን ጉድኣት የስዕብ።



ፈቖድኡ ዝጐሓፍ ነገር ሕማቕ ጨና ይፈጥር

ሰባት ንባዕልናን ገዛናን ምፅራይ ንፈቱ። ዘይጠቕሙ ነገራት ድማ እናውፃእና ንድርብይ። ገዛናን መረባናን እንትነፅሪ እንረኽቦ ጐሓፍ ገሊና ብጥንቃቐ ንእክቦ። ካልኦትና ድማ ሸለል ብምባል ፈቖዶ ንብትኖ። እዚ ልምዲ ከባቢ ዘርስሕ እዩ። ከባቢ እንትረስሕ ዝተፈላለዩ ፀገማት ይፈጥር። እቲ ከባቢ ሕማቕ ጨና ስለዝህሉዎ ንፀልኦ። ብተወሳኺ፣ ንጥዕናና ኣብ ሓደጋ የውድቖ። ጐሓፍ ኣብ ዝድርብየሉ ከባቢ ሕማማት ዘምፅኡን ዘመሓላልፉን ህዋሳት ይፍጠሩ። እዚኦም ግቡእ ጥንቃቐ ካብ ዘይምግባርና ዝብገሱ እዮም።

ኣብ እንሰርሐሎም ቦታታት ብዙሓት ዘየድልዩ ነገራት ይፍጠሩ እዮም። ነዚኦም እንትንኣሊ ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና። እቶም እንድርብዮም ንኻልኦት ንኸየርስሑ ክንሓልይ ይግባእ። ካብ ስራሕና ጐሓፍ ብዘይ ምግዳስ እንድርበየሎም ኩነታት ኣለዉ። እዚኦም ድማ ከባቢ ንምብልሻው ምኽንያት ይኾኑ። ንሕማማት መበገሲ ዝኾኑ ህዋሳት ይፈጥሩ። ውፅኢቱ ድማ ንዝተፈላለዩ ተላበድቲ ሕማማት የሳጥሓና።

ፋብሪካታት ዝተፈላለዩ ምህርቲ ብምፍራይ ናብራና ይድግፉ። ፋብሪካታት ምህርቲ ንምፍራይ ጥረ ኣቕሑ ይጥቀሙ። ኣብ ከይዲ ምፍራይ ካብቶም ጥረ ኣቕሑ ተረፍ መረፍ ምህርቲ ዝኾኑ ነገራት በብእዋኑ ይፍጠሩ። እዚኣቶም ከም ጐሓፍ ስለዝሕሰቡ ንኽእለዩ ይፍለዩን ብዘይ ጥንቃቐ ናብ ከባቢ ይድርበዩን። በዚ ምኽንያት ንምርሳሕ እቲ ከባቢ መንቀሊ ይኾኑ። ካብ ፋብሪካታት ዝወፅእ ጐሓፍ ኣብቲ ከባቢ ዘየድልዩ

ነገራት ክእከቡ ይገብር። በዚ ድማ እቲ ከባቢ ንዝተፈላለዩ ጕዳእቲ ህዋሳት ፍልፍል ይኸውን። ኣብቲ ከባቢ ንእንነብር ድማ ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዐና። እዚ ሓደጋ ካብ ምትሓት ግንዛበን ጥንቃቐን ኣተኣላልያ ጐሓፍ ይመፅእ።

ኣብ እንነብረሉን እንሰርሓሉን ከባቢ ዝፍጠር ጐሓፍ እንትእለይ ብጥንቃቐ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ኣተኣላልያ ጐሓፍ ሓላፍነት ክስምዐና ይግባእ። ከባቢና ብጐሓፍ ከይበላሾ ክንግደስ ኣለና። እዚ ብሰንኪ ጐሓፍ ጐዳእቲ ሕማማት ንኸይልዓሉን ወትሩ ጥዑያት ክንከውንን ይሕግዘና።

*(መበገሲ ፅሑፍ፡- መርሃ ግብሪ ትምህርቲ ሓለዋን ክንክን ከባቢ፣ 2004 ዓ.ም.)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ “ልክዕ”፣ ትኽክል ንዘይኮነ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።**

1. ጐሓፍ ፈቖድኡ ክድርበይ የብሉን።
2. ጐሓፍ ኣብ ገዛና፣ እንሰርሓሉ ቦታን ፋብሪካታትን ይርከብ።
3. ተረፍ መረፍ ምህርቲ ፋብሪካ ኣይበሃልን።
4. ጐሓፍ ፍልፍል ተላበድቲ ሕማማት እዩ።
5. ጐሓፍ ፈቖድኡ ተዋህሊሉ ክቕመጥ ኣለዎ።

**ለ. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ጐሓፍ ዝፍጠረሉም መንገድታት ብቓልኩም ግለፁ።**

**ሐ. ኣተኣላልያ ጐሓፍ ከባቢኹም ዝገልፁ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ንሕድሕድ ገለፃ ዝትክእ ቃል "ጕሓፍ" ካብ ዝብል ምንባብ ኣውፅኡ።**

***ኣብነት፦***

*ኣብ ዝተፈላለዩ ማያዊ ኣካላት ጕሓፍ ምፍሳስ*


*(ናይዚ መልሲ "ብኽለት ማይ" ዝብል እዩ)*

1. ተኸስቲና ዝተደርበየ ወይ ዝተኣከበ ተረፍ መረፍን ርስሓትን
2. በብ ዓይነቱ መሳርሕታት ዝሓዘ ዝተፈላለዩ ፍርያት ዝዳለወሉ
3. ሕማቕ ወይ ፅቡቕ ዝሸትት ነገር
4. ካብ ሕሙም ናብ ጥዑይ ሰብ ዝመሓላለፍ

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ንምፍጣር ብኽለት ማይ ምኽንያታት ዝበልኩምዎም ሓሳባት ኣብዚ ሰደቓ ብምውዳድ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**




### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ደረጃዊ ቁፅርታት ብፊደል ፀሓፉ።**

***ኣብነት፦***

*1ይ = ቀዳማይ*

1. 5ይ
2. 6ይ
3. 7ይ
4. 8ይ
5. 9ይ
6. 10ይ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

# 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ጕሓፍ" ካብ ዝብል ምንባብ ትዝክሩዎ ትሕዝቶ ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገላልፃ

**ብመምህርኩም ብዝውሃበኩም መምርሒ መሰረት "ጕሓፍ" ንዝብል ፅሑፍ ብኣገላልፃ ኣንብቡ።**

# 12. ዝርርብ

**ኣብ "ጕሓፍ" ዝብል ምንባብ ዝተለዓሉ ቀንዲ ሓሳባት ብምዝርራብ ብደረጃውን መጠናውን ቁፅርታት ፀሚቕኩም ብቓል ኣቕርቡ።**

# 13. ሰዋስው

### ደረጃውን መጠናውን ቁፅርታት

**ሀ. ብመሰረት እዚ ሰደቓ ነቶም ሓሳባት ምልኡ።**

| ሪጋ | ስም | ቁመት (ብሜትር) | ክብደት (ብኪሎ) |
|---|---|---|---|
| 1. | ትርሓስ | 1.45 | 40 |
| 2. | ሰዓዳ | 1.37 | 32 |
| 3. | ገብረ | 1.50 | 31 |
| 4. | ፀደይ | 1.39 | 28 |
| 5. | መሓመድ | 1.65 | 30 |

***ኣብነት፡- ሀ. ትርሓስ ካብቶም ተምሃሮ ብቑመት ሳልሰይቲ እያ።***

***ለ. ሰዓዳ ካብቶም ተምሃሮ ብኽብደት ካልአይቲ እያ።***

1. መሓመድ ብኽብደት __________እዩ።
2. ገብረ ብቑመት ____________ እዩ።
3. ትርሓስ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ብቑመታ ______እያ።
4. ፀደይ ብቑመት_____እንትትኸውን ብኽብደታ ድማ_____ትስራዕ።
5. ትርሓስ ብኽብደት_________እያ።

**ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንዘለዉ ደረጃዊ ቁፅርታት ብፊደላት ብምትካእ ነቲ ዓንቀፅ ደጊምኩም ፀሓፉ።**

ኣነን ኣበባን ኣብ 4ይ ክፍሊ ሓቢርና ንመሃር ነይርና። ኣበባ 8ይ፣ ኣነ ድማ 10ይ ደረጃ ረኺብና። ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ 5ይ ክፍሊ ክልቴና 1ይ ንምውፃእ በርቲዕና ነፅንዕ ኣለና።

# ሰሙናዊ ርእሲ ክንክን ከባቢ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር


**ነዞም ዝስዕቡ ብምጥማር ኣንብቡ።**

1. ቆሪፅ -ና -ዮም
2. እንተ- በሪስ -ኦም
3. ክ- ን- ርብሕ -አ -ሎም
4. እንተ- ዘይ- ሓሊው -ና
5. ስለ- ዝ- መልስ -ኡ
6. ኣ- ስዒብ -ኡ -ልና

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ብመምህርኩም ብዝወሃበኩም መምርሒ መሰረት ነዚ ዝስዕብ ስእላዊ መዋደዲ ኣማልኡ።**




### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ከባብያዊ ሃብቲ እንታይ ማለት እዩ? (ዓንቀፅ 1)
2. ውልቃዊ ድልየትና ንምምላእ እንትንፅዐር ክነማልኦ ዝግብኣና ነገር እንታይ እዩ? (ዓንቀፅ 1)
3. ሳዕቤናት ብርሰት ኣግራብ ዝበሃሉ እንታይን እንታይን እዮም? (ዓንቀፃት 3፣ 4)

# ክንክን ኣግራብ

ከባቢና ብተፈጥሮ ብዙሓት ጠቐምቲ ነገራት ዝሓዘ እዩ። እዚኣቶም ከባብያዊ ሃብቲ ይበሃሉ። ካብዞም ፍርያት ተፈጥሮ ድማ ነቶም ዘድልዩና እናሓረና ክንርብሖሎም ንጅምር። ካብዚኦም ከከም ኩነታቱ ድልየትና እነማልኦሎም ፍርያት ይርከቡ። እንስርሖ ስራሕ ግና ንሓለዋ ከባቢ ክፃባእ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ንሃብቲ ከባቢና እንተተገዲስና ኣብ ካልኦት እዋናት ክንረኽቦም ንኽእል። እንተዘይሓሊናውና ግና ንካልኦት ፀገማት የቃልዑና እዮም።

ኣግራብ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘለዎም ሃብቲ ከባቢና እዮም። ውልቃዊ ድልየትና ንምምላእ ኣግራብ ንጥቅም። ኣግራብ ውልቃዊ ድልየትና ንኽነማልእ ብዘይ ሓልዮት እንተቆሪፅናዮም ይበርሱ። ብርሰት ኣግራብ ድማ ኣብ ባዕልትናን ከባቢናን ዝተፈላለዩ ፅዕንቶታት ይፈጥር።



*ኣእዋም ብዘይ ንሕስያ እንትቑረፁ*

ብብርሰት ኣግራብ ካብ ዝፍጠሩ ፅዕንቶታት ቀዳማይ ምዝባዕ ከባቢ ኣየር ይጥቀስ። ኣግራብ ንዝተበከለ ኣየር ብምስሓብ ኣፃርዮም ስለዝመልሱ ንምስትኽኻል ሚዛን ከባቢ ኣየር ኣድለይቲ እዮም። እንተበሪሶም ግና ሚዛን ኣየር ከባቢ ምሕላው ዘይክኣል ይኸውን። እዚ ድማ ምስ ምዝባዕ ከባቢ ኣየር ዝተሓሓዙ ፀገማት ንኽፍጠሩ መንቀሊ ይኸውን። ካብዚ ዝተልዓለ፣ እቲ ብነፃ እንረኽቦ ፅሩይ ኣየር ኣብ ከባቢና ይስሕው። እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ምስትንፋስ የሳጥሕ። እዞም ጥዕናዊ ፀገማት ብናትና ሕመቕ ዝመፁ እዮም። ኣብ ምክንኻን ከባቢ ሰኒፍና ንኣግራብ ብዘይ ሓልዮት እነብርስ ባዕልትና ኢና።

እቲ ካልኣይ ፅዕንቶ ምስ ምንካይ ልሙዕነት ሓመድ ይተሓሓዝ። ኣግራብ ሰራውሮም ናብ ውሽጢ መሬት እንትዘልቕ ሓመድ ሓቑፎም ይሕዙ። ሓመድ ብሓያል ዝናብን ንፋስን ንኸይብሕጎግ ምስ ዛላታት ተሓጋጊዞም ይከላኸሉ። ኣግራብ ንባዕልና ብዘይ ኣግባብ ክንጥቀም ልዕሊ ዓቐን እንትቆሪፅናዮም ግና መሬት ሓላዊ ትስእን። በብእዋኑ ብሓያል ዝናብን ንፋስን እቲ ላዕለዋይ ልሙዕ ሓመድ ይጉሕጓሕ። በዚ ድማ ሕፅረት ምግቢ የስዕብ። በዚ ዝተለዓለ ሰባት ንጥምየት ንቃላዕ፣ ከባቢና ድማ ብዕቀባ ሓመድ ንክሓዊ ነዊሕ እዋን ዘድልዮ ይኸውን።



*ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምትካል ኣግራብ*

ካብዞም ኣብ ክንክን ከባቢ ፀገማት ዝፈጥሩ ተግባራት ካብ ምፍፃም ክንቑጠብ ይግበኣና። ነዚ ድማ ኣግራብ ወትሩ ብሓልዮት ክንጥቀምሎም ኣለና። ንውልቃዊ ጠለብና ኣግራብ እንትንቆርፅ ኣብዚሕና መተካእትኦም ክንተክልን ክንከናኸንን ይግበኣና። ከምዚ ዝበለ ተበግሶ ድማ ናብ ዘላቒ ልምዓት ዘቃንዕ እዩ።


*(መበገሲ ፅሑፍ:- ከባቢናን ህልውናን 1989 ዓ.ም ካልኦትን)*

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ቅደም ሰዓቦም ዘይሓለዉ ምኽንያትን ውፅኢትን ኣቃኒዕኹም ፀሓፉ።

1. ምስሓው ፅሩይ ኣየር ከባቢና
2. ምብራስ ኣግራብ
3. ንሕማማት ምስትንፋስ ምቅላዕ
4. ምዝባዕ ከባቢያዊ ኣየር

ለ. ብመሰረት ዝተወሃበ መበገሲ ሓሳብ፣ ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ካብ ዓንቀፅ ሰለስተ ኣማልኡ።




ሐ. ብመሰረት ትሕዝቶ ዘንበብኩምዎ ምንባብ ነዚ ዓንቀፅ ዛዝሙ።

ከባቢና __________ ብዙሓት ጠቐምቲ ነገራት ይሕዝ። እዞም __________ ተፈጥሮ ድልየትና ንኽንረክብ የኽእሉና። ነዞም ልግሲ ተፈጥሮ __________ ቀፀልቲ ረብሓታት ንረክብ። ብኻሊእ ገፅ ሸለል እንተኢልናዮም__________ ይኽእሉ። ካብዚ ዝተለዓለ ልዕሊ ዓቐን ክንጥቀመሎም ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣብ ሓለዋ ከባቢ __________ ክፈጥር ይኽእል እዩ።

መ. ኣብ ዘንበብኩምዎ ምንባብ ዝተወሃቡ ስእልታት ዝገልፁዎም ሓሳባት ብምኽንያትን ውፅኢትን ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

## 16. ቃላት

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

**በዞም ቃላትን ሓረጋትን ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ፍርያት
2. ብርሰት
3. ምዝባዕ
4. ክንክን
5. ሓለዋ ከባቢ
6. ከይብሕጐግ

## 17. ፅሒፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝፀሓፍኩምዎም ምሉእ ሓሳባት ብቅርፂ ዓንቀፅ ብምውዳድ ኣፅሬፍኩም ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብዚ ሰደቓ ንዝርከቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

| ብኣሃዝ | ብፊደል |
|---|---|
| 9ይ | |
| 7ይ | |
| | ዓስራይ |
| 5ይ | |
| | ካልኣይ |
| 8ይ | |
| | ሳልሳይ |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

“ክንክን ኣግራብ” ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ሓሳብ ተዛረቡ።

### ንባብ ናህሪ

“ክንክን ኣግራብ” ካብ ዝብል ምንባብ ቀዳማይ ዓንቀፅ ብናህሪ ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

“ክንክን ኣግራብ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዝተለዓሉ ሓሳባት ኣብ ከባቢኹም ምስዝትግበሩ ብምንፅፃር ገምጋማዊ ርኢቶኹም ብቓል ኣቕርቡ።

## 20. ሰዋስው

### ደረጃውን መጠናውን ቁፅርታት

ኣብዚ ሰደቓ ንዝተወሃቡ ኣሃዛት ብፆታን ብቑፅርን ኣሳኒኹም ብምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

| ክፍሊ | ተባዕታይ | ኣንስታይ | ድምር |
|---|---|---|---|
| 5ይ | 23 | 24 | 47 |
| 6ይ | 25 | 27 | 52 |



# ልምድታት 3

## ሰሙናዊ ርእሲ ከባቢያዊ ልምድታት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

***ምጥማርን ምንፃልን***

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. ይ- እብድ -ኡ -ዎ
2. ይ- ጥይቕ -ዎ -ም
3. እን- ት- ፍለይ -ኡ -ዎ
4. ዝ- ፍፀም -ኣ -ሎም
5. እና- ተላፈን -ኡ
6. ይት- ግብር -ኣ -ሎም

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ስለዘደግፎም = ስለ- ዘ- ደገፍ- ኦም*

1. ዝቐርቡዎም
2. ዝተዳለወሎም
3. ዝፍፀመሎም
4. እንትፍለዩዎም
5. ይቕበልዎም

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ነቲ ምንባብ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ልምዲ እንታይ ማለት እዩ?
2. ስእላዊ መዋደዲ ብምጥቃም፣ ንልምዲ ኣብነት ዝኾኑ ነገራት ዘርዝሩ።


## እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ዓውዲ ብዝብል ካብ ዝተሓበሩ ልምድታት ሓደ ጥቐሱ።
2. ኣብ ሓደ መኣዲ ብማእኸላይ ክንደይ ሰባት ይስርዑ?
3. ቀንዲ ረብሓ ልፍንቲ እንታይ እዩ?

# ልምድታትን ኣተገባብረኦምን

ኣብ ክልልናን ሃገርናን ዝትግበሩ ዝተፈላለዩ ከባቢያዊ ልምድታት ኣለዉ። ኣብ ኣተገባብራ እዞም ልምድታት በብ እዋኑ ዝደጋገሙ ፍፃመታት ኣለዉ። ልሙዳት ፍፃመታት ንኽትግበሩ ድማ ነናይ ባዕሎም ዓውዲ ይደልዩ። ካብዚ ዝተለዓለ ዝኾነ ፍፃመ ካብ ዝቐርበሉን ዝፍለጠሉን ዓውዲ ወፃኢ ኣይትግበርን። ሕብረተሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝትግብሮም ልሙዳት ፍፃመታት ብምኽንያታውነት ስለዘደግፎም ሓበራዊ ተቐባልነት ይረኽቡ።



*ሓረስታይ መላፍንቲ ብዕራይ እንትዕበይ*

መርዓ ዝተፈላለዩ ልምድታት ካብ ዝፍፀመሎም ዓውድታት ሓደ እዩ። ወራድ መርዓ ከም ኣብነት ንውሰድ። ኣብ ወራድ መርዓ መርዓዊ፣ ቤተሰብ መርዓውን ኣዕሩኽቱን ብሁራን ጓይላን ናብ እንዳ ጓል ይኣትዉ። ቤተሰብን ፈተውትን እንዳ ጓል ድማ እናደረፉ ብምቕባል ኣብ ዝተዳለወሎም ቦታ ኮፍ የብሉዎም።

ኣብቲ ዳስ፣ ሓደ ማእኸላይ ነቶም እንዳ ወዲ ዋሕስ ንኽተኽሉ እንትሓቶም ዝወሓሶም የቕርቡ። ንኽወሓስ ዝተመረፀ ሰብ ብእንዳ ጓል ተቐባልነት ምስረኸበ፣ "ትወሓሶም ዶ?" ተባሂሉ ይሕተት። "እወ ይወሓሶም" ብምባል ምስ መለሰ "መን ይሙት?" ብምባል እንደገና ይሓቱዎ። "መንግስቲ ይሙት" ብምባል ቃል ይኣቱ።

እዚ ምስ ተፈፀመ ናብ ምስናይ ምግቢ ይእተው። ከከም ልምዲ ከባቢኡ ምግብን መስተን በብ መኣዱ ይስነይ። ኣብ ሓደ መኣዲ ብማእኸላይ ሸሞንተ ሰባት ይስርዑ። መኣዲ ከይመልአ ምግቢ ኣይቐርብን። ኣብ መኣድታት ከከም ሃብተ ገነቱ ዝተፈላለዩ

ዓይነት ምግብታትን መስተታትን ይቐርቡ። እዞም ፍፃመታት ብልምዲ ኣብ መርዓታት ይትግበሩ።

ሓዘን እውን ዝተፈላለዩ ፍፃመታት ካብ ዝትግበረሉ ካልኦት ዓውድታት ሓደ እዩ። ሰባት ስድርኦም ወይ ዝቐርቡዎም ኣካላት ብሞት እንትፍለዩዎም ይሓዝኑ። ንሕዙናት ጎረባብትን ፈተውትን ምስኦም ኮፍ እናበሉን እናተመላለሱን ይእብዱዎምን የፀናንዑዎምን። ዝብላዕን ዝስተን እናሓዙ እውን ይጥይቑዎም እዮም። እዚ ልምዲ ደበስ ይበሃል። እዞም ፍፃመታት ሕዙናት ሓዘኖም ብምርሳዕ ናብ ስርሖም ንኽምለሱ ዝሕግዙ እዮም።

ኣብ ዓውድታት ስራሕ እውን ካልኦት ብልምዲ ዝትግበሩ ዝተፈላለዩ ፍፃመታት ኣለዉ። ልፍንቲ ኣብ ስራሕ ካብ ዝፍፀሙ ልምድታት ሓደ እዩ። ልፍንቲ ምትሕግጋዝ ዘቐድም ልምዲ እዩ። ንኣብነት፣ ቃንጃ ብዕራይ ዘለዎ ሰብ ንምሕራስ ስለዝፅገም ምስ ካሊእ ይላፈን። እዞም ሰባት በብ ተራ ኣብዑሮም እናፃመዱ ብምሕራስ ስርሖም የሳልጡ። እናተላፈኑ ዝተሓጋገዙ ሰባት ብኣጠቓቕማ ግዚኦምን ብውፅኢት ስራሕቶምን ተረባሕቲ እዮም።

ከባብያዊ ልምድታት ዝትግበሩ ኣብዞም ዓውድታት ጥራሕ ኣይኮኑን። ኣብ ካልኦት ዓውድታት ዝትግብሩ ልምድታት እውን ይርከቡ እዮም። ኩሎም ድማ በብ ዓውዶም ዝፍፀሙሎም ንቡር ከይድታት ኣለዊዎም።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት ብቓል መልሱ።**

1. ኣብ መርዓ እንታይ ዓይነት ልምድታት ይፍፀሙ?
2. ልዕሊ ኩሉ ኣብ ምትሕግጋዝ ዝተመስረተ ልምዲ ኣየናይ እዩ?
3. ሰባት ንሑዝናት ዝድብሱሎም ኣገባባት እንታይ እንታይ እዮም?
4. ልፍንቲ እንታይ ማለት እዩ?
5. ልምዲ እንታይ ማለት እዩ? ኣብ ከባቢኹም እንታይ ዓይነት ልምድታት ኣለዉ?

**ለ. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝጨበጥኩምዎም ቀንዲ ሓሳባት ንሓደ ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ዘርዚርኩም ግለፁ።**

**ሐ. ካብ ዓውዲ መርዓ ወፃኢ ሕብረተሰብና ብልምዲ ዋሕስ ንኽህሉው ካብ ዝደልየሎም ዓውድታት ዓበይቲ ብምሕታት ንሓደ ግለፁ።**

## 3. ቃላት

### ቃላት ኣብ ዓውዲ ምጥቃም

**ኣብዚ ሰደቓ ንዘለዉ ቃላት ኣብ ዝሰማማዕ ባዶ ቦታ ምልኡ።**

| | | |
|---|---|---|
| መኣዲ | ደበስ | ወራድ መርዓ |
| ቃንጃ | ልምድታት | ዕዱማት |

*ኣብነት:-*

*ኣብዚ ውራይ ዝተፀውዑ ________ እክብ ኢሎም ምእታው ጀሚሮም።*

*መልሲ = ዕዱማት*

1. ለምለም ________ ብዕራይ ኣለዋ። ፅምዲ ክትገብሮም ቀትርን ለይትን ትፅዕር ኣላ።
2. ሕብረተሰብና እዋናት ሓሊዉ ዝደጋግሞም ናይ ባዕሉ ________ ኣለዉዎ።
3. ናብ እንዳ ሕዙናት ________ ምውሳድ ዝፀንሐ ልምዲ እዩ።
4. ________ ብሀሩ ናብ እንዳ ጓል ኣትዮም።
5. እቶም ኣጋይሽ ሓደ መስራእያ ስለዝመልኡ ________ ቀሪቡሎም።

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብዚ ሰደቓ ወራድ መርዓ ናብ እንዳ ጓል እንትመፅኡ፣ ንዝበሃሉን ንዝትግበሩን ዘርእዩ ክልተ ዓንቀፃት ንምፅሓፍ ዝጠቕሙ ሓሳባት ፀሓፉ።**

| ዓንቀፅ ሓደ | ዓንቀፅ ክልተ |
|---|---|
| ናብ እንዳ ጓል እንትመፅኡ ዝበሃሉ | ኣብ እንዳ ጓል ዝትግበሩ |
| | |

### *ኣፀሓሕፋ*

**ነዞም ቃላት ብመሰረት ዝተወሃቡ ኣብነታት ብትኽክል ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡-* *1. እዝኒ = ኣእዛን*

*2. ሓማት = ሓማውቲ*

1. ዓብዪ
2. ኣድጊ
3. ነጋዳይ
4. ገዛ
5. ቀይሕ
6. ነዳቒ

## 5. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*


**ትሕዝቶ "ልምድታትን ኣተገባብረኦምን" ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?**

### *ንባብ ምልከት*

**"ልምድታትን ኣተገባብረኦምን" ንዝብል ምንባብ ብምልከት ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ኣፈላልሓ ቡን



*ሰባት ቡን እናሰተዩ እንተዋግዑ*

## *ቅድመ ምድማፅ*

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዚ ሕቶ ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡ።**

ኣብቲ ኣብዘሎ ስእሊ ዝተዓዘብኩምዎ ነገር ተዛረቡ?

## *እዋን ምድማፅ*

**እናዳመፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ምፍላሕ ቡን ብኢትዮጵያውያን ________ ዝወሃቦ ልምዲ እዩ።
2. ቡን እንትስተይ ምስኡ ሓቢሩ ________ ይወሃብ።
3. ኣብ ምፍላሕ ቡን _______፣ _____ን _____ን ዝብሉ ብርክታት ኣለዉ።
4. ካብ ሰተይቲ ቡን ብ _________ ወይ ብ _________ ዝዓበየ ሰብ ይምርኹ።

## *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ቡን ብኢትዮጵያውያን ክብሪ ዝወሃቦ ንምንታይ እዩ?
2. ሰባት ሓቢሮም ቡን ብምስታዮም እንታይ ይርብሑ?
3. ከይዲ ኣፈላልሓ ቡን ብቓልኩም ኣቕርቡ።

**ለ. ሓቢርካ ቡን ምስታይ ዘለዉዎ ፅቡቓት ልምድታት ብኣርባዕተ ምሉእ ሓሳባት ግለፁ።**

## 7. ሰዋስው

### *ዘይተሳገርቲ ግስታት*

**ተሳገርትን ዘይተሳገርትን ግስታት**

- ግስታት ተሳገርትን ዘይተሳገርትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ሓደ ግስ እንታይ ተፈፂሙ ዝብል ሕቶ ሓቲትና መልሲ ዝሕበና እንተኾይኑ ተሳጋሪ ግስ ይበሃል።
- ሓደ ግስ እንታይ ተፈፂሙ ዝብል ሕቶ ሓቲትና መልሲ ዝሕበና እንተኾይኑ ተሳጋሪ ግስ ይበሃል።
- ኣብነት፣ ሙሉ መፅሓፍ ኣንቢቡ። ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ እቲ ግስ ኣንቢቡ እዩ። *ተሳጋሪ* እውን እዩ። ምኽንያቱ እንታይ ተነቢቡ? ኢልና ሓቲትና፣ "መፅሓፍ" ዝብል መልሲ ስለንረክብ።
- ብኣንፃሩ፣ እንታይ ተፈፂሙ ኢልና መልሲ ዘይህበና ግስ እንተኾይኑ *ዘይተሳጋሪ* ንብሎ። ንኣብነት፣ "ራህዋ ትማሊ መፂኣ" ኣብ ዝብል፣ እንታይ ዝብል ሕቶ ኣይንሓትትን መልሲ እውን ኣይህሉዎን። እቲ ፍፃመ ካብ ራህዋ ናብ ካሊእ ስለዘይሰግር።

**ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ዘርከቡ ዘይተሳገርቲ ግስታት ፍለዩ።**

1. ሰላም ብናህሪ ጐይያ።
2. ፋጢማ ገዝኣ ኣትያ።
3. ከበዱም ኣብ ስራሕ ውዒሉ።
4. ትርሓስ እንጀራ በሊዓ።
5. ናሆም ፅቡቕ ደሪፉ።
6. መርዓት ኩሕሊ ዓዲጋ።
7. ሓሰን ኣብ ዓራቱ ሃሪሱ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ጠቐምቲ ልምድታት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ኣብዞም ሕቶታት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡ።**

1. ጠቓሚ እትብልዎ ልምዲ ፅርሑ።
2. ንምንታይ ከምዝጠቅም ግለፁ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ባህላዊ ምዕቛር ገንዘብ እንታይ ይበሃል?
2. ምጥይያቕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. ኣብ ሓጐስ ይኹን ኣብ ሓዘን ዝህሉ መረዳድኢ ማሕበር እንታይ ይበሃል?

# እንተዝዕቀቡ

ሕብረተሰብና ደጋጊሙ ዝትግብሮም ብዙሓት ጠቐምቲ ልምድታት ኣለዉዎ። እዚኦም ነናይ ባዕሎም ቁጠባውን ማሕበራውን ረብሓታት ኣለዎም። ሕብረተሰብና ንገሊኦም ልምድታት በብውልቀ ገሊኦም ድማ ማሕበር ብምምስራት ይትግብሮም። ንሓድ ሓደ ልምድታት ንምድግጋፍን ንምትሕግጋዝን እንተውዕሎም ንኻልኦቶም ድማ ማሕበራውነቱ ንምጥንኻር ይጥቀመሎም። ብሕብረተሰብና ካብ ዝትግበሩ ልምድታት ዕቁብ፣ እድርን ምጥይያቕን ይጥቀሱ።



*ዝሓመመ ሰብ ምጥያቕ ጠቓሚ ማሕበራዊ ልምዲ እዩ።*

ዕቁብ ብማሕበር ካብ ዝትግበሩ ጠቐምቲ ልምድታት ሓደ እዩ። ዕቁብ ብተበግሶ ግዱሳት ሰባት ይጅመር። ብርኪ መነባብርኦም ዝመሳሰል ሰባት ብድልየትን ብምስምማዕን የጣይሽዎ። ነዚ ማሕበር ብስሪት ንኽመሓድሩዎ ኣካቢ ዕቁብን ፀሓፍን ብድምፂ ኣባላት ይምረፁ። ኣባል ዕቁብ ንምኳን ዕድመ፣ ፆታ፣ ሃይማኖትን ዓሌትን ረቛሒታት ኣይኾኑን።

ዕቁብ ከከም ዝምስርቱዎ ኣባላት ናይ ነጋዶ፣ ሰራሕተኛታትን ነበርቲ ሓደ ከባብን ይበሃል። ሰባት ኣብ ዝምጥኖም ዓይነት ዕቁብ ብድልየቶም ብኣባልነት ይሳተፉ። ዕቁብ ሰባት ገንዘቦም እናዓቖሩ ቁጠብኦም ከዕብዩ ይጠቕም። ብዕቁብ ዘዋህለሉዎ ገንዘብ ብዕጫ ወይ በብግደ ብምውሳድ ይርብሕሉ። ኣባላት ዕቁብ ኣብ ማሕበሮም ብዝፈጥሩዎ ርክብን ምርድዳእን ምሕዝነቶም የጠንክሩ።

ሕብረተሰብና ማሕበር ብምፍጣር ዝትግብሮ ካሊእ ጠቓሚ ልምዲ እድር ይበሃል። እድር ሰባት ኣብ ሓጕሶምን ኣብ ሓዘኖምን ንኽተሓጋገዙ ዝምስርቱዎን ብመመሓደሪ

ደንቢ ዝመርሑዎን ልምዲ እዩ። ኣባላት እድር ብማሕበሮም ሕውነት መስሪቶም ፀገማቶም ብምትሕግጋዝ ንምፍታሕ ይርብሕሉ።

ኣባላት እድር ወርሓዊ ክፍሊት ኣለዎም። ብኽፍሊት ዝእከብ ገንዘብ ሓጕስን ሓዘንን ኣብ ዝፈጥሩ ኣጋጣምታት ኣብ ረብሓ ይውዕል። ሓጕስ፣ ሓዘንን ሕማምን ኣብ ወዲ ሰብ ዘየቋርፁ ፍፃመታት እዮም። እዚኣቶም እንተጋጥሙ ክሳብ ዝሓልፉ ዘይተሓሰበ ወፃኢ ስለዝሓትቱ ንቑጠባዊ ዓቕሚ ሰባት ይፈታተኑ። ኣብዞም ኣጋጣምታት ዝፍጠር ምትሕግጋዝ ማሕበራዊ ረኽቢ ዘጠንክር እዩ።

ምጥይያቕ ካሊእ ብሕብረተሰብና ዝትግበር ጠቓሚ ልምዲ እዩ። ዝሓመመ ሰብ ይጥየቕ። ካብ መገሻ ንዝተመለሰ እውን ብሰላም ምምፅኡ ንምርግጋፅ ይሕተት እዩ። ንዝወለደት ድማ ፈተውትን ጎረባብትን ይጥይቑዋ። ከይረኸቡዎም ዝቐነዩ መሓዙቶም ዝጥይቑ እውን ብዙሓት እዮም። ምጥይያቕ ፍቕሪ ሰባት ዘጠንክር ጠቓሚ ልምዲ እዩ።

ዕቁብ፣ እድርን ምጥይያቕን ሕብረተሰብና ንነዊሕ እዋን ዝደጋገሞም ጠቐምቲ ልምድታት እዮም። እዞም ልምድታት ንምትሕግጋዝ፣ ንምጥንኻር ምሕዝነት፣ ንምምስራት ማሕበራዊ ረኽብን ተግበርቶም ይጠቕሙ። ጥቕሞም ብዙሕ ብምዃኑ ድማ ክዕቀቡን ክቕፅሉን ይግብኦም።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ትኽክል ንዝኾነ ሓሳብ “ልክዕ” ትኽክል ንዘይኮነ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።**

1. ምጥይያቕ ማሕበራዊ ረብሓ ኣለዎ።
2. ዕቁብ ምስተወደአ ብናይ ኣባላት ስምምዕነት ይቕፅል።
3. እድር ቁጠባዊ ዓቕሚ ይፍትን።
4. ሽምግልና ክዕቀብ ዘለዎ ልምዲ እዩ።

**ለ. ርእሲ እቲ ምንባብ “እንተዝዕቀቡ” ዝተበሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?**

**ሐ. ነዞም ሕቶታት ብጉጅለ ተዘራሪብኩም መልስኹም ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ። ንሕድ ሕድ ሕቶ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ብምፅሓፍ መልሱ።**

1. ሰባት ዝጠያየቑሎም ምኽንያታት ግለፁ?
2. ኣብ እድር ብኣባላት ዝዋፃእ ገንዘብ ኣብ እንታይ ይውዕል?

## 9. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| ____ 1. ረብሓ | ሀ. ምሕላው |
| ____ 2. ውህላል | ለ. ተበግሶ |
| ____ 3. ድልየት | ሐ. እኩብ |
| ____ 4. ምዕቃብ | መ. ደንቢ |
| ____ 5. ሓጐስ | ረ. ምሕታት |
| ____ 6. ስሪት | ሰ. ፍስሃ |
| ____ 7. ምጥያቕ | ሸ. ጥቕሚ |
| | ቀ. ጉድኣት |
| | በ. በዝሒ |
| | ተ. ፅልኢ |

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ነቶም ብዛዕባ ወራድ መርዓ ዝፀሓፍኩምዎም ምሉእ ሓሳባት ብምትሕሓዝ ኣዋዲድኩም ክልተ ዓንቀፃት ብገርፊ መልክዕ ኣብዚ ሰደቓ ፀሓፉ።**

| ዝበሃሉ |
|---|
| |
| |
| **ዝትግበሩ** |
| |
| |

## ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ቃላት በቶም ኣብነታት መሰረት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡- 1. ኣእጋር = እግሪ*

*2. ኣእዳው = ኢድ*

1. ኣሕምልቲ
2. ኣባጊዕ
3. ኣንስቲ
4. ሓረስቶት
5. ሽቃሎ
6. ቈልዑ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

# 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ "እንተዝዕቀቡ" ዝብል ፅሑፍ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገላልፃ

**"እንተዝዕቀቡ" ኣብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፅ ክልተ ብኣገላልፃ ኣንብቡ።**

# 12. ዝርርብ

**ትሕዝቶ "እንተዝዕቀቡ" ዝብል ምንባብ ኣሕጺርኩም ብቓልኩም ኣቕርቡ።**

# 13. ሰዋስው

### ዘይተሳገርቲ ግስታት

**ካብቶም ዘይተሳገርቲ ግስታት እናመረፅኩምን ቅርፆም እናቐየርኩምን ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

**ኣብነት**

*1. ለምለም ምስሓ ስለዘይበልዐት ________። (ጥምየት)*

*መልሲ፡- "ለምለም ምስሓ ስለዘይበልዐት ጠምያ"*

*2. ክብሮም ኣብ ዓራት ________። (ሀራሰ)*

*መልሲ፡- "ክብሮም ኣብ ዓራት ሃሪሱ"*

| | | |
|---|---|---|
| ምምፃእ | ድኻም | ምኻድ |
| ሕማም | ምውዳቕ | |

1. ሃፍቶም ናብ እድር ________።
2. ኣፀደ ካብ ዓዲ ግራት ________።
3. እዮብ ርእሱ ________።
4. ከድጃ ተዓንቂፋ ________።
5. በርሀ እናሰርሐ ስለዝወዓለ ________።

# ሰሙናዊ ርእሲ ጕዳእቲ ልምድታት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እንተ- ኮይን -ኦም
2. ዘ- ስዕብ -ዎ -ም
3. እንተ- ጋጥም -ኦ
4. እንተ- ፈሲስ -ኡ
5. ተ- ሓጓም -ኢ
6. ከ- ፅንሕ -ኦም

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

1. እንተይኣመቱ
2. እንትጕድሎም
3. ብጕዳእነቶም
4. መታልሕቶም
5. ዝጥቀሙሎም
6. ንመድሓኒትነት

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነቲ ምንባብ ቅድሚ ምንባብኩም ኣብ ፍታሕ እዞም ቃላትን ሓረጋትን ኣብ ጉጅለኹም ዘትዩ።**

1. ፀለላ
2. ቑጠባ
3. ቅራረት
4. ኣብ ሓንቲ ፀሓይ
5. ቅርንብ ዓይኒ
6. ጎናዊ ጉድኣት

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ጕዳእቲ ልምድታት ዝበሃሉ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ሰባት ንምንታይ ይግርነቡ?
3. ሳዕቤን ልዕሊ ዓቐን ድግስ እንታይ እዩ?
4. ምውቃጥ ዝትግበረሎም ምኽንያታት እንታይን እንታይን እዮም?

# እምቢ ንበሎም

ምግርናብ፣ ምውቃጥ፣ ምሕጓም፣ ምኽንሻብን ልዕሊ ዓቐን ምድጋስን ጐዳእቲ ልምድታት እዮም። እዞም ጐዳእቲ ልምድታት ጥዕናውን ቁጠባውን ፀገማት የስዕቡ። ሰባት ግና ጐናዊ ጉድኣቶም እንተይኣመኑ ብልምዲ ይትግብሩዎም። ሕድሕድ ጐዳእቲ ልምድታት ዝትግበሩሎም ነናይ ባዕሎም ምስ ውልቀ ሰባት ዝተሓሓዙ ምኽንያታት ኣለዎም።

ምግርናብ ሓደ ጐዳኢ ልምዲ እዩ። ሰባት ዓይኖም እንተሓሙ ኣብ ከባቢ ዓይኒ ዝርከብ ደም ረሲሑ ብምባል ኣብ ቅርንቦም ይግርነቡ። ገለ ገሊኦም ድማ ኣብ መታልሕቶም ይግርነቡ። ምግርናብ ብላማ ወይ ብኻሊእ በሊሕ ነገር ይትግብሩዎ። ንምግርናብ ዝጥቀሙሎም ነገራት ፅርየት እንተጐድሎም ጐናዊ ሕማማት ይፈጥሩን የመሓላልፉን። ዝግርነብ ሰብ ብዙሕ ደም እንትፈሶ፣ ኣብ ክንዲ ዝሓዊ ንሓደጋ ይቃላዕን ዘይተደለየ በሰላ ይህሉዎን።

ምውቃጥ ካልኣይ ጐዳኢ ልምዲ እዩ። ሰባት ፅባቐ ይውስኽን ንመድሓኒትነት ይጠቅምን ብምባል ይትግብሩዎ። ነዚ ልምዲ ብዕሾኽ ወይ ብመርፍእ የካይድዎ። ንመፀለሚ ከዓ ካብ ቅራረት፣ መቐሎ ወይ መጎኮ ዝርከብ ፀለላ ይጥቀሙ። ምውቃጥ ደም ቲፍቲፍ እናበለ ዝድለ ፅልሚ ክሳብ ዝሕዝ ይቕፅልሉ። ፅርየት ዝጐደሎ መርፍእ ወይ ዕሾኽ ኣብ ግሊጋሎት እንተውዕሉ ንሕማማት ይቃልዑ።

ማሕጐማ ሕበጥ የጥፍእ ብዝብል ውልቃዊ እምነት ዝትግበር ሳልሳይ ጐዳኢ ልምዲ እዩ። "ዝረስሐ ደም እንትፈሲሱ ጥዕና ይርከብ" ካብ ዝብል ልምዲ ብምብጋስ ይትግብሩዎ። ብምሕባጡ ደም ክፈሶ ዝድለ ኣካል ፈለማ ብላማ ይብጣሕ። ገፊሕ ኣፍ እቲ ማሕጐማ ናብቲ ዝተበጥሐ ኣካል ብምትካል በቲ ፀቢብ ጫፍ ደም ይምጠጥ። ብኸምዚ መጠኑ ዘይፍለጥ ደም ይቕዳሕ። ብሰንኪ እዚ ተሓጓሚ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ይቃላዕ።



*ማሕጎማ ጐዳኢ ልምዲ እዩ*

ምኽንሻብ ብልዕቲ ኣንስትዮ ካሊእ ጕዳኢ ልምዲ እዩ። "ምኽንሻብ ጠባይ ኣንስተይቲ ንምቁፅፃር ይጠቅም" ብዝብል ዕላማ ዝፍፀም ተግባር እዩ። እዚ ልምዲ ኣብ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ወሊድ ስቓይ ካብ ምፍጣር ሓሊፉ ጭንቀት ዘሕድር እዩ።

ልዕሊ ዓቕሚ ምድጋስ ራብዓይ ጕዳኢ ልምዲ እዩ። ሰባት ኣብ መርዓ፣ ፀበል፣ ተዝካር ዝተፈላለዩ ምረቓታትን ንዝኣመሰሉን ኣመኽንዮም ይድግሱ። "ካብ መን ንኢሰ" ብዝብል ኒሕ ድማ ልዕሊ ዓቐን ዝኾነ ዝብላዕን ዝስተን የዳልዉ። እዚ ድማ ቁጠባዊ ዓቕሞም ዘዳኽም ክሳራ የስዕበሎም። ንብዙሕ ግዘ ክጠቕሞም ዝግብኦ እኽልን ጥሪትን ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ይነግፉዎ። ብድሕሪኡ ዝበልዑዎ ብምስኣን ናብ ዘይተደለየ ዕዳን ድኽነትን ይኣትዉ።

እዞም ልምድታት ብጕዳእነቶም ነናይ ባዕሎም ፀቕጢ ይፈጥሩ። ኣብ ሰባት ብዓብይኡ ጥዕናዊ፣ ቀፂሉ እውን ቁጠባዊ ዘይምርግጋእ የምፅኡ። ካብ ተጕዳእነት እዞም ልምድታት ንምድሓን ስጉምትታት ክውሰዱ ይግብኦም። ብጥዕና ኣመኽኒኻ ዝትግበሩ ልምድታት ብዘበናዊ ሕክምና ክትክኡ ኣለዎም። ልዕሊ ዓቐን ምድጋስ እውን ክተርፍ ኣለዎ። ሰብ ሞያ ጥዕና ምምኻርን ብዓቕምኻ ምንባርን ክልመዱ ይግበኦም።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ ሓሳብ "ልክዕ" ትኽክል ንዘይኾነ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ምግርናብ ዝረስሐ ደም ንምውፃእ ብምባል ዝትግበር ጕዳኢ ልምዲ እዩ።
2. ጕዳእቲ ልምድታት ኣካላዊ እምበር ቁጠባዊ ፀገማት ኣየስዕቡን።
3. ፅርየቱ ብዝሓለወ መሳርሒ ምሕጓም ሓደጋ ኣይህሉዎን።
4. ሓደ ምኽንያት ምውቃጥ ዕባቖ ንምውሳኽ እዩ።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ጕዳእቲ ልምድታት ዝተብሃሉ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ሰባት ንምውቃጥ ዝጥቀሙሎም ነገራት ጥቐሱ።
3. ጕዳእቲ ልምድታት ብኸመይ ንኣልዮም?
4. ፍልልይ ጠቐምትን ጕዳእትን ልምድታት ግለፁ? ኣብቶም ክልተ ምንባባት ዘይተሓበሩ ካልኦት ጠቐምትን ጕዳእትን ልምድታት ሓብሩ።

**ሐ. ነዞም ሕቶታት ንሰባት ብምሕታት መልሱ።**

1. ልዕሊ ዓቐን ድግስ ንምንታይ ጕዳኢ ተባሂሉ?
2. ምውቃጥ ጕዳኢ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

## ሰሙን 3 መዓልቲ 8

### 16. ቃላት

**ተመሳሳሊ ፍታሕ ቃላት**

**ነዞም ቃላት ብፍታሕ ዝመሳሰል ቃል ካብቲ ምንባብ ኣልሽኩም ፀሓፉ።**

*ኣብነት ሀ. ሕልፊ = ልዕሊ ዓቕሚ*

*ለ. ወነ = ስምዒት*

1. ዝተበላሸወ (ዓንቀፅ 4)
2. የሳጥሕ (ዓንቀፅ 4)
3. ምልክት (ዓንቀፅ 2)
4. ዓቐን (ዓንቀፅ 6)
5. ልቓሕ (ዓንቀፅ 5)

### 17. ፅሕፈት

**ምውዳድ ፅሑፍ**

**ነቶም ወራድ መርዓ ናብ እንዳዓል እንትኸዱ ዝበሃሉን ዝትግበሩን ዝገልፁ ብገርፊ ዝፀሓፍኩምዎም ዓንቀፃት ቀንዲ ምሉእ ሓሳባት ብምውሳኽ ኣፅፊፍኩም ፀሓፉ።**

**ኣፀሓሕፋ**

**ናብ ብዙሕ ቁፅሪ እንትቕየሩ ኣፀሓሕፊኦም ከምዞም ዝተወሃቡ ስማት ዝኾኑ ኣብዞም ሰደቓታት ፀሓፉ።**

| ኣድጊ | ኣእዱግ |
|---|---|
| | |
| | |

| ሰብ | ሰባት |
|---|---|
| | |
| | |

| ሓረስታይ | ሓረስቶት |
|---|---|
| | |
| | |

| ዓብዪ | ዓበይቲ |
|---|---|
| | |
| | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ካብ ትሕዝቶ "እምቢ ንበሎም" ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ግለፁ።**

### ንባብ ናህሪ

**"እምቢ ንበሎም" ኣብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ነዞም ምሉእ ሓሳባት "ወድዓዊ ሓቂ" ወይ "ውልቃዊ ርእይቶ" ብምባል ፍለዩ። ቀፂልኩም ምኽንያት መበሊኹም ተዛረቡ።**

1. ምግርናብ ንሕማም ዓይኒ ፍቱን መድሓኒት እዩ።
2. ብዙሕ ድግስ ምግባር የዒስ የብል።
3. ማሕጐማ ጎዳኢ ልምዲ እዩ።
4. በላሕቲ ነገራት ሓቢርካ ምጥቃም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣይብሉን።
5. ጐዳእቲ ልምድታት ክነወግዶም ይግባእ።

## 20. ሰዋስው


### ዘይተሳገርቲ ግስታት

**በዞም ቃላት ዘይተሳጋሪ ግስ ዝሓዙ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት ሀ. ሓሚማ = ለታይ ሕማም ዓሶ ሓሚማ።*

*ለ. ለሚዱ = ክብሮም ደብዳበ ምፅሓፍ ለሚዱ።*

1. ርእዩ
2. ከሲሩ
3. ቀጢና
4. ደኺሙ
5. ዓጊባ



# 4 ድሕንነት ትራፊክ

## ሰሙናዊ ርእሲ ድሕንነት መንገዲ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምጥማር ምንፃልን**

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እንት- በፅሕ -ሉ
2. ከየ- ጋጥም -ኦም
3. ን- ምጥቃም -ኣ -ን
4. ተ- ጠንቂቕ -ኦም
5. ብ- ተሸከርከርት -ኦም
6. ብ- ዝ- ተ- ፈቕድ -ኣ -ሎም

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፡- እንትበፅሑ = እንት- በፅሕ -ኡ**


1. ጥንቃቐታት
2. እንተረኺቡ
3. እንትበፅሑ
4. ስለዘይኸብዳ
5. እንተይለመዱ
6. ክዝዉሩወን

# 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

## ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ትራፊክ እንታይ ማለት እዩ?
2. ምዝዋር ብሽክሌታ ክለምድ ዝደልይ ሰብ ዝገብሮም ንጥፈታት ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ብቕደም ሰዓብ ኣርእዩ።




## እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ መንገድታት ዝንቀሳቐሳ ተሽከርከርቲ ብምንታይ ይፈላለያ?
2. "ብሽክሌታታት ንምጥቃመን ዝቐለላ እየን" ንምንታይ ተባሂለን?
3. ዘዋሪ ብሽክሌታ ክጥንቀቖም ዝግበኦም ነገራት እንታይ እንታይ እዮም?

# ብሽክሌታታት ኣብ መንገዲ

ኣብ መንገድታት ብዝተፈላለየ ጉልበት ዝንቀሳቐሳ ተሽከርከርቲ ኣለዋ። መብዛሕቲኤን ተሽከርከርቲ ሞተር ዘለወን እየን። እተን ሞተር ዘለወን ብጉልበት ነዳዲ እንትትጐዓዛ፣ ሞተር ዘይብለን ድማ ብጉልበት ሰባት ወይ እንስሳት ይንቀሳቐሳ። ካብዘን ተሽከርከርቲ ብሽክሌታታት ዝጥቀሳ እየን። ብሽክሌታታት ሞተር ስለዘይብለን ብጉልበት ሰባት ይንቀሳቐሳ። ብሽክሌታታት ሞተር ምስዘለወን እንትነፃፀራ ብዙሕ ቴክኒካዊ ፍልጠትን ክእለትን ሰባት ስለዘይሓትታ ንምጥቃመን ቅልል ዝበላ እየን። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት በብ ዝረኽቡዎ ኣጋጣሚ ይጥቀሙለን።

ብሽክሌታታት ንምጥቃመን ስለዘይኸብዳ ሓድሓደ ቈልዑ ኮኑ ዓበይቲ እንትይተለማመዱ ክዝውሩወን ይደልዩ። እዞም ሰባት ንድሕንነት ትራፊክ ዘድልዩ ጥንቃቐታት ኣፀቢቖም ስለዘይፈልጡዎም ንሓደጋታት ይቃልዑ። ካብዚ ዝተለዓለ ኣብ ባዕሎም፣ ንብረቶምን ካልኦት ኣካላትን ሓደጋታት ትራፊክ ይፈጥሩ። ብሽክሌታታት ንድሕንነት ትራፊክ ብዘየስግኣሉ ኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ክውዕላ ይኽእላ እየን። ተጠቀምቲ ብሽክሌታታት ብዝግባእ እንትጥንቀቑ ኣብ መንገድታት ዘጋጥሙ ሓደጋታት ትራፊክ ምንካይ ይኽእሉ።



*ጥንቁቕ ዘዋሪ ብሽክሌታ ሂልመት ይገብር*

ጥንቁቓት ተጠቀምቲ ብሽክሌታታት ከመይ ከምዝዝውሩወንን ከምዝቆፃፀሩወንን እንትይተለማመዱ ንክጐዓዙለን ኣይሃርፉን። ካብዚ ዝተለዓለ ቀዲሞም ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መንገድታት ብምሕታት፣ ብምንባብ ወይ ብምዕዛብ ይመሃሩ። ቀፂሎም ብብሽክሌታ እንትጐዓዙ ሓደጋታት ንዘፈጥሩ ተጓንፎታት ዝቆፃፀሩሉም ኣገባባት ንምፍላጥ ይፅዕሩ። ንዝተመሃሩዎም ብምትግባር ድማ ንባዕሎምን ንንብረቶምን ካብ ሓደጋታት ይሕልዉ።

ጥንቁቓት ዘወርቲ ብሽክሌታታት ብተሽከርከርቶም ዘይተሓሰቡ ሓደጋታት ንኸየጋጥሙዎም ይቆፃፀሩ። ብሽክሌታታት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከምዝበላሸዋ ይርድኡ። ድሕንነታተን ንምርግጋፅ ድማ ዝተበላሸወ ኣቕሓ ከይህሉወን ቅድሚ ጉዕዞ ምጅማሮም ይፍትሹወን። ፈለማ ጐማ ዘይምንፋሱ ብኢዶም ብምሓዝ የረጋግፁ። ቀፂሎም ፍሬን ዝሰርሕ ምዃኑ የጥልሉ። ድሕንነት እዞም ኣካላት ብሽክሌታ ኣብ መንገድታት ንዝፍጠሩ ሓደጋታት ንምክልኻል ስለዝሕግዙዎም ብጥንቃቐ ይፍትሹዎም።

ጥንቁቓት ተጠቀምቲ ብሽክሌታ ኣብ ጉዕዝኦም ንሕግታት ትራፊክ ብትኽክል የተግብሩ። ቅድሚ ኩሉ የማናዮም ክሕዙ ስለዝግበኦም መንገዶም ኣይስሕቱን። ቀፂሎም ናብ ኩርናዓት እንትቐርቡ ዘይርኣዩዎም ተሽከርከርቲ ወይ ኣጋር ተጐዓዝቲ ከይኣትዉዎም ናህሮም ይቆፃፀሩ። በዚ ድማ ህድእ ኢሉ ዝኸይድ ኣብ ዝሓሰቦ ከምዝበፅሕ መርኣያ ይኾኑ። ብተመሳሳሊ ኣብ መንገድታት ከቐድሙዎም ዝግበኦም ተሽከርከርቲ ወይ ኣጋራት ከጋጥሙዎም ይኽእሉ። ብድሕረይ ዳንዴር ኣይትብቌል ስለዘይብሉ ንዓይ ይጥዓመኒ ናብ ዝብል ግብግብ ኣይኣትዉን። ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ምልክታት ትራፊክ ዘሕልፉዎም መልእኽትታት የኽብሩ፤ ድሕንነቶም፣ ድሕንነት ብሽክሌትኦምን ድሕንነት ዝጥቀሙሎም መንገድታትን ይሕልዉ።



*ንብሽክሌታ ዝፍቀድ መንገዲ*

ተጠቀምቲ ብሽክሌታታት ንባዕሎም እንትጥንቀቑ ድሕንነት ትራፊክ ንምርግጋፅ ሓገዝቲ ይኾኑ። ንኹሎም ኣብ መንገድታት ዝንቀሳቐሱ ኣካላት ድማ ካብ ሓደጋታት ትራፊክ ነፃ ኣብ ምግባር ዓብዩ ብፅሒት ኣለዎም።

## ድሕረ ንባብ

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ “ልክዕ”፣ ትኽክል ንዘይኾነ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።

1. ሞተር ዘለወን ተሽከርከርቲ ብጉልበት ሰባት ይንቀሳቐሳ።
2. ጥንቁቓት ዘወርቲ ንድሕንነት ትራፊክ ጠመተ ኣይህቡን።
3. ዘወርቲ ብሽክሌታታት ሓደጋ ትራፊክ ኣይፈጥሩን።
4. ብሽክሌታታት ምስ ካልኦት ተሽከርከርቲ እንትነፃፀራ ቅልጣፈ ጉዕዞ ብምስላጥ ቀዳሞት እየን።

ለ. ነዞም ጥንቁቓት ዘወርቲ ብሽክሌታታት ዝትግብሩዎም ፍፃመታት ቅደም ሰዓብ ኣትሕዙዎም።

1. ብሽክሌታኦም ዝተበላሸወ ኣካል ከይህሉዋ ይፍትሹ።
2. ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መንገድታት ብምሕታት፣ ብምንባብ ወይ ብምዕዛብ ይመሃሩ።
3. ብብሽክሌታ እንትጉዓዙ ሕግታት ትራፊክ የኽብሩ።
4. ሓደጋታት ዝፈጥሩ ተጓንፎታት ዝቔፃፀሩሎም ኣገባባት ንምፍላጥ ይፅዕሩ።

ሐ. ኣብ ከባቢኹም ሰባት ብሽክሌታታት ንምንታይ ከም ዝጥቀሙለን ግለፁ።

መ. “ህድእ ኢሉ ዝኸይድ ኣብ ዝሓስቦ ይበፅሕ” ዝብል ኣገላልፃ ምስ ድሕንነት ትራፊክ ብኸመይ ይራኸብ?

## ሰሙን 1 መዓልቲ 2

# 3. ቃላት

### *ቃላት ኣብ ዓውድታት ምጥቃም*

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ባዶ ቦታታት ግቡኣት ቃላት ወይ ሓረጋት ብምምራፅ ምልኡ።**

| | | |
|---|---|---|
| ሓደጋ | ኣጋራት | ሂልመት |
| ከየጥለሉ | ምፅባብ | መንገዲ |
| ምህራፍ | | |

**ኣብነት፡-**

*1. ንፉዓት ዘወርቲ ብሽክሌታ ንድሕንነት ______ ጥንቃቐ ይገብሩ።*


*መልሲ፡- መንገዲ*

1. ኣብ መንገዲ ዝበፅሕ ______ ንምንካይ ጥንቃቐ የድልይ።
2. ብሽክሌታ ብኣግባቡ ከይለመድና ንምዝዋር ________ ጌጋ እዩ።
3. ጥንቅቕቲ ዘዋሪት ሞተር ብሽክሌታ መከላኸሊ ______ ትገብር።
4. መንገዲ ______ እንተጋጥም ዘወርቲ ናህሪ ክቕንሱ ኣለዎም።
5. ጥንቁቓት ዘወርቲ ድሕንነት ብሽክሌታኦም ________ ኣይዝውሩን።
6. ጥንቁቓት ዘወርቲ ምንቅስቓስ ተሽከርከርትን ________ ን ይቈፃሩ።

# 4. ፅሕፈት

## ምውዳድ ፅሑፍ

ነዚ ዝተወሃበ ስእላዊ መዋደዲ ቅደም ሰዓብ ብምጥቃም፣ "ትራፊክን ብሽክሌታታትን" ካብ ዝብል ፅሑፍ ብሽክሌታ ክለምድን ክዝውርን ዝደልይ ሰብ ክገብሮም ዝግበኦም ጥንቃቐታት እናውፃእኹም ብመልክዕ መምርሒ ፀሓፉ።




## ኣፀሓሕፋ

ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ምእላዳት እናወሰኩም ብትኽክል ፀሓፉ።

ኣብነት፡-

| | | -ኡ | -ኣ | -ኦም | -አን |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ድሒን | ድሒኑ | ድሒና | ድሒኖም | ድሒነን |
| 2 | ኣሽከርክር | ኣሽከርኪሩ | ኣሽከርክራ | ኣሽከርኪሮም | ኣሽከርኪረን |

| | | - ኡ | - ኣ | - ኦም | - አን |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ዘዊር | | | | |
| 2 | ቀዲም | | | | |
| 3 | ነፊዕ | | | | |
| 4 | ረጊፅ | | | | |
| 5 | ተጐዒዝ | | | | |

## ሰሙን 1 መዓልቲ 3

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ


**ርእሲ ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### ንባብ ምልከት

**“ትራፊክን ብሽክሌታታትን” ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፅ ኣርባዕተ ብምልከት ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### መኪናን ትራፊክን



*ዘወርቲ መኻይን ንኣረጋዉያን እንተቐድሙ*

## ቅድመ ምድማፅ

**እቲ ምንባብ ቅድሚ ምድማፅኩም ኣብዞም ሕቶታት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡ።**

1. ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርትኹም እንታይ እንታይ ምልክታት ትራፊክ ይርከቡ? እንታይ መልእኽቲ የመሓላልፉ?



2. መብራህቲ ትራፊክ ክንደይ ዓይነት ሕብሪ ኣለዊዎ? ዘመሓላልፉዎም መልእኽትታት እንታይ እዮም

### ኣተሓሕዛ መዘክር

ኣብ እነንብቦምን እነዳምፆምን ዛዕባታት ዝርከቡ ቀንዲ ቁም ነገራት ኣሕጺርና ብምፅሓፍ መዘክር ንሕዝ። ብኸምዚ ኣገባብ እንፅሕፎ መዘክር ኣብቶም ዘንበብናዮምን ዘዳመፅናዮምን ፅሑፋት ዝርከቡ ቀንዲ ቁም ነገራት ውን ክነብሎም ይሕግዘና።

መዘክር እንትንፅሕፍ ክልተ መማረፅታት ኣለዉና፤ ብመልክዕ ኣስተዋፅኦን ብቅርፂ ሰደቓን ክነዳሉዎ ንኽእል።

ኣብነት 1. እናንበብናን እናድመፅናን እንረኽቦም ቀንዲ ሓሳባት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣስተዋፅኦ ብምፅሓፍ ምቕማጥ ሓደ መማረፂ እዩ።

ርእሲ ምንባብ፡- ________________

- 
- 
- 

ኣብነት 2. እናንበብናን እናዳመፅናን እንረኽቦም ቀንዲ ሓሳባት ኣብ ሰደቓ ምቕማጥ ካልኣይ መማረፂ እዩ።

ርእሲ ምንባብ፡- ________________

| ቀንዲ ሓሳብ | | |
|---|---|---|
| ዓንቀፅ ሓደ | ዓንቀፅ ክልተ | ዓንቀፅ ሰለስተ |
| | | |

***እዋን ምድማፅ***

**ነቲ ምንባብ እናዳመፅኩም መዘክር ሓዙ።**

***ድሕሪ ምድማፅ***

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ዘወርቲ መኻይን ካብ ዝገብሩዎም ጥንቃቐታት ሓደ ሓብሩ።
2. ድሕንነት መኪና እንታይ ማለት እዩ?
3. ምልክታት ትራፊክ እንታይ እንታይ የጠቓልል?
4. ሰባት ኣብ ከባቢ ፅርግያ ብእግሪ እንትጉዓዙ እንታይ እንታይ ጥንቃቐታት ክገብሩ ይግባእ?
5. ምልክታት ትራፊክ ንምንታይ ይጠቕሙ?

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ዓንቀፃት ዛዝሙ።**

1. ዘወርቲ መኻይን ምዝዋር ቅድሚ ምጅማሮም ድሕንነቶም ከረጋግፁ ይግባእ። መጀመርያ __________ ደሓር __________ ብምቕፃል __________።
2. ዘወርቲ መኻይን ኣብ ከይዲ ጉዕዞ ክገብሩዎም ዝግበኦም ጥንቃቐታት ኣለዉ። መጀመሪያ __________ ደሓር __________ ብምቕፃል __________።

## 7. ሰዋስው

***ግስታት ብኣካል፣ ቁፅርን ፆታን ምጥዕዓም***

**ነዞም ዝስዕቡ ግስታት ከይቀየርኩም ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

***ኣብነት፡-***

*ሀ. በሪሑ = ገብራይ ርእሱ በሪሑ።*

*ለ. ዘዊሩ = መብርሂት መኪና ዘዊሩ።*

1. ጉልበት
2. ይቃልዑ
3. ናህሪ
4. ተጠቀምቲ
5. ኩርናዕ
6. ኣኽቢሩ

# ሰሙናዊ ርእሲ ድሕንነት መንገዲ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዚ ንጥፈት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡሉ።**

ናብ ቤት ትምህርቲ ክመይ እናበልኩም ከምእትመፅኡ ብቕደም ሰዓብ "መጀመርታ፣ ደሓር፣ ኣብ መወዳእታ" ብምባል ግለፁ።

### እዋን ንባብ

**ነዚ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣቦይ ጠዓመ እንታይ ይሰርሑ?
2. ኣቦይ ጠዓመ ብዛዕባ ድሕንነት ትራፊክ እንታይ ይሓስቡ?
3. ኣቦይ ጠዓመ ኣብ መወዳእታ ንተምሃሮ እንታይ ኢሎም ይሓቱዎም?

# መርኣያ ተግባር

ኣቦይ ጠዓመ ጡረተኛ ፖሊስ ትራፊክ እዮም። ኣብ ጥቓ ገዝኦም ብዙሓት ቈልዑ ዝምሃሩላ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣላ። ነቶም ተምሃሮ ብዛዕባ ድሕንነት ትራፊክ ይምህሩዎም። እዚ ተግባሮም ጡረታ ምስወፅኡ "ስራሕ ኣይገደፉን" የብሎም። "ድሕንነት ትራፊክ ኩልና ኢ.ድን ጓንትን ኮይንና ክነኽብሮ ይግብኣና" ዝብል እምነት ኣለዎም። ካብዚ ዝተለዓለ ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቶም እንትኣትዉን እንትወፅኡን ብተገዳስነት እናመኸሩ ፅርግያ ከስግሩዎም ይውዕሉ።

እቶም ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቶም ኣብ ዘስግር ቀራና መንገዲ እንትበፅሑ ንኣቦይ ጠዓመ ይረኽቡዎም። ስሞም እናፀውዑ ሰላም ይብሉዎምን ክሳብ ዘስግሩዎም ይፅበዩዎምን።

ኣቦይ ጠዓመ ድማ እቶም ቈልዑ ምስተኣኻኸቡ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መንገዲ ከምህሩዎም ይጅምሩ። ብሕቶን መልስን የምህሩዎም፤ ንሶም እንትሓቱ ቈልዑ ይምልሱ። እቶም ቈልዑ ነቶም ጠቐምቲ ሓሳባት ንከይርስዑዎም ብቕደም ሰዓብ ይሓቱዎም።

"ብእግርኹም እንትትጕዓዙ በበይ ትኸዱ?" እትብል ሕቶ ወትሩ መጀመርታ የምፅኡዋ። እቶም ቈልዑ "ብመንገዲ ኣጋራት" ይብሉዎም።

"ንምንታይ ብፅርግያ ዘይትኸዱ?" የስዕቡሎም። ፅርግያ ንተሽከርከርቲ ጥራሕ ከምዝፍቀድ ርእሶም እናነቕነቑ ይዛረቡ።

"ግርም! ብመንገዲ ኣጋራት ድኣ ብኸመይ ትጥቀሙ?" እናበሉ ከምዝተገረሙ ኢዶም ብምጥማር መልሲ ይፅበዩ።

"ብፀጋማይ ኣንፈትና።" ይብሉ።

"ንምንታይ ብፀጋማይኩም ትመርፁ?" ይሓቱዎም።

እቶም ቈልዑ ነቶም መልስታት ስለዘፅንዑዎም፣ "ተሽከርከርቲ ብቕድሜና እንትመፅኣ ንክንርእየን።" ይብሉዎም።

"ልዋታት ኣይረሳዕኹምን።" ብምባል ተሽከርከርቲ እንትበላሸዋን ካብ ቁፅፅር ዘወርቲ እንትወፅኣን እንትንርእየን ንባዕልና ንምድሓን ከምዝጠቅም ይነግሩዎም። "ጐበዛት! ቀጺለ ካሊእ ክሓተኩም" ብምባል እወንታዊ መልሲ ንክህቡዎም ይፅበዩ። እቶም ቈልዑ ብኣዘራርበኦም ስለዝሕጐሱ ርእሶም ብምንቕናቕ ሕራይ ይብሉዎም።

ብድሕሪኡ ኣቦይ ጠዓመ፣ ፅርግያ ብኸመይን መዓዝን ከምዝስገር ይሓቱዎም።

"ብውርውራይ መንገዲ ወይ ማኻይን ህድእ ምስበላ" ብምባል ይምልሱ።

ምኽንያት እንትሓቱዎም ድማ "ዘወርቲ ኣብ ውርውራይ እንትበፅሑ ህድእ ኢሎም ይኸዱ። በዚ ድማ ክንሰግር ከለና ኣቓዲሞም ስለዝርእዩናን ክሳብ እንሓልፍ ስለዝፅበዩናን።" ይብሉ።


"ልዋታት! ብዙሕ ዘኪርኩም። ንኹሎም ሕቶታተይ መሊስኩሞም። ፅርግያ እንትንሰግር ተተሓሒዝና ክንጓተት ኣይግባእን ምባል ግና ረሲዕኹም። ብመምህርኩም እንትትሕተቱ'ሽ ትርስዑ ዶ?" ብምባል ይጥምቱዎም። እቶም ቈልዑ ብሓደ ድምፂ

“ኣይንርስዕን” ይብሉዎም።

“ሓንቲ ሕቶ ተሪፋ” ብምባል፣ በዝሒ ሕብሪ መብራህቲ ትራፊክ ይሓቱዎም።

ነዚኣ እንትሕተቱ ብኢዶም ናብተን መብራህቲ እናመልከቱ ቁፅረን ይዛረቡ። ቀያሕ እንትትበርህ ሕለፉ ምኻና ብምንጋር ንኸስግሩዎም ይዳለዉ።

ኣቦይ ጠዓመ ቀያሕ ምስ በርሀት ኣጋራት ንኸሰግሩ ከምዝተፈቐደ እናዘኻኸሩ ንኸሓልፉ ብኢዶም እናመልከቱ ምስኣቶም ይሰግሩ። ብኸምዚ ንዘዝቐደሙ ቈልዑ የስግሩዎም። ንኣቦይ ጠዓመ ልዕሊ ኩሉ ዘሐጉሶም እቶም ቈልዑ “የቐንየልና። ደሓን ፅንሑ” እንትብሉዎም እዩ።





*ኣቦይ ጠዓመ ቈልዑ ብውርውራይ መንገዲ እንተሰግሩ*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ኣቦይ ጠዓመ ዘቕረቡዎም ሕቶታት ብቕደም ሰዓብ ስርዑ።**

1. ንምንታይ ብፀጋማይኩም ትመርፁ?
2. ብፅርግያ ንምንታይ ዘይትኸዱ?
3. ፅርግያ ብኸመይን መዓዝን ይስገር?

4. ብእግርኹም ብኸመይ ትጉዓዙ?

5. መብራህቲ ትራፊክ ክንደይ ሕብሪ ኣለዎ?

6. መንገዲ ኣጋራት ብኸመይ ትጥቀሙ?

**ለ. ብውርውራይ መንገዲ ፅርግያ እንትንሰግር ተሸከርከርቲ ህድእ ክሳብ ዝብላ ንምንታይ ከም እንፅበይ ብቐደም ሰዓብ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ብምፅሓፍ ግለፁ።**

**ሐ. ኣቦይ ጠዓመ "ኢድን ጓንትን ኮይንና ድሕንነት መንገዲ ንሕሉው" ዝበሉ ንምንታይ እዩ?**

## 9. ቃላት

### ምምስሳል ትርጉም

**ሀ. ኣብዚ ሰደቓ ዝተወሃቡ ቃላትን ሓረጋትን ብምምስሳል ዘልዐሉዎም ዛዕባታት ኣዛመዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ሕጊ ትራፊክ | ሀ. ካብ ጉድለት ጥንቃቐ ይፍጠር |
| 2. መዕጥቖ | ለ. ብየማናይ ኣንፈት ዘውር |
| 3. ሓደጋ መኪና | ሐ. ዝፍጠር ሓደጋ ይንኪ |
| 4. ቈፃል መብራህቲ | መ. ድሕንነት መንገዲ የምህርን ይቆፃፀርን |
| 5. ፖሊስ ትራፊክ | ረ. ምልክት ትራፊክ |
| 6. ድሕንነት መኪና | ሰ. እንትጉዓዝ ምግልባጥ |
| 7. ፍቓድ መዘወሪ | ሸ. ብሰላም ወፂእኻ ብሰላም ትምለስ |
| 8. ፍሬን | ቀ. ውርውራይ መንገዲ |
| | በ. ምሽከርካር ተማሂሮም ከምዝኽእሉ ይነግር |
| | ተ. ናህሪ መኻይን ንምቁፅፃርን ደው ንኽብላን ይጠቅም |

**ለ. ነዞም ብተመሳሳሊ ዘዛመድኩምዎም ቃላትን ሓረጋትን ብቕርፂ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

***ኣብነት፡-***

*ተስፋይ ኩሉ ግዘ ድሕንነት መኪንኡ ስለዝቆፃፀር ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ይምለስ።*

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ቅድሚ ምዝዋርን ኣብ ምዝዋርን ብሽክሌታታት ንዝግበሩ ጥንቃቐታት ዝእዝዙ ብምባል ዝፀሓፍኩምዎም ምሉእ ሓሳባት ብስርዓት ነጥቢ ኣማሊእኹም ብቐደም**

ሰዓብ ስርዑዎም።

| ቅድሚ ምዝዋር ዝግበሩ | ኣብ ምዝዋር ዝግበሩ |
|---|---|
| መጀመርታ<br>___________<br>___________<br>___________ | ፈለማ |
| ብድሕሪኡ<br>___________<br>___________<br>___________ | ስዒቡ |
| ቀጺሉ<br>___________<br>___________<br>___________ | ቀጺሉ |
| መወዳእታ<br>___________<br>___________<br>___________ | መጨረሻ |

## ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ቃላት ጥብቆታት ብምውሳኽ ብትኽክል ፀሓፉ።**

**ኣብነት፦**

ኣስተውዕል -ኡ → ኣስተውዕሉ

1. እንተጋጥም -ኦም
2. ድሕንነት -እን
3. ብምግባር -ኣ
4. ፀገም -ኦም
5. ድቃስ -ኡ

ሰሙን 2 መዓልቲ 6

# 11. ንባብ ፅፈት

## ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "መርኣያ ተግባር" ዝብል ምንባብ ብምዝካር ተዛረቡ።

## ንባብ ኣገላልፃ

"መርኣያ ተግባር" ንዝብል ምንባብ ብኣገላልፃ ኣንብቡ።

# 12. ዝርርብ

"መርኣያ ተግባር" ኣብ ዝብል ምንባብ ንዘለዉ ሓሳባት ኣሕፂርኩም ብቕደም ሰዓብ ፍፃመታት ተዘራረቡሎም።

| ቅደም ሰዓብ | ፍፃመታት |
|---|---|
| መጀመርታ | ኣቦይ ጠዓመ ዝገበሩዎ |
| ማእኸል | ኣቦይ ጠዓመ<br>ተምሃሮ |
| መወዳእታ | ተምሃሮ |

# 13. ሰዋስው

## *ምስምማዕ ኣካል፣ ያታን ቁፅርን*

**ሰዋስዋዊ ጌጋ ንዘለዎም ምሉእ ሓሳባት "x" ምልክት ብምፅሓፍ ኣመልክቱ። ብምቕፃል ኣቃኒዕኹም ፅሓፉዎም።**

**ኣብነት፡-**

*ሳባን ክብሮምን ተፀዋዊያም ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዳ።*

*መልሲ፣ ሳባን ክብሮምን ተፀዋዊያም ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዶም።*

| ምሉእ ሓሳባት | | ምልክት |
|---|---|---|
| 1 | ኣዝመራ መከላኸሊ ሓደጋታት ትራፊክ ትምህርቲ ሂባ። | |
| 2 | ኅይትኦም ስለ ዝደኸሞ ምዝዋር ጠጠው ኣቢሉ ደቂሰን። | |
| 3 | ብሃፍታ፣ እታ ንፋዕ ፖሊስ ትራፊክ፣ መኪና ተሸሊማ። | |
| 4 | ዘወርትን ኣጋራትን ሕግታት ትራፊክ ምኽባር ጀሚሩ። | |
| 5 | ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮ ትራፊክ ፖሊሳት ንዝለዓለ ሓላፍነት ተመሪያም። | |

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እንተ- ጋጥም -ኡ
2. ሰብ -ኣዊ -ነት
3. ከም- እዚ -ኦም
4. ነ- ን- ባዕሎም
5. ከይ- በዝሕ -ኦም
6. እንተ- ዘይ- ተ- ፈለጥ -ኡ

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፃፀልኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፡- ሰብኣውነት -- ሰብ -ኣዊ -ነት**

1. ሰብኣውነት
2. ከምዚኦም
3. ኣጋጣምታት
4. ከይበዝሖም
5. ነንባዕሎም

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ኣብቲ ምንባብ ንዝተወሃበ ስእሊ ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።**


### እዋን ንባብ

**ኣብ ቅድመ ንባብ ገሚትኩም ዝፀሓፍኩምዎም ተግባራት ኣብቲ ምንባብ ምስ ዝተወሃቡ ሓሳባት ኣነፃፅሩ።**

# ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት

ኣብ ምጥቃም ተሽከርከርቲ ድንገተኛ ምግጫውን ምግልባጥን ወትሩ ዘንፀላልዉ ሓደጋታት ትራፊክ እዮም። ሓደጋታት እንትጋጥሙ ዘወርትን ተጐዓዝትን ተደጋጊፎም ንዝተጎድኡ ሰባት ብሓልዮት ይረድኡዎም እዮም። እዚ ካብ ሓልዮት ዝመፅእ ምድግጋፍ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ይበሃል። ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ብሓደጋታት ትራፊክ ዝተጐድኡ ናብ ሕክምና ክሳብ ዝበፅሑ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ።እዚ ረድኤት ነቶም ዝተጎድኡ ሰባት ደም ከይፈሶም፣ ቃንዛ ከይበዝሖምን ጉድኣቶም ከይጋደድን ይጠቅም።

ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ንምሃብ ዘድልዩ ኣገደስቲ ናውትን ተግባራትን ኣለዉ። ስለዚ ኣብ ተሽከርከርቲ ብፍላይ ህዝባዊ መጐዓዝያ፣ ሳንዱቕ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ክህልው ይግብኦ። ኣብቲ ሳንዱቕ ድማ ከም ፋሻ፣ ኣልኮል፣ ጓንትን መቐስን ዝበሉ ጠቐምቲ ነገራት ይርከቡ።



*ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት እናተውሃበ*

ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ዝህብ ሰብ ዝፍፅሞም ብዙሓት ተግባራት ኣለዉ። መጀመርታ ከከም ኩነታቱ ኣድላዪ ረድኤት ንኽህብ ምእንቲ ብሓደጋታት ዝተጐድኡ ሰባት እንትርኢ ክድንግፅ የብሉን። ንባዕሉ ብዝግባእ እንተኣረጋጊኡ ዝገብሮም ነገራት ስለዝቆፃፀሮም ጥንቃቐ ዝተመልአ ረድኤት ንኽህብ የኽእሎ።

ቀዊሉ ዝህቦም ሕክምናዊ ረድኤታት ካብ ምፍታሽ ኩነታት ኣተነፋፍሳን ውቅዒት ልብን ጉዱኣት ይጅምር። እዚኦም ከቢድ ሓደጋ ንዝበፅሖም ቀዳምነት ንምሃብ የኽእሎ። ብሓደጋታት ዝደምዩ ሰባት እንትጋጥሙ ንዝደሚ ኣካሎም ብፋሻ ብምእሳር

ይረድኦም። ነዚኦም ብጥንቃቐን ብቕልጣፈን እንተትግብሮም ውፅኢቶም ልዑል ጥቕሚ ይህሉዎ። ረድኤት ዝወሃበሎም እዋናት እንትዝንግዑ ግና ብንእሽተይ ድጋፍ ክድሕኑ ዝኽእሉ ሰባት ንሞት ክቃልዑ ይኽእሉ እዮም። ካብዚ ዝተለዓለ ዝህቦም ሓገዛት እዋኖም ዝሓለዉ ክኾኑ ይግባእ።

ሓደጋ ንዝበፅሖም ሰባት ብጥንቃቐ ምሓዝ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ዝህብ ካብ ዝገብሮም ተግባራት እቲ ካሊእ እዩ። ብፍላይ ብምኽንያት ምግልባጥ መኪና መስበርቲ ንዝበፅሖም ሰባት ምንቅስቓስ ፅቡቕ ኣይኮነን። ዝተሰበረ ኣካሎም ብቐሊሉ ስለዘይፍለጥ ዝገደደ ንኸይጉድኡ ብዙሕ ከንቀሳቕሶም ኣይግባእን። ካብ ዘለዉዎ ናብ ዝሓሸ ቦታ ንምውሳድ እንተንቀሳቕሶም ድማ ኣዝዩ ጥንቃቐ ብዝተመልአ ኣገባብ ክትግብሮ ይግባእ።

ካሊእ ሓደጋ ንዝበፅሖም ሰባት ዝግበረሎም ድጋፍ ምግብን ማይን ዘይምሃብ እዩ። ብሓደጋታት ንዝተጐድኡ ሰባት ሽዑ ንሽዑ ምግብን ማይን ክወሃቦ ኣይምከርን። እቶም ሰባት ንኽወሃቦም ደጋጊሞም እንተሓተቱ እውን ንኸይዕፍኖምን ካሊእ ሓደጋ ከይፈጥረሎምን ክወሃቦም የብሉን።

ድሕሪ እዞም ጥንቃቐታት ኣምቡላንስ ናብ ዝርከቦም ትካላት ብምድዋል ናብ ሕክምና ይወስዶም። ኣምቡላንስ እንተዘየላ ወይ እንተዘንጊዓ ብጥንቃቐ ብቃሬዛ ናብ ሕክምና ዝረኽብሉ ቦታ የብፅሖም። ኣብ ሕክምና ምስኣብፀሖም ድማ ዝነበረ ኩነታትን ዝሃቦም ረድኤትን ንሓኪም ብዝርዝር ክፍልጥ ትፅቢት ይግበረሉ።

*(ፍልፍል፡- መፅሓፍ ተምሃራይ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 7ይ ክፍሊ፣ 1998፣ መቐለ ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ብሓደጋታት ትራፊክ ________ ይወሃብ። ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ዝህብ ሰብ ብሓደጋ ዝተሃሰዩ ________ የብሉን። ቀዊሉ፣ __________ ብሓደጋ ዝተሃሰዩ ሰባት ክረጋግፅ ኣለዎ። ብሳልሳይ ደረጃ፣ ሓደጋ ንዝበፀሖ ሰብ ________ ኣለዎ። ብራብዓይ ደረጃ ድማ ሓደጋ ንዝበፅሖ ________ ከም ዘይውሃብ ክፈልጥ ኣለዎ።

**ለ. "ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት" ካብ ዝብል ምንባብ ዝሓዝኩምዎም ሓፈሻዊ ቁም ነገራት ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕጺርኩም ፀሓፉ።**

**ሐ. ሳንዱቕ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ኣብ ዘይብሉ ኩነት ንጉዱእ ብኸመይ ምሕጋዝ ይከኣል?**

ሰሙን 3 መዓልቲ 8

## 16. ቃላት

### ሓረጋት ብምጥማር ምሉእ ሓሳባት ምህናፅ

ነዞም ኣብ ጉጅለ "ሀ"ን ጉጅለ "ለ"ን ዝተወሃቡ ሓረጋት ብምጥማር ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።

| ሪ.ቍ | "ሀ" | "ለ" |
|---|---|---|
| 1 | ውርውራይ መንገዲ | ሰለስተ ሕብሪ |
| 2 | መብራህቲ ትራፊክ | መሳገሪ ፅርግያ |
| 3 | ምልክታት ትራፊክ | ምፍሳስ ደም |
| 4 | ሓደጋ ትራፊክ | ዝተፈላለዩ መልእኽትታት |
| 5 | ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት | ጉድለት ጥንቃቐ |

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

ቅድሚ ምዝዋርን ኣብ እዋን ምዝዋርን ብሽክሌታ ዝግበሩ ጥንቃቐታት ብቕደም ሰዓብ "መጀመርታ፣ ብድሕሪኡ፣ ቀጺሉ፣ መወዳእታ" ብዝብል ዝፅሓፍኩምዎም ሓሳባት ብምውዳድ ክልተ ትእዛዛዊ ዓንቀፃት ኣፅፈፍኩም ፀሓፉ።

### ኣፀሓሕፋ

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ጥብቆታት እናወሰኽኩም ብትኽክል ፀሓፉ።

| ሪ.ቍ | ቃላት | - ኣ | - ኡ | - ኦም | - ኣን |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሓኪም | | | | |
| 2 | ፍልጠት | | | | |
| 3 | ግቡእ | | | | |
| 4 | ኣሰር | | | | |
| 5 | ጉድኣት | | | | |
| 6 | ሓገዝ | | | | |
| 7 | ተግባራት | | | | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

"ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት" ንዝብል ምንባብ ብምዝካር ሓፈሻዊ ትሕዝትኡ ተዛረቡ።

### ንባብ ናህሪ

"ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት" ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፃት ሰለስተን ኣርባዕተን ብናህሪ ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

ኣብዚ ምዕራፍ ናይ ዝቐረቡ ምንባባት ትሕዝቶታት ኣሕጺርኩምን ኣዋዲድኩምን በብ ጉጅለኹም ብምዝርራብ ብቓል ኣቕርቡ።

## 20. ሰዋስው

### ምስናይ ኣካል፣ ቁፅርን ፆታን

ሀ. ንሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ብትኽክል ዘማልእ ቃል ምረፁ።

1. ሓጐስ ናብ ቤት ትምህርቲ ብሞተር ብሽክሌታ ________።

   ሀ. መፂኡ   ለ. መፂኣ   ሐ. መፂኦን   መ. መፂኦም

2. እተን ትራፊክ ፖሊሳት ________።

   ሀ. ሓሊፉ   ለ. ሓሊፋ   ሐ. ሓሊፈን   መ. ሓሊፎም

3. ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት ብሓደጋ ትራፊክ ዝተጐድኡ ሰባት ናብ ሕክምና ክሳብ ________ ይወሃብ።

   ሀ. ዝበፅሕ   ለ. ዝበፅሑ   ሐ. ዝበፅሓ   መ. በፂሖን

4. ገብረ ብሽክሌታ ዝውር ውዒሉ ስለዝደኸሞ ቀልጢፉ ________።

   ሀ. ደቂሳ   ለ. ደቂሰን   ሐ. ደቂሱ   መ. ደቂሶም

5. እቶም ነጋዶ ገንዘብ ________ መኪና ዓዲጎም።

   ሀ. ኣዋፂኡ   ለ. ኣዋፂኦም   ሐ. ኣዋፂኣ   መ. ኣዋፂኦን

**ለ. ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ብነፀላ ቁፅሪ ዝተፀሓፉ ስማትን ግስታትን ናብ ብዙሕ ቁፅሪ ብምቕያር ፀሓፉ።**

1. ኣብ መንገዲ ዝግበር ምልክት ትራፊክ ጠቓሚ እዩ።
2. እቲ መንእሰይ ነቲ ሓደጋ መኪና ዝበፅሖ ቈልዓ ሓጊዙዎ።
3. ዘዋሪ መኪና ጥንቁቕ ክኸውን ይግብኦ።
4. እታ ፖሊስ ትራፊክ መንቀሊ ሓደጋ ትራፊክ ኣምሂራ።
5. እታ መኪና ብሰላም ተመሊሳ።



# ፅርየትን ፅሩይነትን

5

## ሰሙናዊ ርእሲ ፅርየት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. ኣይ- ሰኣን -ኡ -ን
2. ኣይ- ጠፍእ -ኡ -ን
3. ኣይ- ነብር -ኡ -ን
4. ከም- ዘይ- እከብ
5. እንት- ን- ሰርሕ -ን
6. እንት- ልቕልቕ -ኡ

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**


**ኣብነት፡- ኣይሰኣኑን -- ኣይ- ሰኣን -ኡ -ን**

1. ኣይርድኡን
2. ብዝተናኸፍ
3. እንትንሕዝ
4. ዝኸደኑዎም
5. ንዘኣጓነፎም
6. እንተሸፈኑ

# 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

## ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ “ፅሩይን ዘይፅሩይን” ንዝብሉ ሓሳባት ዝገልፁ እትፈልጡዎም ቃላት ወይ ሓረጋት ፅሓፉ።**




## እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ተፃረርቲ ጉዳያት ተባሂሎም ዝተገለፁ እንታይን እንታይን እዮም?
2. ፅርየት እንታይ ማለት እዩ?
3. መሰረታዊ መንገዲ ምሕላው ፅርየት ተባሂሉ ዝተገለፀ እንታይ እዩ?
4. ዓንቀፅ 4 “ብኣፃንሩ” ብዝብል ቃል ዝጀመረ ንምንታይ ይመስለኩም?

# ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ

ፅርየትን ርስሓትን ምስ ጥዕና ዝተሓሓዙ ተፃረርቲ ነገራት እዮም፡፡ ፅርየት ንጥዕና ምቹው ኩነታት ይፈጥር፡፡ ርስሓት ግና ኣንፃር ጥዕና ንዝኾኑ ተሃዋስያን ዝጥዕሞም ሃዋህው የጣጥሕ፡፡ እዞም ተፃረርቲ ጉዳያት ኣብ ህይወት ሰባት ኣይሰኣኑን፡፡ ክልቲኦም ሓውን ሓሰርን ስለዝኾኑ ድማ ብሓባር ኣይነብሩን፡፡ ፅርየት እንተሃልዩ ርስሓት ይዕብለልን ይጠፍእን፡፡ ርስሓት እንተሸዲኑ ድማ ንፅርየት የሕምቆ፡፡ ካብዚ ዝተለዓለ እቲ ሓደ እንተሃልዩ እቲ ካሊእ ኣይርከብን፡፡ ፅርየት ዋሕስ ጥዕና እንትኸውን ርስሓት ድማ ፍልፍል ሕማምን ስቓይን እዩ፡፡

ብሓፈሻ ፅርየት ካብ ርስሓት ነፃ ምኳን ማለት እዩ፡፡ ፅርየት ዝተፈላለዩ ሕማማት ዘምፅኡን ዘመሓላልፉን ተሃዋስያን ንምክልኻል ይሕግዝ፡፡ ከምቲ "ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና" ዝባሃል፣ ርስሓት ብምክልኻል ጥዕና ይሕሉ፡፡



ኢድ ብግቡእ እንትፀርይ

ምሕላው ፅርየት ምስ ብዙሓት ነገራት ንዝተናኸፍ ኢድ ብምፅራይ ይጅምር፡፡ ኢድ ካብ ርስሓት ነፃ ንምግባር ብሳሙና ኣፅሪኻ ምሕፃብ የድልይ፡፡ ብዙሓት ሰባት ምሕፃብ ኢድ ከም መሰረታዊ መንገዲ ምሕላው ፅርየት ይጥቀሙሉ፡፡ ኢዶም ብዙሓት ነገራት እንትሰርሕን እንትሕዝን ሕማም ዘምፅኡ ተሃዋስያን ከምዝሸከም ይርድኡ፡፡ ካብዚ ብምብጋስ በብግዚኡ ብማይን ብሳሙናን የፅርዩዎ፡፡ ቅድሚ ምምጋቦምን ድሕሪኡን ኢዶም ኣፀቢቖም የፅርዩ፡፡ ድሕሪ ሽቓቕ ምጥቃሞም እውን ብሳሙና ይሕፀቡ፡፡

እዞም ሰባት ርስሓት ኣብ ኢድ ጥራይ ከምዘይእከብ ይርድኡ እዮም፡፡ ገፆም፣ ፀጉሮም፣ ሰብነቶምን ክዳውንቶምን ንኸይረስሑ ይጥንቀቑ፡፡ እዚ ድማ ርስሓትን ርስሓት ዝሸከሞም ተሃዋስያንን ብምጥፋእ ጥዕና ንኽወርሱ ይሕግዞም፡፡

ብኣንፃሩ፣ ብዛዕባ ኣድላይነት ምሕላው ፅርየት እኹል ፍልጠት ዘይብሎም ሰባት ኣለዉ፡፡ እዞም ሰባት ሰኣን ምፍላጦም ፅርየቶም ንምሕላው ዘርእዩዎ ተበግሶ ትሑት እዩ፡፡ ተረፍ መረፍን ጕሓፍን ኣብ ዘዝረኸቡዎ ቦታ ይድርብዩ፡፡ ከባቢኦም ብግቡእ ስለዘየፅርዩ ኣብ ዝነብሩሉን ዝሰርሑሉን ቦታ ጕሓፍ ይእከብ፡፡ እዚ ድማ ሕማም ዘምፅኡን ዘመሓላልፉን ተሃዋስያን ንኽራብሑ ምቹው ባይታ ይፈጥረሎም፡፡

ኣብ ዝወዓሉ ውዒሎም ኢዶም ብማይ እንትልቕለቑ ዝፀረዩ ይመስሎም፡፡ ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ ምውሳኽ፣ ጥዕናኦም ከምዝጎድል ኣይርድኡን፡፡ እዚ ኣብ ምትግባር "ተኸላኺልካ ጥዕና" ኣብ ዝብል ኣተሓሳስባ ከምዝደኸሙ የመላኽት፡፡


ካብዚ ዝተለዓለ፣ ምሕላው ፅርየትን ምርግጋፅ ጥዕናን ክልተ ገፃት ሓንቲ ሳንቲም ይኾኑ፡፡ ኩሎም ንምሕላው ፅርየት ዝትግበሩ ንጥፈታት ዕላምኦም ምርግጋፅ ኩለመዳያዊ ጥዕና እዩ፡፡ ኣድላይነት ምሕላው ፅርየት ዝፈልጡ ሰባት ባዕሎምን ከባቢኦምን ንኸፅርዩ ይፅዕሩ፡፡ በብእዋኑ ስጉምትታት ብምውሳድ ርስሓት ዝፍጠረሎም ምኽንያታት ይንክዩ፡፡ ርስሓት እንትፍጠር ድማ ብግቡእ ጥንቃቐ ይኣልዩ፡፡

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ፅርየትን ርስሓትን ንምንታይ “ሓውን ሓሰርን” ተባሂሎም?
2. ርስሓት ኣብ ከመይን ኣበይን ዝበለ ኩነትን ቦታን ይፍጠር?
3. “ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ” ዝብል ኣገላልፃ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንታይ እዩ?
4. ጠመተ እቲ ምንባብ ኣብ ሕክምና ድዩ ኣብ ምክልኻል? ብምኽንያት ዝተደገፈ መብርሂ ሃቡ።

**ለ. ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ብምጥቃም ኣፈላላይን ሓድነትን “ሓሚምካ ምሕካም” ን “ምክልኻል ሕማም” ን ዝገልፁ ሓሳባት ፀሓፉ።**




**ሐ. ምሕላው ፅርየትን ጥዕናን “ክልተ ገፃት ሓንቲ ሳንቲም” ዘብሎም እንታይ ምኻኑ ዝገልፅ በዓል ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳብ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## ሰሙን 1 መዓልቲ 2

# 3. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ


**ነዞም ቃላትን ሓረጋትን ብተፃራሪ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| ‘ሀ’ | ‘ለ’ |
|---|---|
| ____1. ርስሓት | ሀ. ጠቐምቲ |
| ____2. ሸለልትነት | ለ. ምዑዝ |
| ____3. ሓውን ሓሰርን | ሐ. ግዱስነት |
| ____4. ኩለመና | መ. ሓይሉ |
| ____5. ሕማቕ ጨና | ረ. ማይን ፀባን |
| ____6. ዓብሊሉ | ሰ. ተፃብኡ |
| ____7. ስኒት | ሸ. ተዋሒጡ |
| ____8. ሸዲኑ | ቀ. ምችው ሃዋህው |
| | በ. ፅርየት |
| | ተ. ውሱን |

# 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

"ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ" ካብ ዝብል ምንባብ ብዛዕባ ምህላውን ዘይምህላውን ፅርየት ብምንፅፃር ዝገልፅ ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ዝጠቕሙ ሓሳባት ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ኣስፍሩ።




### ኣፀሓሕፋ

እዞም ኣብዚ ሰደቓ ዝተወሃቡ ኣብ መወዳእትኦም "- ቲ" ዝወሰዱ እንተኾይኖም (√) ምልክት፣ ዘይወሰዱ እንተኾይኖም ድማ (x) ምልክት ብምፅሓፍ ኣርእዩ።

ኣብነት

| | ምልክት |
|---|---|
| ጠንቂ | x |
| ጨነው | √ |

| | ምልክት |
|---|---|
| ጉዳእ | |
| ማይ | |
| ጥንቁቕ | |
| ፈሰስ | |
| ጥዕና | |
| ፍታን | |
| ፅረይ | |
| ተመገብ | |
| ልምዶም | |
| ሽቓቕ | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ" ዝብል ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### ንባብ ምልከት

**"ሰኣን ሓንቲ ዓፍራ" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ኣብ ሓደ ደቒቕ ብምልከት ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ብእግሪ ቀዳሞት ይኸዱ ዳሕረዎት



*ሕማቕ መርኣያ ፅርየት*

### ቅድመ ምድማፅ

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. "ብእግሪ ቀዳሞት ይኸዱ ዳሕረዎት" ዝብል ምስላ ዘሕልፎ መልእኽቲ ግለፁ።
2. ነዚ ዝተወሃበ ስእሊ ብምርኣይ ትሕዝቶ ዝንበበልኩም ፅሑፍ ገምቱ?

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ቈልዑ ኣተሓሳልዋ ፅርየት_______ን_____ን ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ሰባት ይመሃሩ።
2. ድሕሪ ምጥቃም ሽቓቕ ኢድካ _______ ን _______ን ምሕፃብ የድልይ።
3. ፅርየቶም ንኽሕልዉ ዘይንገሮም ቈልዑ _______ ይበልዑ።
4. ፅርየቱ ዘይሕሉ ስድራ ን ________ ይቃላዕ።

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣፈላላይ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ዝርከብ ትምህርቲ እንታይ እዩ?
2. ኣብቲ ምንባብ "ብእግሪ ቀዳሞት ይኸዱ ዳሕረዎት" ዝብል ምስላ ዘሕለፎ መልእኽትን ኣብ ቅድመ ምድማፅ ምስ ዝሃብኩምዎ መልሲ ብኸመይ ይመሳሰል?
3. ሰባት ኣብ ፅርየት ዘለዎም ግንዛበ ከመይ የዕብዮ?
4. ብዛዕባ ኣተሓላሊዋ ፅርየት ካብ ተግባራት ድሙ እንታይ ትምህርቲ ይርከብ?

**ለ. ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ብሓደ ዓንቀፅ ፀሚቕኩም ኣቕርቡ።**

## 7. ሰዋስው

### *ገለፅቲ ቃላት*

**ሀ. ነዞም ገለፅቲ ቃላት ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፡- ፃዕዳ = ፃዕዳ ርግቢት ተምሳሌት ሰላም እያ።*

1. ዓብዪ
2. ረሳሕ
3. ፅሩይ
4. ንፍዕቲ
5. ቀዳሞት
6. ርሑቕ

**ለ. ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ገለፅቲ ቃላት ፍለዩ።**

1. ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርትና እነዕርፈሉ ዓብዪ ኦም ኣሎ።
2. እታ ፅርይቲ ቈልዓ ለምለም ድያ?
3. ሂርሜላን ክብሮምን ነዊሕ መንገዲ ስለዝተጕዓዙ ርሂዖም።
4. ብዙሓት ተምሃሮ ኢዶም ተሓፂቦም።
5. እቲ ቈልዓ ረሳሕ ማይ ስለዝሰተየ ከብዱ ሓሚሙ።

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ንባብ ምጅማርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. "ሓደን ክልተን" ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ይገልፅ?
2. ነዚ ርእስን ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ስእልታትን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ዝንባለ ካሌብ እንታይ እዩ?
2. ትርሓስ ካብ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ብጉያ ምኻድ ዘይትፈትው ንምንታይ እዩ?
3. "ርሂፀ ወይ ረሲሐ" ዝብል ስክፍታ ዘይብሉ መን እዩ?
4. ትርሓስ ንካሌብ ብዙሕ ግዘ እትመኽሮ ዝነበረ እንታይ እዩ?

# ሓደን ክልተን

ካሌብን ትርሓስን ደቂ ክልተ ኣሕዋት እዮም። ክልቲኦም ሓቢሮካ ምውዓል ዝፈትዉ ግና ብዝንባለን ባህርይን ዝፈላለዩ ኣሕዋት እዮም። ካሌብ ኣብ መድረኽ ኣትሌቲክስ ዓዱ ከፀውዕ ይምነይ። ትርሓስ ድማ ጋዜጠኛ ብምዃን ዓወታት ካሌብ ክትፅብፅብ ትብህግ። ክልቲኦም ዘዝምነዩዎ ንኽረኽቡ ተደጋጊፎም ብዙሕ ይፅዕሩ።

እዞም ኣሕዋት ንጉሆ ንጉሆ ናብ ቤት ትምህርቲ እናተኻትዉ ይኸዱ። ካሌብ "ኣብ መንገዲ ፈዘዝ ካብ ንብል ዮግዞግ እናበልና ወይ እናጐየይና ዘይንኸይድ" እናበለ ንትርሓስ ይሓታ። ትርሓስ ግና "እንተጐዪና ክንርሀፅ ኢና" ብምባል ክትጐዪ ከምዘይትደልይ ትገልፀሉ። "ዝኾነ ሰብ እንተርሂፁ ክሕፀብ ኣለዎ።" ትብሎ። ብኸምዚ እናተኻትዉ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ትምህርቶም ይበፅሑ።

ካሌብ ወትሩ ነቲ ቀፀሪ ቤት ትምህርቲ ሓደ ግዘ እናጐየየ ይኾልል። እዚ ኩሉ ግዘ ዝገብሮ ንጥፈት እዩ። ርሃፅ ብርሃፅ ኮይኑ ናብቲ ትርሓስ ዘላቶ ቦታ ይበፅሕ። ካብኡ ምስርሃፁ ናብ ክፍሊ ይኣትው። "ርሂፀ ወይ ረሲሐ" ዝብል ስክፍታ የብሉን። ነቲ ቀፀሪ ንምዛር ዝወስደሉ ግዘ ካብ እዋን ናብ እዋን ኣመሓዩሹዎ እዩ። ትርሓስ ነቶም ሰዓታት ስለትምዝግቦም ብኸንደይ ከምዘመሓየሸ ትነግሮ። ካሌብ ድማ ኣትሌት ናይ ምዃን ሕልሙ ዝገሃደሉ እዋን ይስምዖ።



*እግራ ተሓፂባ እንትተንቅፅ*

ትርሓስ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስተመለሰት ኢዳ፣ እግራን ገፃን ብሳሙና ኣፅርያ ትሕፀብ። ብድሕሪኡ ምስሓ ትበልዕ፣ ጋዜጣ ወይ መፅሄት እናንበበት ንእሽተይ ተዕርፍ። እንተ ካሌብ ግና ቦርስኡ ኣቐሚጡ ንይምሰል ናብ ኢዱ ንእሽተይ ማይ ኣሕሊፉ ይመስሕ። ቀጺሉ፣ ናብ ምልምማድ ጉያ ይኸይድ። ካሌብ ንፉዕ ኣትሌት ክኸውን ስለዝደልይ ዘፅንዐሉ ሰዓት ክሳብ ዝኣክል ይለማመድ። ሰዓት ምስኣኸለ ድማ

እናተሃንፈፀ ናብ እንዳ ትርሓስ ይኸይድ።

ክልቲኦም ኣብ መሬት ኣብ ዝተነፀፈ ፍርናሽ እናተረዳድኡ የፅንዑ። ካሌብ ከፅንዕ እንትመፅእ እናንፀርፀረ ጫምኡ ብምውፃእ እግሩ ብማይ ይልቕለቕ። ብሳሙና ምሕፃብ ኣይፈቱን። በዚ ድማ ጉይይ ዝውዕለሉ ጫምኡን ካልሱን ብጣዕሚ ይጨንው። እንትዛረብን እንትስሕቕን ተመዊፁ ዘይፈልጥ ዓማል ስኑ ይረኣይ። ብፍላይ ኣብ መራር ፀሓይ እንትጉዩ ብርሃፅን ርስሓትን ኣብ ካናቴርኡ ዝተፈለየ ቅርፂ ይሰኣል። ሽዑ ዋላ ንምርኣዩ የፅልእካ።


ትርሓስ "ብሳሙና ተሓፀብ፣ ካልስኻን ጫማኻን በብእዋኑ እናቐየርካ ከምዘይጨንው ግበሮ" እናበለት ንብዙሕ እዋን መኺራቶ ነይራ። ካሌብ ግና ብሓደ እዝኑ ሰሚዑ በቲ ካሊእ ስለዝሰዶ ምምካር ኣቋሪፃቶ። ካሌብ ብዛዕባ ጉያን ትምህርትን ጥራሕ እዩ ምስ ትርሓስ ዝሰማምዕ። ብዛዕባ ውልቃዊ ፅርየት ግና ክንዲ ርሕቐት ሰማይን መሬትን ይፈላለዩ እዮም።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሓባራዊ ባህርያት ትርሓስን ካሌብን እንታይን እንታይን እዮም?
2. ኣብ ካሌብ ዝተርኣዩ ክልተ ጉድለታት ፅርየት ግለፁ።
3. ካሌብን ትርሓስን ኣብ ፅርየት ዘለዎም ፍልልይ ምኽንያቱ እንታይ ይመስለኩም?
4. "ብሓደ እዝኑ ሰሚዑ በቲ ካሊእ ይሰዶ" ዝብል ኣበሃህላ ብምንታይ ይትካእ?
5. "ክንዲ ርሕቐት ሰማይን መሬትን ይፍላለዩ" እንታይ ይገልፅ?

**ለ. ኣብ መንጎ ትርሓስን ካሌብን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ኣተሓላልዉ ፅርየት በዚ ዝስዕብ ስእላዊ መዋደዲ ግለፁ።**



## 9. ቃላት

### *ፍታሕ ቃላት*

**ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ዘርእዩ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

1. ዝንባለ
2. ስክፍታ
3. ሓደን ክልተን
4. ዓማል
5. ሰማይን መሬትን

## 10. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ፅርየት እናንፃፀርኩም ንምግላፅ ዝኣከብኩምዎም ሓሳባት እናዋደድኩም ገርፌ ዓንቀፅ ኣዳሉዉ።**

### *ኣፀሓሕፋ*

**ነዞም ስዒቦም ዝተወሃቡ ኣስተኻኺልኩም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ባህሪ → ባህርይ*

1. ፅሬት
2. ድሌት
3. ሂወት
4. መሬት
5. ጥሜት
6. ጤል
7. ስቤት

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ካብ "ሓደን ክልተን" ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ትሕዝቶ ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

"ሓደን ክልተን" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ክልተ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 12. ዝርርብ

"ሓደን ክልተን" ካብ ዝብል ምንባብ ካሌብን ትርሓስን ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ተዘራሪብኩም ብምፅማቕ ብቓል ኣቕርቡ።

## 13 ሰዋስው

### ዓይነታት ገለፅቲ

ብመሰረት እቲ ሰደቓ ኣብ ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ገለፅቲ ዓይነቶም ፍለዩ።

*ኣብነት፡-*

| ምሉእ ሓሳባት | መጠን ገላፂ | ዓይነት ገላፂ | ባህርይ ገላፂ |
|---|---|---|---|
| • ብዙሕ ሰብ ኣብ ወፍሪ ፅርየት ተሳቲፉ። | ብዙሕ | | |
| • ኣምለሱ ፃዕዳ ክዳን ዓዲጋ። | | ፃዕዳ | |
| • ኣብ ክለብ ፅርየት ንፉዓት ዝኾኑ ተምሃሮ ተሸሊሞም | | | ንፉዓት |

| ሪጋ | ምሉእ ሓሳባት | መጠን ገላጺ | ዓይነት ገላጺ | ባህርይ ገላጺ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ማህሌት ቈፃል ሕዲያቱ ነፀላ ተኸዲና። | | | |
| 2 | ካሌብ ውልቀ ፅርየቱ ኣብ ምሕላው ግዱስ ተምሃሪ እዩ። | | | |
| 3 | ገብረመስቀል ቀይሕ ብዕራይ ዓዲጉ። | | | |
| 4 | ኣብ ቤት ትምህርትና ውሑዳት ዕምበባታት ተተኺሎም። | | | |
| 5 | እታ ነዋሕ ቈልዓ ኣልማዝ ድያ? | | | |
| 6 | ትሕሽ ኣናእሽተ ቈልዑ ኣለውዋ። | | | |
| 7 | ክለብ ጥዕና ንብዙሓት ተምሃሮ ስልጠና ሂቡ። | | | |
| 8 | ስዕዲ ንፍዕቲ ተምሃሪት እያ። | | | |

# ሰሙናዊ ርእሲ ፅርየት ከባቢ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

ነዞም ካብ ቁፅሪ 1-4 ዝተወሃቡ ኣብቲ ሰደቓ ካብ ዝቐረቡ ጥብቆታት እናወሰኽኩም ዝተፈላለዩ ቃላት ብምምስራት ኣንብቡ።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ኣይ - | እንት - | ስለ - | ዘይ - | ዝ - | ኣ - |
| ዘይ - | እንተይ - | ተ - | እንተ - | ን - | ከይ - |

1. ፅርይ
2. ህልው
3. ስርሕ
4. ብክል

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ኣብቲ ምንባብ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

### እዋን ንባብ

“ፅርየት ከባቢ” ንዝብል ምንባብ እናንበብኩም ነቶም ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት ኣብ መዘክር ሓዙ።

# ፅርየት ከባቢ

ከባቢና ብዙሓት ነገራት ዝሓዘ እዩ። ገዛ፣ መረባ፣ ቤት ትምህርትን፣ ዝኣመሰሉን ዝሕዙዎም ጠቐምቲ ነገራት የጠቓልል። እዚኦም ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንውልቃውን ሓበራውን ረብሓታት ነውዕሎም። ኩሎም ድማ ግቡእ ክንክን እንትንገብረሎም ፅርየት ከባቢና ንምርግጋፅ ይሕግዙ።



*ፅርየቱ ኣብ ዝተሓለወ ከባቢ ሰባት እንትዘናግዑ*

ፅሩይ ከባቢ ደረቕ ኮነ ፈሳሲ ጐሓፍ ኣይርከቦን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ከባቢ ርስሓት ኣብ ዝተዳለዉ መዋህለልታት ስለዝእከብ ኣይበታተንን። ብተወሳኺ፣ ብሽንትን ብፍታንን ንኸይግዕዝይ ብዝግባእ ተሰሪሑ ብፅርየት ዝተሓዝ ሽቓቕ ዘለዎ እዩ። እቲ ከባቢ በዞም ዝተሓበሩ ጥንቃቐታት ስለዝፀርይ ፍልፍል ሕማም ዘምፅኡን ዘሕልፉን ሃመማታትን ጀርምታትን ኣይኽውንን።

ፅርየቱ ዝተሓለወ ከባቢ ብተኽልታትን ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ዕምበባታትን ዝማዕረገ እዩ። እዚኣቶም ፅባቐ እቲ ከባቢ ንዓይኒ ዝስሕብ ይገብሩዎ። ካብዞም ተኽልታትን ዕምበባታትን ዝፍልፍል ፅቡቕ ጨና ፍስሃ ይፈጥርን ንጥዕና ይሰማማዕን። ከምዚ ንዝበለ ከባቢ ንኽንነብረሉን ክንዘናግዐሉን ስለእንመርፆ ናብኡ ንውሕዝ። ኣብቲ ከባቢ ምስከድና ድማ እናዋጋዕና ወይ እናንበብና እንተይተፈለጠና ንነዊሕ እዋን ክንፀንሕ ንኽእል።

ኣብ ፅሩይ ከባቢ ዝርከቡ ፍልፍላት ማይን ሩባታትን ፅሩያት እዮም። ናብቶም ማያዊ ኣካላት ዝድርበይን ዝፈስስን ርስሓት ስለዘይህሉ ብቐሊሉ ኣይበላሸዉን። በዚ ድማ ብዘይ ስግኣት ንዝተፈላለዩ ረብሓታት ንጥቀመሎም። ካብቶም ረብሓታት ምርባሕ ዓሳን መስኖን ከም ኣብነት ይጥቀሱ።



*ጕሓፍ ዝበዝሖን ፅርየቱ ዘይተሓለወን ከባቢ*

ብኣንፃሩ ፅርየት ዘይብሉ ከባቢ መአከቢ ደረቕን ፈሳስን ጕሓፍ እዩ። ኣብ ዘይፀረየ ከባቢ መእለዪ ጕሓፍ ስለዘይህልው በብ ቦትኡ ዝወደቐን ዝፈሰሰን ርስሓት ይርከብ። ኣብዚ ከባቢ ተረፍ መረፍ ምግቢ፣ ኣዕፅምቲ፣ ወረቓቕቲ፣ ላስቲክን ዝኣመሰሉን ደረቕ ጕሓፋት ፈቐድኡ ይርአዩ። ኣብ ዘይፀረየ ከባቢ ዝርከብ ሸቓቕ ብግቡእ ስለዘይተሓዝ ብሽንትን ፍታንን ይግዕዝይ። በዚ ድማ መፍጠሪ ሕማም ዘምፅኡን ዘመሓላልፉን ተሃዋስያን ስለዝኸውን ንጥዕናና ፀገም ይፈጥር።

ኣብ ዘይፅሩይ ቦታ ዝርከቡ ማይን ምግብታትን ብቐሊሉ ንምረዛ ይቃልዑ። ነዚኦም እንትንጥቀመሎም ድማ ንሕማማት ንቃላዕ። ተኽልታት እኳ እንተቦቖሉ ክንክን ስለዝሓርሞም ሕማቕ ጨና እቲ ከባቢ ምቕያር ኣይኽእሉን። ፅርየቱ ዘይሕለው ከባቢ ንፁህ ኣየር ስለዘይነፍሶ ኣደዳ ሕማማት ይገብረና። እዚ ከባቢ ፅሩይ ብዘይ ምዃኑ ንምዝንጋዕ ኮነ ንምንባር ኣይምረፅን፣ ብጥቕኡ ንምሕላፍ እውን ኣየብህግን።

ውልቃውን ሓበራውን ረብሓታት ዝህቡና ነገራት ክንክንን ክትትልን የድልዮም። ካብዚ ምግባር እንተኽኢልና ከባቢና ይፀርይ። እንተፀርዩ ድማ ኣብኡ ንምንባር፣ ንምስራሕን ንምዝንጋዕን ምችዊ ይኸውን። ነዞም ረብሓታት ብቐፃልነት ንኽንረኽቦም በብውዕሎና እጃምና ክነወፍይ ይግበአና።

## ድሕረ ንባብ

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ “ልክዕ” ንዘይኮኑ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።

1. ምሕላው ፅርየት ገዛ ንፅርየት ከባቢ ሓጋዚ እዩ።
2. ሰባት ንባዕሎም ብምፅራዮም ጥራሕ ፅርየት ከባቢ ይረጋገፅ።
3. ፅርየት ኣብ ዘይብሉ ከባቢ ተኽልታት ኣይበቑሉን።
4. ፅርየት ከባቢ ብፅርየት ውሱናት ነገራት ኣይግለፅን።
5. ፅርየት ሩባታትን ፅርየት ከባብን ኣይፈላለዩን።

ለ. ኣብ ፅሩይ ከባቢ “ደረኽ ኮነ ፈሳሲ ጐሓፍ ኣይርከብን” ዝተበሃለ ንምንታይ እዩ?

ሐ. ኣብ ሓደ ከባቢ ሓበራዊ ረብሓታት ካብ ዝህቡ ነገራት ሰለስተ ብምፅራሕ ዝህቡዎም ጥቕምታት ግለፁ።

መ. ብተኽልታትን ዕንበባታትን ዝማዕረገን ዝባደመን ከባቢ ዘነፃፅር ዓንቀፅ ብጉጅለ ብምኳን ፀሓፉ።

## 16. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ ቃላት

**ተፃራሪ ፍታሕ ዝሰዕቡ ቃላት ፀሓፉ።**

1. ፅሩይ
2. ዝሰሕብ
3. ደረቕ
4. ረብሓ
5. ምፅሩግ
6. ነፂፉ
7. ሰጢሙ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ንዛዕባ ፅርየት ብምንፅፃር ዘቕርብ ብገርፌ ዘዋደድኩምዎ ዓንቀፅ ኣፅፊፍኩም ወድኡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ቃላት "- ኣት" ብምውሳኽ ብትኽክል ፀሓፉ። ዝርእዩዎ ለውጢ ፊደላት ሓብሩ።**

1. ብዙሕ
2. ፅሩይ
3. ደረቕ
4. ፅቡቕ
5. ሕማቕ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፊሻዊ ትሕዝቶ “ፅርየት ከባቢ” ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?**

### ንባብ ናህሪ

**“ፅርየት ከባቢ” ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፅ ሽዱሽተ ብናህሪ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ትሕዝቶ “ፅርየት ከባቢ” ዝብል ምንባብ ገምግሙ።**

## 20. ሰዋስው

### ገለፅቲ ቃላት

**ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ገለፅቲ ብምፍላይ ዓይነቶም ፀሓፉ።**

| ምሉእ ሓሳባት | ገላፂ | እንታይ ይገልፅ |
|---|---|---|
| 1. ቤት ትምህርትና ብሓምለዋይ ተኽሊ ማዕሪጉ። | | |
| 2. ንፉዓት ተምሃሮ ንፅርየት ከባቢ ግዱሳት እዮም። | | |
| 3. ኣብ መረባና ፀዓዱን ቀያሕትን ዕምበባታት ተኺልና። | | |
| 4. እታ ዓባይ ዳዕሮ ነቲ ከባቢ ኣማዕሪጋቶ። | | |
| 5. ኣደይ ናብ ርሑቕ ዕዳጋ ከይዳ። | | |
| 6. እታ ነዋሕ ሰበይቲ ኣተሓላሉዋ ፅርየት ከባቢ ኣስተምሃሮ ሂባ። | | |
| 7. ሓጐስ ሓፃር ኣድጊ ዓዲጉ። | | |



# 6

# ምግቢ

## ሰሙናዊ ርእሲ ምግብታት ውፅኢት እንስሳት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### *ምጥማር*

**ብመሰረት ዝተወሃቡ ኣብነታት ተናቢቦም ዝኸዱ ቃላት እናመስረትኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡-* *ሀ. ሰዋ -- ተፀሚቖ*

*ለ. መጠቓ -- ተመጢቑ*

1. ቅጫ
2. ፀብሒ
3. ብርዚ
4. ሽሮ
5. ሕንባሻ
6. ሜስ
7. ጥሕሎ
8. ገዓት

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብሊፅኩም እትፈትዉዎ ዓይነት ምግቢ እንታይ እዩ? ካብ እንታይ ይስራሕ?
2. ብዛዕባ ምግብታት ቅድሚ ሐዚ ዘንበብኩምዎ መፅሓፍ ወይ ፅሑፍ እንታይ ይገልፅ?
3. "ውፅኢት እንስሳት ከም ምግቢ" ዝብል ምንባብ ትሕዝቶኡ እንታይ ይመስለኩም?

## *እዋን ንባብ*

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እንበልዖም ምግብታት ካብ እንታይ እንታይ ይርከቡ?
2. ስጋ እንታይ እንታይ ትሕዝቶ ኣለዎ?
3. ካብ ፀባን ውፅኢቱን እንታይ እንታይ ዓይነት ምግብታት ንረክብ?
4. ካብ ስጋ፣ ፀባን እንቁላሊሕን ብዙሕ ፕሮቲን ዘለዎ ኣየናይ እዩ?

# ውፅኢት እንስሳት ከም ምግቢ

ከከም ልምድና ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ንምገብ። ነዞም ምግብታት ካብ እንስሳትን ተኽልታትን ወይ ድማ ውፅኢቶምን ንረኽቦም። ስጋ፣ ፀባን እንቁላሊሕን ካብ እንስሳት እንረኽቦም ምግብታት እዮም። ነዞም ውፅኢት እንስሳት ብዝተፈላለዩ መንገድታት እናዳለና ንምግብነት ንጥቀመሎም።

ስጋ ካብ ከፍቲ፣ ጤለ በጊዕ፣ ደርሆን ዓሳን ዝርከብ ኮይኑ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንምግብነት ይውዕል። ዝበዝሕ ግዘ ስጋ ብመልክዕ ፀብሒ ዝግኒ እናተኸሸነ ይቐርብ። ብጥንቃቐ ዝተሰናድአ ዝግኒ ቀባእባእ ዝብል ቀይሕ መልክዕ ይህሉዎ። ስጋ ቅልዋ ኮይኑ እውን ይስራሕ እዩ። ቅልዋ ስጋ ከከም ድልየት ተመጋቢኡ ብቀይሕ ወይ ብፃዕዳ ይቐርብ። ካብ ስጋ ግዕዝም ዝበሃል ምግቢ ይስራሕ። ግዕዝም ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ኢሮብ ዝፍተው ባህላዊ ምግቢ እውን እዩ። ግዕዝም ልስሉስ ስጋ ብምምታርን ብምቅማምን ኣብ መዓንጣ ምስተሰግሰገ ይበስል ወይ ኣብ ሓዊ ይጥበስ። ብኸምዚ መልክዕ ዝተዳለወ ግዕዝም ኢድካ ዘቖርጥም ጣዕሚ ይህሉዎ።

ኣብ ካሊእ ክፋል ሃገርና ዝተለመደ ክትፎ ዝበሃል ምግቢ እውን ካብ ስጋ ይስራሕ እዩ። ንክትፎ ዝኸውን ስጋ ብደቂቑ ተመቲሩ ምስ ጠስምን ካልኦት መቓምምትን ብጥሪኡ ወይ ሓዊ ምስወቕዖ ይብላዕ። እዚ ምግቢ የመና ብምምቃሩ ኣብ ብዙሓት ተሓዋዊሱ ከባብታት እውን ይፍተው እዩ።



*ካብ ውፅኢት እንስሳት ዝተዳለወ ምግቢ*

ፀባ ካብ መጥበውቲ እንስሳት ዝርከብ ካሊእ ንምግብነት ዝውዕል ውፅኢት እዩ። ፀባ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንምግብነት ይውዕል። ፀባ ፈሊሑ ይስተይ። ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ከይድታት ምስሓለፈ ንምግብነት ይውዕል እዩ። እዚኦም ድማ ርግኦ፣ ጠስሚ፣ ኣጅቦ ወይ ሕቛን እዮም።

እንቁላሊሕ ካብ ደርሁ ዝርከብ ንምግብነት ዝውዕል ካሊእ ውፅኢት እንስሳ እዩ። ብዝተፈላለዩ መንገድታት ድማ ንምግብነት ይውዕል። እንቁላሊሕ በሲሉ ወይ ከም

ቅጫ ተሰንኪቱ ክብላዕ ይኽእል። እንቁላሊሕ ተፈርፊሩ ወይ ስልሲ ተሰሪሑ እውን ይብላዕ እዩ።

ካብዞም ውፅኢት እንስሳት ከከም ድሌትናን ልምድናን ዝተፈላለዩ ምግብታት ክነዳልው ንኽእል። ካብ ሕድሕዲኦም እነዳሉዎ ምግቢ ትሕዝቶ ንጥረ ምግቡ ኣብዚ ሰደቓ ከምዝተወሃበ ይፈላለይ እዩ።

| | መጠን ፕሮቲን (ብግራም) | መጠን ስብሒ (ብግራም) | መጠን ሙቐት | ዓይነት መዓድን | ዓይነት ቫይታሚን |
|---|---|---|---|---|---|
| ስጋ ከፍቲ | 49.29 | 32.59 | 505 | ፖታሽየም፣ ፎስፎረስ፣ ኣይረን፣ ካልሽየምን ወዘተ | ቢ፣ ዲ |
| ፀባ ከፍቲ | 7.69 | 3.9 | 149 | ፖታሽየም፣ ፎስፎረስ፣ ሶድየም፣ ካልሽየምን ወዘተ | ቢ፣ ኤይ፣ ዲ |
| እንቁላሊሕ | 13.53 | 14.9 | 204 | ፖታሽየም፣ ፎስፎረስ፣ ኣይረን፣ ሶድየም | ቢ፣ ኤይ፣ ዲ |

*ኣብ ውፅኢት እንስሳት ዝርከቡ ንጥረ ምግብታት*

*(መበገሲ ፅሑፍ፦ ደብረወርቅ ኣባተ፣ የባህል ምግቦች ኣዘገጃጀት፣ 2005፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣፍሮ ማተሚያ ቤት።)*

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ፍልፍላት እንምገቦም ምግብታት ምግቢ እንታይ እንታይ እዮም?
2. "ብጥንቃቐ ዝተዳለወ ዝግኒ ቀባእባእ ዝብል መልክዕ ይህሉዎ" ዝብል ሓሳብ እንታይ ይገልፅ?
3. ስጋ ንምግብነት ዝውዕለሎም ዘይተገለፁ ኣደላሉዋታት ዘርዝሩ።
4. ስጋ ብርሑሱ ክንበልዖ እንተዘይደሊና እንታይ ንገብሮ?
5. "ግዕዝም ኢድካ ዘቖርጥም ጣዕሚ ኣለዎ" ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ማለት እዩ?
6. ውፅኢት እንስሳት ካብ ዝሕዞዎም ንጥረ ምግብታት እንታይ ንመሃር?

**ለ. ብዛዕባ ግዕዝም ዝተወሃበ ውልቃዊ ርእይቶን ጭቡጥ ሓቅን ፀሓፉ።**

| ውልቃዊ ርእይቶ | ጭቡጥ ሓቂ |
|---|---|
| | |

**ሐ. ብመሰረት ኣብቲ ምንባብ ዝተወሃበ ሰደቓ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. መጠን ሙቐት እቶም ሰለስተ ውፅኢት እንስሳት ብምንፅፃር ግለፁ።
2. ሶድየም ዘይሕዝ ዓይነት ውፅኢት እንስሳት ፍለዩ።
3. ብትሕዝቶ ስብሒ ድሕሪት ዝስራዕ ውፅኢት እንስሳት ኣየንኡ እዩ?
4. ቫይታሚናዊ ትሕዝትኦም ዘመሳስሎም ውፅኢት እንስሳት ፀሓፉ።

**መ. ኣብ ትሕቲ እቲ ዝተወሃበ ቀንዲ ምሉእ ሓሳብ ሰለስተ ደገፍቲ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

- ፀባ ንምግብነት ዝውዕል ውፅኢት እንስሳ እዩ። ____________________________ ____________________________ ። ____________________________ ____________ ። ____________________________________________ ።

## ሰሙን 1 መዓልቲ 2

# 3. ቃላት

### ዝምድና ቃላት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ስርሑ።**

*ኣብነት፡- ምጥባስ - ስጋ፣ ዓሳ፣ እንቁላሊሕ*


1. ምቕላው
2. ምፍላሕ
3. ምብላዕ
4. ምስታይ
5. ምምታር
6. ምጥጣቕ

# 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**እንቁላሊሕ ንምግብነት ዝውዕለሎም መንገድታት ዝዝትይ ሓባሪ ዓንቀፅ ዘፅሕፈኩም ሓሳብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናመለስኩም ኣብቲ ስእላዊ መዋደዲ ኣስፍሩ።**

1. ብእንቁላሊሕ ዝስርሑ ምግብታት ስሞም እንታይ እንታይ ይበሃሉ?
2. እቶም ምግብታት እንትስርሑ እንታይ እንታይ መቓምምቲ የድልዮም?
3. እቶም ምግብታት ከመይ ገይርካ ይብልዑ?
4. ብእንቁላሊሕ ዝስርሑ ምግብታት እንታይ እንታይ ዝበሃሉ ንጥረ ምግብታት ይሕዙ?
5. ብዛዕባ ምምጋብ እንቁላሊሕ እንታይ ተወሳኺ ሓሳብ ኣለኩም?



## ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ኣብ ሓፁር ንዘለዉ እናወሰኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።**

(<u>ኣይ</u> <u>ና</u> <u>ካ</u> <u>ኪ</u> <u>ኩም</u>)

*ኣብነት፡- ደርሆ → ደርሆይ፣ ደርሆና፣ ደርሆኻ፣ ደርሆኺ፣ ደርሆኹም*

1. በጊዕ
2. ርግኦ
3. ፀባ
4. እንቁላሊሕ
5. ላሕሚ
6. ሕንባሻ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ካብ ትሕዝቶታት “ውፅኢት እንስሳት ከም ምግቢ” ኣብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎም ትሕዝቶታት ተዛረቡ።

### ንባብ ምልከት

“ውፅኢት እንስሳት ከም ምግቢ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከብ ቀዳማይ ዓንቀፅ ኣብ ዒስራ ሰከንድ ብምልከት ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ምሉእ ብዂሉ



*መዓር ብዝተፈላለዩ ሕብርታት*

### ቅድመ ምድማፅ

ቅድሚ ምድማፅኩም ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ዘለዉ ሓሳባት “ልክዕ” ወይ “ጌጋ” ምዃኖም ሓብሩ።

| ቅድሚ ምድማፅ ልክዕ ወይ ጌጋ በሉ። | ሕቶታት | እናዳመፅኩም ልክዕ ወይ ጌጋ በሉ። |
|---|---|---|
| | 1. መዓር መድሓኒት ጥራሕ እንተይኮነስ ተኽላኺሊ ሕማም እውን እዩ። | |
| | 2. መዓር መኣድን ኣለዎ። | |
| | 3. ሕብሪ መዓር ዝፈላለይ ኣናህብ ብዘለዎም ሕብሪ እዩ። | |
| | 4. መዓር ምግቢ እዩ። | |
| | 5. መዓር ዘይብስብስ፣ ዘይፅስውን ዘይመፅፅን ምግቢ እዩ። | |
| | 6. መዓር ቁስሊ የቐምርር። | |

## እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ኣብ ቅድመ ምድማፅ ንዝመለስኩምዎም ሕቶታት "ልክዕ" ወይ "ጌጋ" ምኻኖም ኣጥልሉ።**

## ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሕብርታት መዓር ዝተበሃሉ እንታይን እንታይን እዮም?
2. ኣብ መዓር ዝርከብ ኣሲድ ተግባሩ እንታይ እዩ?
3. መዓር "ምሉእ ብኹሉ" ንምንታይ ተባሂሉ?
4. ኣናህብ ፅምበባታት እንተዘይረኺቦም እንታይ የጋጥሞም?
5. መዓር ምብላዕ ዝህቦም ጥቕምታት ብሓደ ምሉእ ሓሳብ ፅሚዋኹም ብቓልኩም ኣቕርቡ።

ለ. መዓር ዝሕዞም ንጥረ ምግብታትን ዝከላኸሎም ሕማማትን ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ፀሓፉ።

| ንጥረ ምግቢ | ዝከላኸሎ ሕማም |
|---|---|
| | |

ሐ. ኣብዞም ቀንዲ ምሉእ ሓሳባት ከክልተ ደገፍቲ ምሉእ ሓሳባት ወስኹ።

1. መዓር ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንምግብነት ይውዕል።
   1.1 (ኣብነት) መዓር ከምዘለዎ ብማንካ ገይርካ ይብላዕ።
   1.2______________________________________
2. መዓር ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘለዎም ንጥረ ምግብታት ዝሓዘ እዩ።
   2.1 ______________________________________
   2.2______________________________________
3. መዓር ዝተፈላለዩ ሕማማት ንምፍዋስ ዝጠቅም መድሓኒት እዩ።
   3.1______________________________________
   3.2______________________________________
4. መዓር ምግቢ እዩ።
   4.1______________________________________
   4.2 ______________________________________

## 7. ሰዋስው

### ስም ውልቀን ስም ሓባርን

**ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ስም ውልቀ ወይ ስም ሓባር ብምባል ፍለዩ።**

**ኣብነት፡-**

*ሀ. <u>ምልኣት</u> ፀባ ሰትያ። (ስም ውልቀ)*

*ለ. <u>መዓር</u> ጥዑም ምግቢ እዩ። (ስም ሓባር)*

1. <u>ኣናህብ</u> ዕንበባታት ይፃገዩ።
2. <u>ክብሮም</u> ማንጨባ ሰትዩ።
3. <u>ሰባት</u> ንመዓር ከም መድሓኒት ይጥቀምሉ።
4. <u>ዛህራ</u> እንጀራ ብሕቛን ፊትፊታ መሲሓ።
5. <u>እንስሳት</u> ፍልፍል ምግቢ እዮም።
6. <u>ሓዳስ</u> እንቁላሊሕ ጠቢሳ።
7. እቲ <u>ቈልዓ</u> ቋንጣ ጠቢሱ በሊዑ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ምግብታት ውፅኢት ተኽልታት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ኣብዚ ዝተወሃበኩም "ቀ - ሐ - ኣ" ዝብል ሰደቓ ብዛዕባ በለስ ቅድም ኢልኩም እትፈልጡዎምን ሐዚ ክትፈልጡዎም እትደልዩዎምን ሓሳባት ጥራሕ ፀሓፉ።

| ቀዲመ ዝፈልጦም (ቀ) | ሐዚ ክፈልጦም ዝደልዮም (ሐ) | ኣንቢበ ዝፈለጥኩዎም (ኣ) |
|---|---|---|
| | | |

### እዋን ንባብ

ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ብዛዕባ በለስ ዝፈለጥኩምዎም ሓደሽቲ ሓሳባት ኣብቲ ሰደቓ ፀሓፉ።

# በለስ

በለስ ዓሻኹን ድርቂ ዝፃወርን ተኽሊ እዩ። በለስ ኣብ ኩሎም ወቕትታት ሓምለዋይ እኳ እንተኾነ ኣብ ክረምቲ ጥራሕ ፍረ ይህብ። ሰባት ንነዊሕ እዋን ኣብ ክረምቲ ንዝርከብ ፍሪኡ ብምብላዕ ዓመት የድግሙ። ፍረ በለስ በቲ ምቁር ጣዕሙ እቲ ተኽሊ ኣብ ዘይቦቕለሎም ከባብታት እውን ክፍለጥን ክህረፍን ኣኽኢሉዎ እዩ። ተኽሊ በለስ ካብ  ምብላዕ ፍርኡ ብተወሳኺ ንቀለብ እንስሳትን ንሓፁርን ይጠቅም።

ኣብ ቀረባ እዋናት ሰባት ብዛዕባ ጥቕምታት በለስ መፅናዕትን ምርምርን ብምክያድ ግንዛበኦም እናዕበዩ መፂኦም። እዞም ሰባት ብግዲኦም በለስ ንምግብነት ዝውዕለሎም ሓደሽቲ ሜላታት መሰረት ገይሮም ኣስተምህሮ ምሃብ ጀሚሮም። እቶም ተመራመርቲ ብሓደ ገፅ ካብ ፍረ በለስ ዝስርሑ ምግብታት ከም ዘለዉ ኣፍሊጦም። ብኻሊእ ገፅ ድማ ካብ ገልዒ በለስ ዝተፈላለዩ ምግብታት ከም ዝስርሑ ሓቢሮም። ካብቶም ኣስተምህሮታት ብተወሳኺ ኣሰራርሓን ኣበላልዓን እቶም ምግብታት ብተግባር ኣርእዮም እዮም።

ብመሰረት እዚ ፍረ በለስ ማርማላታ ንምስራሕ ከምዝጠቅም ተፈሊጡ። ማርማላታ በለስ ንምስራሕ ፍረ በለስ፣ ሽኮርን ፅማቕ ለሚንን የድልዩ። መጀመርታ ነቲ ፍረ በለስ ብምልንቃጥ ንሓሙሽተ ደቒቓ ዝኣክል ምፍላሕ ይግባእ። ብምቕፃል ናብቲ ዝፈልሐ ፍረ ሽኮርን ለሚንን ብምውሳኽ ክሳብ ዝሓፍስ ምፅባይ የድልይ። ንምግብነት ዝበፅሐ ማርማላታ፣ ዘይትሁንን ፓፓየን እንትተሓዋወሱ ዝፈጥሩዎ ሕብሪ ይህሉዎ። ብኸምዚ ኣገባብ ዝተሰርሐ ማርመላታ ብቅጫ ወይ ብባኒ ብምትሕሓዝ ምምጋብ ይክኣል።

ብኻሊኣ ገፅ ድማ ካብ ገልዒ በለስ ምግብታት ንምስራሕ ውልዶ ገልዒ የድልይ። ውልዶ ገልዒ በለስ ኣዐርዩ ዘይወንወነ ኣካል እዩ። እዚ ኣካል ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንምግብነት ይውዕል። ካብ ውልዶ ገልዒ በለስ ካብ ዝዳለዉ ምግብታት ቅጫ እቲ ሓደ እዩ። ቅጫ በለስ ንምስራሕ ዝተጥሓነ ውልዶ በለስ፣ ሕሩጭ ስርናይ ወይ ጣፍ የድልዩ። ናብዚኦም ንእሽተይ ዘይቲ ብምውሳኽ ማይ እናመጠንካ ድሕሪ ምልዋስ ይስንከት። ምስ በሰለ ኮርሸም ኮርሸም ዝብል ጥዑም ሓምለዋይ ሕብሩ ቅጫ ይርከብ።



*ፍረ በለስን ካብ በለስ ዝተዳለወ ፅማቕን*

ካሊእ ካብ ውልዶ ገልዒ በለስ ዝስራሕ ምግቢ ፅማቕ እዩ። ነዚ ምግቢ ንምስራሕ

ተሓዊቡ ክሳብ ዝደክም ተጣሒኑ ዝተዳለወ ውልዶ በለስ የድልይ። ብተወሳኺ መቸረቱ ንምውሳኽ ዝተፀመቑ ለሚንን ሽኮርን የድልዮ። እዚኦም እንትተሓዋወሱ ቈፃል ሕብሪ ዘለዎ ፅማቕ በለስ ይህቡ። ፅማቕ በለስ ምስ ፀብሒ ቆስጣ ዝመሳሰል ጣዕሚ ኣለዎ።

በለስ ዝተፈላለዩ ንጥረ ምግብታት ዝሓዘ እዩ። ንኣብነት ካርቦሃይድሬት፣ ፕሮቲንን ቫታሚንን ዝመሳሰሉ ንጥረ ምግብታት ይርከቦ።

*(ፍልፍል፡- ካብ "ማሕበር እኖታት ንእኖታት፣ ኣሰራርሓ ምግቢ በለስ፣" ዝብል ፅሑፍ ተመሓይሹ ዝተወስደ።)*

## *ድሕረ ንባብ*

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. "ሰባት ፍረ በለስ ብምብላዕ ዓመት የድግሙ" እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ቀረባ እዋናት ካብ በለስ ዝተፈላለዩ ምግብታት ከምዝስራሕ ከመይ ኢሉ ተፈሊጡ?
3. ካብ ኣካላት ተኽሊ በለስ ዝተፈላለዩ ምግብታት ንምስራሕ ዝጠቅም እንታይ ይበሃል?
4. ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝርከብ ፍረ በለስ ንነዊሕ እዋን ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ዘኽእል ሜላ እንታይ እዩ?
5. በለስ ዝህቦም ረብሓታት ዘርዝሩ።

### ለ. ነቶም ካብ በለስ ዝርከቡ ረብሓታት ዝተፈለጡሎም ቅደም ሰዓባት መጀመርታ፣ ድሕሪኡን ሓዚን ብዝብል ኣገባብ ፀሚቕኩም ኣቕርቡ።

*መጀመርታ* ________________________________________። ድሕሪኡ ______ ________________________________________። *ሓዚ* ________________________ ________________________።

### ሐ. ኣብ ኣሰራርሓ ማርማላታ ፍረ በለስ ዝገልፅ ቀንዲ ምሉእ ሓሳብ ካልኦት ደገፍቲ ምሉእ ሓሳባት ብምውሳኽ ናብ ዓንቀፅ ኣፅብዩዎ።

ፍረ በለስ ማርማላታ ዝበሃል ምግቢ ንምስራሕ ይጠቅም።

________________________________________________። __________________ ________________________________። ____________________________________ ______________። ____________________________________________________።"

## 9. ቃላት

### ምጉጃል ቃላት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ሰደቓ ምስ ዝተቐመጠ መፀውዒኦም ኣስፍሩ።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሙዝ | ኣናናስ | ዘይቱሁን | ማንጎ |
| ፓፓየ | በለስ | ንሂጉ | ሰሊጥ |
| ኣራንሺ | ሰላጣ | ካውሎ | እንጣጢዕ |
| መንደሪኒ | ትርንጉ | ለሚን | ሓምሊ ኣድሪ |
| ኣቮካዶ | ሓምሊ ቆስጣ | | |

| ፍረምረ | ኣሕምልቲ | እኽሊ ቅብኣት |
|---|---|---|
| | | |

**ለ. ፍታሕ ዝስዕቡ ሓረጋት ዘርእዩ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ፃልጣ ፀባ
2. ስኒ ፀባ
3. ማይን ፀባን
4. ፀባ ዝመስል
5. ፀባ ፀገብ
6. ፀባ የስትይኻ
7. ፀባ ረቡዕ

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን ሓደ ብስእላዊ መዋደዲ ዝኣኸብኩምዎም ሓሳባት መሰረት ብምግባር ሓባሪ ገርፊ ዓንቀፅ ፀሓፉ። ትሕዝቶኣዊ ቃላት እዚ ምዕራፍ ኣብ ትኽክለኛ ዓውዶም ከም ዝተጠቐምኩምሎም ኣረጋግፁ።**

## ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብመሰረት ዘለዎም ጥብቆ ጎጅሉ።**

**ኣብነት፡- *ተኽልና፣ ገዛና፣ ወዘተ***

| | | | |
|---|---|---|---|
| ተኽልና | ማንካይ | ኩባያና | ሕንባሻኻ |
| ሽጉርትኹም | እርሳስኪ | ክዳንካ | በለስኩም |
| ብርጭቆይ | ጠስምኻ | ሕንባሻኺ | ገዛና |
| ማርማላታኹም | ሰላጣና | ኣራንሽኻ | ቅጫና |
| ምሳሕኻ | ቦርሳኺ | ቁርሰይ | |

## 11. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "በለስ" ዝብል ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### *ንባብ ኣገላልፃ*

**"በለስ" ካብ ዝብል ምንባብ ንኻልኣይ ዓንቀፅ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"በለስ" ኣብ ዝብል ምንባብ ነቶም ቀንዲ ሓሳባት ብምፅማቕ ብቓል ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### *ምፍላይ ስምን ግስን*

**ኣብዚ ዓንቀፅ ዝርከቡ ስም ውልቀ፣ ስም ሓባርን ዘይተሳጋሪ ግስን ፍለዩ።**

*ለምለም ተኽልታት ምክንኻን እትፈትው ንፍዕቲ ተምሃሪት እያ። ሓደ እዋን ኣብ መካበብያ መረብኦም ዝርከብ ሓረግ ዘጊፉ ረኣየቶ። ነቲ ሓላፍ ዘላፍ ዝኾነ ሓረግ ብመቐስ ቀምቂማቶ። ብድሕሪኡ ኣብቲ ፅላል ናይቲ ሓረግ ኣዕሪፉ። ኣብኡ ኮይና ድማ ንተስፋይ ሓዋ ሒሳብ ኣረዲኣቶ።*

## ሰሙናዊ ርእሲ ዝተመጣጠነ ምግቢ

### ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

ሀ. ብመሰረት ዝተወሃቡ ኣብነታት ነዞም ዝስዕቡ ቃላት እናቐየርኩም ኣንብቡ።

ኣብነት፡-

*ሀ. ሰርሐ = ዝተሰራርሐ*

*ለ. ሰበረ = ዝተሰባበረ*

1. መጠነ
2. ሓወሰ
3. ፈለየ
4. ኣተወ
5. በተኸ
6. ፀየቐ
7. ጠሓነ
8. ተንከፈ

ለ. ብመሰረት ዝተወሃቡ ኣብነታት ሓደ ሓደ ናይ ባዕልኹም ቃል ብምውሳኽ ኣንብቡ።

ኣብነት *1. ለወጠ = ዝተለዋወጠ*

*2. መጠነ = ዝተመጣጠነ*

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ኣብዚ ሰደቓ ብዛዕባ ሽሮ ቅድም ኢልኩም እትፈልጡዎን ክትፈልጡዎም እትደልዩዎምን ሓሳባት ጥራሕ ፀሓፉ።

| ቀዲመ ዝፈልጦም (ቀ) | ሐዚ ክፈልጦም ዝደልዮም (ሐ) | ኣንቢበ ዝፈለጥኩዎም (ኣ) |
|---|---|---|
| | | |

### እዋን ንባብ

እናንበብኩም ብዛዕባ ሽሮ ዝፈለጥኩምዎም ሓደሽቲ ሓበሬታታት ኣብቲ ዝተረፈ ክፋል ሰደቓ ፀሓፉ።

# “ሓደን ብዙሕን”


ሽሮ ብመልክዕ ፀብሒ ዝዳለው ዝውቱር ባህላዊ ምግቢ ኢትዮጵያውያን እዩ። ነዚ ፀብሒ ብዝተደለየ መልክዑ ንምስራሕን ንምምጋብን ቀዲሙ ሕሩጭ ሽሮ ክዳለው ኣለዎ። ሕሩጭ ሽሮ ካብ ጥረምረ፣ በርበረን ቀመማትን ይሰናዳእ። እዞም ሽሮ ንምድላው ዝጠቕሙ ነገራት ንጣዕሙን ንትሕዝትኡን ጥራሕ ዘይኮኑስ ንሕብሩ እውን ዘድልዩ እዮም።

ሽሮ ንምስራሕ ዓተር ባሕሪ፣ ቀይሕ ዓተር፣ ዓይኒ ዓተር ወይ ሰበረ የድልዩ። እዞም ጥረምረ ንሰብነት ዝሃንፁ ንጥረ ምግብታት ዝሓዙ እዮም። ብተወሳኺ ናብዞም ጥረምረ ዝተፈላለዩ ቀመማት ይሕወሱ እዮም። ቀመማት ቀንዲ መማቕርቲ ፀብሒ ሽሮ ብምዃኖም ብጣዕሚ ተደለይቲ እዮም።

ኣብ ሽሮ ዝኣትዉ ቀመማት ከም ልምድን ድልየትን ዘሰናድእ ኣካል ይፈላለዩ እዮም። ቀይሕ ሽጉርቲ፣ ፃዕዳ ሽጉርቲ፣ ሰሰግ፣ ጅንጅብል፣ ኮረሪማን ካሙንን ካብቶም ብኣብዝሓ ዘድልዩ ቀመማት ይጥቀሱ። ብተወሳኺ ጨና ኣዳም፣ ጥምዝዝ፣ ኣዝሙድን ዝኣመሰሉን እውን የድልዩ እዮም። ሕብሪ ሽሮ ንምልዋጥ በርበረ፣ ዝሓሸ ጣዕሚ ንምፍጣርን ንነዊሕ እዋን ከይተበላሸወ ንኸፀንሕን ጨው ይውሰኹዎ። በርበረን ቀመማትን ቫይታሚናዊ ትሕዝቶ ኣብ ሽሮ ንኸርከብ እንትጠቕሙ ጨው ድማ መኣድናዊ ትሕዝቶ ንክህሉ ይገብር።

ዝተጥሓነ ሽሮ በርበረ ዝኣተዎን ዘይኣተዎን ተገይሩ ይሰናዳእ እዩ። በርበረ ዘይኣትዎ ሽሮ ደበልዋ ብዝብል ስያመ ይፍለጥ። በርበረ ዝኣትዎ እንተኾይኑ ድማ ቀይሕ ሽሮ ይበሃል። ሕብሩ እውን ካብ ደበልዋ ይፍለይ።

ሽሮ ብዝተፈላለየ መልክዑ ተሰሪሑ ንምግብነት ይውዕል። ሓድሓደ ግዘ ተደሪፁ ይብላዕ። ብኣብዝሓ ግና ብግቡእ ፈሊሑ ምቁር ፀብሒ ኮይኑ ኣብ መኣድታት ይቐርብ። ፀብሒ ሽሮ እንትፈልሕ ጣዕሚ ንምውሳኽ ዘይቲ ወይ ጠስሚ፣ ኮሚደረ፣ ፃዕዳ ሽጉርትን ጨውን ይኣትዎ። ካብዚኣቶም ዘይትን ጠስምን ንሽሮ ትሕዝቶ ካርቦሃይድሬት ክህሉዎ ይገብሩዎ። ፀብሒ ሽሮ ብቐጢኑ ወይ ብሓፈሱ ኣዕርዩ ቃዕ ክሳብ ዝብል ክበስል ይግበር።



*ፀብሒ ሽሮ*

ሽሮ በቶም ዝሰናድኣሎም ነገራት ተሓጊዙ ዝተመጣጠነ ትሕዝቶ ኣብ ዝሕዙ ምግብታት ይስራዕ። ሽሮ ብዙሓት ንጥረ ምግብታት ስለዝሕዝ "እኹል ፀብሒ" የብሎ። ምግብታት ሃነፀቲ ሰብነት፣ ወሃብቲ ሓይልን ሙቐትን ተኸላኸልቲ ሕማማትን በብ መጠኖም ይሕዝ። ብተወሳኺ፣ መዓድናት እውን ኣብ ሽሮ ይርከቡ እዮም።

ሽሮ ብቐልጡፍ ንምግብነት ካብ ዝዳለዉ ፀብሕታት ሓደ እዩ። ዝኾነ ሰብ ሽሮ ደሪፁ ወይ ኣፍሊሑ ክበልዕ ግዘ ኣይወስደሉን። ሽሮ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ምግቢ ንምርካብ ስለዝጠቅም "ሓደን ብዙሕን" ብዝብል እንተተፀውዐ ኣይበዝሖን።

*(ፍልፍል ፅሑፍ፡- ደብረወርቅ ኣባተ፣ 2005፣ የባህል ምግቦች ኣዘገጃጀት፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣፍሮ ማተምያ ቤት።)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ፀብሒ ሽሮ እንትስራሕ ጣዕሚ ክውስኽ ዝገብሩዎ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ሽሮ "ሓደን ብዙሕን" ዘብሎ ምኽንያት ዘርዝሩ።
3. ሽሮ ንምግብነት ዝውዕለሎም መንገድታት ግለፁ።
4. ኣብ ሽሮ መኣድናዊ ትሕዝቶ ብኸመይ ይርከብ?
5. ሽሮ ብኢትዮጵያውያን ተደጋጊሙ ዝብላዕ ፀብሒ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ኣብዚ ዝስዕብ ቀንዲ ምሉእ ሓሳብ፣ ኣርባዕተ ደገፍቲ ምሉእ ሓሳባት ብምውሳኽ ሓደ ዝተዋደደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

"ፀብሒ ሽሮ ንምድላው ዝተፈላለዩ እታወታት የድልዩ። ______________________________ ____________________________________። ______________________________________________________ __________። ______________________________________________________። __________ ________________________________________________።"

## ሰሙን 3 መዓልቲ 8

# 16. ቃላት

### ምጉጃል ቃላት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ሰደቓ ኣብ ትሕቲ ዝተቐመጠ መፀውዒያም ኣስፍሩ።**

| | | |
|---|---|---|
| ጅንጅብል | ዓተር ባሕሪ | ጥምዝዝ |
| ዓይኒ ዓተር | ሰሰግ | ሰበረ (እንጓያ) |
| ጠስነ | ቀይሕ ዓተር (ሽንብራ) | ጨና ኣዳም |
| ካሙን | ኮረሪማ | ኣዝሙድ |

| ጥረ ምረ | ቀመማት |
|---|---|
| | |

# 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን ክልተ ዝፀሓፍኩምዎ ሓባሪ ዓንቀፅ ብምፅፋፍ ውዱእ ዓንቀፅ ኣዳልዩ። እትፅሕፍዎ ገርፊ ዓንቀፅ ባህርታት ዓንቀፅ ከማልእ ግበሩ። ነቶም ምሉእ ሓሳባት ብስርዓት ነጥቢ ኣማልኡዎም።**

## ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ዋንነት ብዘርእዩ መንገድታት ፀሓፍዎም።**

| ቃላት | -አይ | -ና | -ኪ | -ካ | -ኩም |
|---|---|---|---|---|---|
| ጅንጅብል | | | | | |
| ጨና ኣዳም | | | | | |
| ሽሮ | | | | | |
| በርበረ | | | | | |
| ኮሚደረ | | | | | |
| ጨው | | | | | |
| ሽጉርቲ | | | | | |
| እንጀራ | | | | | |
| ዘይቲ | | | | | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን ብምዝካር ንመፃምድኹም ተዛረቡ።**

### *ንባብ ናህሪ*

**"ሓደን ብዙሕን" ካብ ዝብል ምንባብ ንቐዳማይ ዓንቀፅ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ትሕዝቶን ኣቀራርባን "ሓደን ብዙሕን" ዝብል ምንባብ ገምግሙ።**

## 20. ሰዋስው

### *ምፍላይ ስም ሓባርን ዘይተሳጋሪ ግስን*

**ኣብዚ ዝስዕብ ዓንቀፅ ዝርከቡ ስም ሓባርን ዘይተሳጋሪ ግስታትን ፍለዩ።**

"ሰሎሞን ቁርሱ ዝበልዕ ብመሰረት ዘውፅኦ ትልሚ እዩ። ንጉሆ ንጉሆ ኣብ መረባ ገዝኡ ንዒስራ ደቒቓ ኣካላቱ የንቀሳቕስ። ብድሕሪኡ ሰብነቱ ይሕፀብ። ኣብ ሰሙን ክልተ ግዘ ፍርፍር እንቁላሊሕ ምስ ፀባ ይቑርስ። ክልተ መዓልቲ ዛሕላ ካብ ሰላጣ፣ ድንሽ፣ ካሮት፣ ሽጉርትን ኮሚደረን ኣሰናዲኡ ብባኒ ይበልዕ። ኣብ እተን ዝተረፋ ክልተ መዓልቲ ስጋ ጠቢሱ ብእንጀራ ይቑርስ። ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ ድማ ሽሮ ብመልክዕ ተጋሚኖ እናሰርሐ ብሕንባሻ ይበልዕ።"



# 7 እንስሳ ዘገዳም ኣብ ኢትዮጵያ

## ሰሙናዊ ርእሲ ናብራ እንስሳ ዘገዳም

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. ስለ- ዘ- ላምድ -ኡ
2. ይ- ክርትም -ኦም
3. እንተ- ዘይ- ደልይ -ኡ
4. እንተ- ዘይ- ተ- ፀጊም -ኦም

**ለ. ነዞም ቃላት እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

1. ይጥቀሙሎም
2. እንተነኸሶም
3. እንተዘይደልዩ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከቡ እንስሳ ዘገዳም ነቶም እትፈልጡዎም ዘርዝሩ።
2. ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

## እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ብዛዕባ እዞም እንስሳት ዝተወሃቡ ሓሳባት ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ፅሓፉ።**


| | ምግቢ | መሸከል | መንበሪ | ፍሉይ ባህርይ |
|---|---|---|---|---|
| ሓርማዝ | | | | |
| ጉማረ | | | | |
| ኣንበሳ | | | | |
| ዓርዓር ነብሪ | | | | |

# እንስሳ ዘገዳም

እንስሳ ዘገዳም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቦታታት ንኽነብሩ ሓገዝ ዘይደልዩ ፍጥረታት እዮም። ኣብ ዝነብሩሎም ቦታታት ንዘጋጥሙ ተፈጥሮኣዊ ለውጥታትን ተርእዮታትን ንባዕሎም ስለዘላምዱ ኣይፅገሙን። እዚኦም ዝምገቡዎ፣ ዝሰትዩዎን ዘፅልልሉን ካብቲ ዝነብርሉ ከባቢ ይረኽቡ። እንስሳ ዘገዳም ብብዙሓት ረቛሒታት ይመሳሰሉን ይፈላለዩን እዮም። ንኣብነት ብኣመጋግባ ተኽልን ስጋን ዝምገቡ ተባሂሎም ይፍለዩ።

## *ሓርማዝን ጉማረን*

ሓርማዝን ጉማረን ተመገብቲ ተኽሊ ዝኾኑ ዓበይቲ እንስሳት እዮም። ሓርማዝ ቈፅሊ፣ ሳዕርን ፍረምረን እንትምገብ ጉማረ ድማ ልምሉም ሳዕሪ ወይ ቈፅሊ ይምገብ። ክልቲኦም ማይ ኣብ ዝርከቦ ከባቢ ይነብሩ። ሓርማዝ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ትሕቲ ፅላል ኣእዋም እንተሕልፍ ጉማረ ግና ኣብ ማይ ኣትዩ ይውዕል።




*ጉማረን ሓርማዝን*

ሓርማዝ ረጒድቲ ኣእዋም ዝመስሉ ኣእጋርን ገዘፍቲ ኣእዛንን ኣለውዎ። ኣእዛኑ ሙቐት እንትሕይል ከምመሽረፈት ይጠቕሙዎ። ሓርማዝ ፅምዲ ዓበይቲ ኣስናንን ብዙሕ ዝርብሖሉ ንጐትን ኣለዎ። ብንጐቱ የጫኑው፣ ይሕዝ፣ ይምገብ፣ ማይ ይጭንጉዕን ይሕፀብን። ብኣንፃሩ ጉማረ ኣናእሽቱ ኣእዛንን ሓፀርትን ረጒድትን ኣእጋርን ኣለውዎ። ኣብ ቆርበቱ ዝርከቡ ነኳላት ብዘውፅኡዎ ቅብኣት ሰውነቱ ቀባእባእ ዝበለ እዩ።

## *ኣንበሳን ዓርዓር ነብርን*

ኣንበሳን ዓርዓር ነብርን ተመገብቲ ስጋ ስለዝኾኑ እንስሳት እናሃደኑ ይበልዑ። ክልቲኦም ግዳያቶም ዝሕዙሎም ሜላታት ይፈላለዩ እዮም። ኣንበሳ እንስሳት እንተጓዪ ቀልጢፉ ስለዝደክም እናድበየ ከም ዓጋዘን፣ መፍለስ፣ ሰስሓ ዝበሉ ይሕዝ። ነቶም

ዓበይቲ ግዳያት ኣብ ክሳዶም ብምንካስ እንትቐትሎም፣ ነቶም ኣናእሽተይ እናጓየየ ብምፅፋዕ ይኸርትሞም። ብኣንፃሩ፣ ዓርዓር ነብሪ እንስሳት እናጓየየ ምስ ኣድከሞም ኣብ ጐረርኦም ነኺሱ ብምፅፋን ይቐትሎም። ዓርዓር ነብሪ ኣናእሽቱ እንስሳት እምበር ዓበይቲ እንስሳት ኣይሃድንን።



*ኣንበሳን ዓርዓር ነብርን*

ኣንበሳን ዓርዓር ነብርን ብሕብርን ብመሸከልን ይፈላለዩ እዮም። ሕብሪ ኣንበሳ ሃሳስ ኣራንሻታይ እንትኸውን፣ ሕብሪ ዓርዓር ነብሪ ድማ ሃሳስ ቡኒ ኮይኑ ፀሊም ዝዘረጐ እዩ። ተባዕታይ ኣንበሳ ኣብ ማእገሩ ጋማ ኣለዎ። እዚ ጋማ ንኣንበሳ በዓል ግርማ የምስሎ። ብኻሊእ ገፅ፣ ዓርዓር ነብሪ ደቀቕቲ ኣእዛንን ንእሽተይ ርእስን ኣለዎ። እዚ እንስሳ ጭርሑን ኣእጋሩን ነዋሕቲ ኮይኖም ደው እንትብል ምእግር ዝበለ እዩ።

እዞም ተመገብቲ ተኽልን ስጋን ምኳኖም ዝተገለፁ እንስሳት ብእንስሳ ዘገዳምነቶም ምስ ሰባት ስለዘይነብሩ ይመሳሰሉ። ንተፈጥሮኣዊ ኩነታት ከባቢኦም ምልማድ ካሊእ ሓበራዊ ባህሪኦም እዩ። ብኣንፃሩ ግና ነንሕድሕዲኦም ብዙሓት ዝፈላለዩሎም ባህርያትን ልምድታትን ኣለዎም።

*(ፍልፍል፡- ገበየሁ ኣየለ፣ 1993፣ የዱር እንስሳት። ኣዲስ ኣበባ፣ ሜጋ ማተሚያ ቤት።)*

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እንስሳ ዘገዳም ናብራ በረኻ ዘይኸብዶም ንምንታይ እዩ?
2. ሓርማዝ ኣብ ከመይ ዝበለ ከባቢ ይነብር?
3. ዓርዓር ነብርን ኣንበሳን ብምንታይ ይፈላለዩ?
4. ሕብሪ ዓርዓር ነብሪ ከመይ ዝበለ እዩ?

5. “እንስሳ ዘገዳም ምስ ከባቢኦም ተሳንዮም ይነብሩ” እንትበሃል እንታይ ይገልፅ?

6. እንስሳ ዘገዳም ተፈጥሮኣዊ ከባቢኦም ክቕይሩ ዝገብሮም እንታይ እዩ?

**ለ. ስዒቡ ኣብ ዝተውሃበ ስእላዊ መዋደዲ እቶም እንስሳት ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ባህርያት ፀሓፉ።**

| | ዘመሳስሎም | ዘፈላልዮም |
|---|---|---|
| ሓርማዝን ጉማረን | | |
| ኣንበሳን ዓርዓር ነብርን | | |

## 3. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት


**ናይዞም ዝተሰመረሎም ቃላትን ሓረጋትን ዓውዳዊ ፍታሕ ፀሓፉ።**

1. ናብራ በረኻ ካብ ተፈጥሮ ወሪሶም ወይ ካብ ወለዶም ተማሂሮም ይለምዱ።
2. ሙቐት እንትሕይል ኣእዛኑ ከም መሽረፈት ይጥቀመሎም።
3. ብንጕቱ ማይ ብምጭንጓዕ ይሕፀብ።
4. ጉማረ ዝበዝሕ ግዚኡ ኣብ ማይ የሕልፍ።
5. ጉማረ ካብ ቆርበቱ ብዝወፅእ ቅብኣት ቀባእባእ ዝብል መልክዕ ኣለዎ።
6. ኣንበሳ ሃሳስ ኣራንሻታይ ሕብሪ ኣለዎ።
7. ኣንበሳ ንኣናእሽቱ እንስሳት ብኢዱ ብምፅፋዕ ይኽርትሞም።
8. ሕብሪ ዓርዓር ነብሪ ሃሳስ ቡኒ ኮይኑ ፀሊም ዝዘረጕ እዩ።
9. ዓርዓር ነብሪ ጕረሮ እንስሳት ብምዕፋን ይቐትል።
10. ኣንበሳ ምግቢ እንተዘይደልዩ ብጥቕኡ ንዝሓልፉ እንስሳት ኣይነክእን።

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**“እንስሳ ዘገዳም” ካብ ዝብል ምንባብ ብዛዕባ ሓርማዝን ጉማረን ዝገልፅ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ኣወዳድርን ኣነፃፅርን ፅሑፍ ንምፅሓፍ ዝጠቕሙ ሓሳባት ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ኣስፍሩ።**




### ኣፀሓሕፋ

**ኣብቲ ሰደቓ ንዝርከቡ ቃላት ብትኽክል ንዝተፀሓፉ ምልክት √ ፤ ብትኽክል ንዘይተፀሓፉ ድማ ምልክት x ብምግባር ፍለዩ።**

| ቃላት | ምልክት |
|---|---|
| ቆቛሕ | |
| ለኮኺቶ | |
| ፅማቑ | |
| ጉጓ | |
| ኣቁፅልቲ | |
| ቈልዓ | |
| ኳኹ | |
| ምሕቆፍ | |
| ጨቓውት | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "እንስሳ ዘገዳም" ዝብል ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?

### ንባብ ምልከት

"እንስሳ ዘገዳም" ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከብ ቀዳማይ ዓንቀፅ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ዜና ከም ዘንብብ ሰብ መሲልኩም ብምልከት ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ኣህባይን መረበቶምን



*ህበይ ኣብ ተፈጥሮኣዊ መረበቱ*

### ቅድመ ምድማፅ

ካብ ባህርያት ህበይ እትፈልጡዎም ዘርዝሩ።

## እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**


1. ሰባት ንእንስሳት ንምንታይ ከልምዱዎም ይደልዩ?
2. ኣህባይ ኣብ ከመይ ዝበለ ከባቢ ይነብሩ?
3. ኣህባይ ከመይ ይፃወቱ?
4. ኣህባይ ምስ ሰባት እንትነብሩ እንታይ ይስእኑ?

## ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ምስ ሰባት ዝነብር ህበይ ንምንታይ ይጭነቕ?
2. መንነት ህበይ ዝቕይሩ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም?
3. ህበይን ሰብን ምሕዝነት እንትምስርቱ መን ይጥቀም?
4. ስነ ልቦናዊ ድልየት ዝበሃሉ ከመይ ዝበሉ እዮም?
5. እንስሳ ዘገዳም ሰባት ምስ ለመዱ እውን በረኽታይ ባህሪኦም ዘይቕየር ንምንታይ እዩ?

**ለ. ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ መንበሪ ዝነብርን ምስ ሰባት ዝነብርን ህበይ ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ኩነታት ፀሓፉ።**



# 7. ሰዋስው

## *ምፍላይ በዓል ቤት*

**ኣብዞም ዝተወሃቡ ምሉእ ሓሳባት በዓል ቤት ዝኾኑ ቃላት ፍለዩ።**

**ኣብነት፡-**

*1. ጉሬዛ ኣብ ተኸሊ ተንጠልጢሉ። <u>ጉሬዛ</u> (በዓል ቤት)*

*2. ተስፋይ ናብ መዕቈቢ እንስሳ ዘገዳም ከይዱ። <u>ተስፋይ</u> (በዓል ቤት)*

1. ህበይ ዝብኢ ስለ ዝራኣየት ፈሪሓ።
2. ኣልማዝ ኣብ ውሽጢ ዱር ወዓግ ርእያ።
3. ቡኺርያ ትማሊ ማንቲለ ቀቲላ።
4. ጉማረ ብዙሕ ማይ ሰትዩ።
5. መሓመድ ናብ ዝተፈላለዩ ፓርክታት ምኻድ ይፈቱ።
6. ኣድጊ በረኻ ብምውላድ እትራባሕ እንስሳ ዘገዳም እያ።
7. ገብረ ኣብ ሓለዋ ዱር ይሰርሕ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ሃገር በቈል እንስሳት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**"ኢትዮጵያዊት ዕንቊ" ዝብል ርእስን ነቲ ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።**

### እዋን ንባብ

**ብሕድሕድ ዝተወሃበ ሓበሬታ ብዛዕባ ቀያሕ ቡኽርያ ዝገልፅ ምሉእ ሓሳብ ፀሓፉ።**

| ሓበሬታ | ገለፃ ብምሉእ ሓሳብ |
|---|---|
| መሸከል | |
| መነባብሮ | |
| ኣመጋግባ | |
| ምርባሕ | |
| መረበት | |

# ኢትዮጵያዊት ዕንቍ

ቀያሕ ቡኳርያ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ትርከብ። እዛ እንስሳ ምልክዕትን ብቕይሓ እትፍለይን እንስሳ በረኻ እያ። ኣብ ከባቢ ከብዳ፣ ክሳዳን ጫፍ ጭርኣን ፃዕዳ እንትኸውን ካሊእ ኣካላታ ቀይሕ እዩ። እዛ እንስሳ ኣእጋራ ንውሕ፣ ቁመታ ድማ ውጥጥ ዝበለ እዩ። ኣእዛና ኩር ዝበሉ፣ ኣፉ ድማ ንውሕን ሙጥሙጥን ዝበለን እዩ። ክብደት ሓንቲ ብፅሕቲ ቡኳርያ ካብ 13-16 ኪሎ ግራም ይኸውን። ሳዕርን ቈጥቋጥን ኣብ ዝበዝሖም በረኸቲ ቦታታት ድማ ትነብር።



*ቀያሕ ቡኻርያ*

## መነባብሮ

ቀያሕቲ ቡኳርያታት ማሕበራዊ እንስሳት እዮም። ሓደ ስድራ ክሳብ ዒስራ ዝበፅሑ ኣባላት ኣለውዎ። ማእኸላይ በዝሒ ሓደ ስድራ ግና ሽዱሽተ እዩ። ቁፅሪ ኣባላት ሓደ ጉጅለ ከከም ኩነታቱ ይፈላለይ። እኹል ምግቢ ኣብ ዝርከበሎም እዋናት ቁፅሮም እንትበዝሕ ምግቢ እንትውሕድ ድማ ይንከይ። ቀያሕቲ ቡኳርያታት ምግቢ ንምድላይ ብፅምዲ ወይ ብውልቀ ይወፍሩ።

## ኣመጋግባ

ቀያሕቲ ቡኳርያታት ኣብ ተመገብቲ ስጋ ይምደቡ። ኣዘውቲሮም ዝምገቡዎምን ዝፈትውዎምን ኣናፁ እዮም። ዓበይቲ ኣናፁ ካብ ጉድጓድ እንትወፅኡ ኣድብዮም ብምሓዝ ይበልዑዎም። ሓድሓደ ግዘ ድማ ሞጥማጥ ኣፎም ናብ ውሽጢ ጉድጓድ ብምእታው ለቀም የብሉዎም። ካብ ኣናፁ ብተወሳኺ ኣፅዋፍ፣ ሰስሓ፣ ማንቲለ፣ ውላድ ዋልያን ዝኣመሰሉን ኣናእሽተይ እንስሳት ብምህዳን ይምገቡ።

## ምርባሕ

ቀያሕቲ ቡኳርያታት ኩርኩር ብምውላድ ይራብሑ። መብዛሕትኡ ግዘ ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳብ ታሕሳስ ርክብ ይፍፅሙ። እዋን ጥንሲ ካብ 60-62 መዓልትታት እዩ። እታ ኣዶ ኣብ ሓደ እዋን ካብ 2-6 ኮራኹር ትወልድ። እቶም ኮራኹር ዓይኖም

ዘየንቁሑን ስኒ ዘየብቆሉን ኮይኖም ይውለዱ። ሕብሪ ፀጉሮም ፀሊም ዝበዝሖ ጨጨዋይ እዩ። ኣዒኦም ካብ ሓደ ጉድጓድ ናብ ካሊእ እናዘዋወረት ተዕብዮም።

## መንበሪ

ቀያሕቲ ቡኽርያታት ሓባራዊ መንበሪ ይውንኑ። ብማእኸላይ ሓደ ጉጅለ ስድራ 6 ትርብዒት ኪሎ ሜትር ኣብ ዝኾነ ስፍራ ይነብሩ። ምግቢ ኣብ ዝውሕዶም ቦታታት ብፅምዲ ብምኳን ብማእኸላይ 13.4 ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝሽፍን ቦታ ይውንኑ። ስፍሓት መረበቶም ምስ በዝሐ ዝምገቡዎም ኣናፁ፣ በዝሒ ኣባላት ስድራን ዕድመ ኮራኹርን ይተሓሓዝ። ቀያሕቲ ቡኻርያታት ምሸት ኣብ ቅሉዕ ቦታ ብሓባር የዕርፉ። ሰላምታ ንምልውዋጥን ከባቢኦም ንምሕላውን ወጋሕታ፣ ቀትርን ምሸትን ይእከቡ። እዞም እንስሳት ኮራኹሮም ንምሕላው እንተዘይኮይኑ ኣብ ጉድጓድ ወይ ኣብ በዓቲ ኣይድቅሱን።

ቀያሕቲ ቡኽርያታት ኣብ ሰሜንን ደቡብን ሃገርና ጥራሕ ዝነብሩ ዕንቁ እንስሳ ዘገዳም እዮም። እዞም እንስሳት መስሕብ ቱሪዝም ብምኳን ምስሊ ሃገርና ኣብ ምልዋጥ ዓብዩ ረብሓ ኣለዎም።

*(ፍልፍል፡- ሰለሞን ይርጋ፣ 2000፣ "ኣጥቢዎች")*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሱ።**

1. ቀያሕ ቡኽርያ ብርቂ ዘብላ እንታይ እዩ?
2. "ቀያሕቲ ቡኽርያታት ማሕበራዊ እንስሳት እዮም" ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ቀያሕ ቡኽርያ ንምንባር እትመርፆ ቦታ ከመይ ዝበለ እዩ?
4. ቀያሕቲ ቡኽርያታት ኣብ ጉድጓድ ወይ ኣብ በዓቲ ዘይድቅስሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ካብቲ ምንባብ ዝፈለጥኩምዎም 3 ሓደሽቲ ነገራት፣ 2 ዘገረሙኹም ነገራት፣ 1 ሕቶ ዘልዐልኩም ነገር ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ፀሓፉ።**

| ዝፈለጥኩዎም | ዘገረሙኒ | ሕቶ ዘልዐለለይ |
|---|---|---|
| 1.<br>2.<br>3. | 1.<br>2. | 1. |

**ሐ. "መሸከል፣ መነባብሮ፣ ኣመጋግባ፣ ምርባሕን መንበርን" ቀያሕቲ ቡኽርያታት ብሓፂሩ ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ምስቶም ዝተወሃቡ መዝገበ ቃላዊ ፍታሓት ብምዝማድ ፍታሕ ዝተወሃቡኹም ቃላት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦*

ሀ. ቈጥቈጠ = ኣብ ግራውቲ ዝርከቡ ኣናእሽቶ ኣእዋም ቆረፀ

ቈጥቋጥ = ኣብ መሬት ሕርሻ ዝርከብ ጉንዲ ዘይብሉ ኦም

ለ. ማእኸል = ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ማዕረ ኣብ ዝኾነ ነገር ወይ መንጎ ዝርከብ ቦታ

ማእኸላይ ቁፅሪ = ኣብ መንጎ ብዙሕን ውሑድን ቁፅሪ፣ መጠን፣ ወዘተ. ዝርከብ ቁፅሪ ወይ መጠን

1. ዕንቍ = ክቡር እምኒ ወይ መዓድን

ዕንቍ እንስሳ = ____________________

2. በፅሐ = ኣብ ሓደ ቦታ ተረኸበ

ብፁሕ = ____________________

3. ምስሊ = ስእሊ ወይ ቅርፂ ዝኾነ ሃገር

ምስሊ ሃገር = ____________________

4. ቀልዐ = ንሓደ ከዋሊ ነገር ቀንጢጡ ወይ ኣልዒሉ ከም ዝርአ ገበረ

ቅሉዕ ቦታ = ____________________

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሓርማዝን ጉማረን ንምንፅፃርን ንምውድዳርን ዝኣከብኩምዎም ሓሳባት ስርዓተ ነጥቢ ብምውሳኽ ብመልክዕ ገርፌ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት ዝተወሃበኩም ኣብነት ኣብዚ ሰደቓ ዝርከቡ ቃላት ብትኽክል ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡-*

| | ነፀላ | | ብዙሕ | |
|---|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣን | ተባ | ኣን |
| ህራስ | ሃሪስካ | ሃሪስኪ | ሃሪስኩም | ሃሪስክን |

| | ነፀላ | | ብዙሕ | |
|---|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣን | ተባ | ኣን |
| ብልዒ | | | | |
| ሃደን | | | | |
| ፍጥነት | | | | |
| ምዕጃብ | | | | |
| ምኻድ | | | | |
| ምዝዋር | | | | |

## 11. ንባብ ዕፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን እንታይ ዝብል ነይሩ?

### ንባብ ኣገላልፃ

"ኢትዮጵያዊት ዕንቍ" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ክልተ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ኣድናቖት ብዘርእይ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 12. ዝርርብ

ትሕዝቶ "እንስሳ ዘገዳም" ዝብል ምንባብ ምስ ትሕዝቶ "ኢትዮጵያዊት ዕንቍ" ዝብል ምንባብ ተዘራሪብኩም ብምንፅፃር ብቓል ኣቕርቡ።

## 13. ሰዋስው

### ምፍላይ በዓል ቤት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት በዓል ቤት ብምግባር ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

**ኣብነት:-**

*ሀ. ቀይሕ ቈልዓ*

*እቲ ቀይሕ ቈልዓ ቀያሕ ቡኻርያ ርእዩ ኣይፈልጥን።*

1. ሓፍተይ
2. መምህርና
3. ቀያሕ ቡኳርያ
4. እንስሳት
5. ተስፋይ

## ሰሙናዊ ርእሲ ኣብ ምፅናት ዝርከቡ እንስሳት

### ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ብትኽክል ምንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ብትኽክል ኣንብቡ።**

1. ካብ 80 - 125 ኪ.ግ
2. 110 ሴ.ሜ
3. ካብ 140 - 170 ሴ.ሜ
4. ካብ 150 - 165 መዓልትታት
5. ካብ 2500 - 4500 ሜ.

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ብዛዕባ ኣብቲ ምንባብ ዘሎ ስእሊ እንስሳ እትፈልጡዎ ወይ ዝሰማዕኩምዎም ሓድሓደ ሓሳብ በብ ጉጅለኹም ኣቕርቡ።**

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ኣብዚ ሰደቓ ዝተወሃቡ ሓበሬታታት ምልኡ።**


| | |
|---|---|
| ዕድመ ያታዊ ርክብ | |
| እዋን ጥንሲ | |
| ዝወልዳሉ ወቕቲ | |
| መጠን ውልደት | |
| ምግቢ | |
| ወቕትታት ያታዊ ርክብ | |
| መንበሪ | |

# ዋልያ - ብርቂ ጥሪት

ዋልያታት ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ እንስሳ ዘገዳም እዮም። እዞም ኣብ ጐቦታት ስሜን ዝርከቡ ብርቂ እንስሳት ቁፅሮም በብእዋኑ እናነከየ ብምምፅኡ ናብ ምፅናት በፂሖም ኣለዉ። እዞም ሓደጋ ምፅናት ዘንፀላለዎም እንስሳት ኣብ ጐቦታት ስሜን ይነብሩ። እዞም እንስሳት ቁፅሮም ካብ 500 ከይበዝሕ ፅበት መንበሪ፣ ዘይሕጋዊ ሃደንን ስርቅን ምኽንያት ኮይኖምዎም እዮም። ዋልያታት ብዝድለዩ መንገድታት ክራብሑ እንተዝግበር እኳ እቲ ቦታ ካብ 2,000 ንላዕሊ ክሕዝ ኣይኽእልን። ቀንዲ ፀላኢ ኣባፅሕ ዋልያታት ዝብኢ እዩ። ኣናእሽተይ ዋልያታት እውን ግዳያት ቡኻርያታትን ዝተፈላለዩ ዓሌት ድሙን እዩም።

## መሸከል

ኣብዝሓ ክፋል ቆርበት ዋልያታት ድሙቕን ሃሳስን ቡኒ ሕብሪ ኣለዎ። ኣፎም ጨበራይ ቡኒ፣ ዓይኖምን እግሮምን እውን ፅዕድው ዝበለ ጨበራይ እዩ። እግሮምን ከብዶምን ፃዕዳ፣ ሕዋስ ፃዕዳን ፀሊምን እዩ።



ዋልያ

ኣንስተይትን ተባዕታይን ዋልያታት ይፈላለዩ እዮም። ኣንስተይቲ ዋልያ ሃሳስ ሕብሪ ዘለዋ ኮይና ብግዝፈት ካብ ተባዕታይ ትንእስ። ክብደት ተባዕታይ ዋልያ ካብ 80-125 ኪ.ግ ይኸውን። ንድሕሪት ዝተጠወየ 110 ሴ.ሜ ዝበፅሕ ነዊሕ ቀርኒ ኣለዎ። ቀርኒ ኣንስተይቲ ዋልያ ግና ሓፀርትን ቀጠንትን እዮም። ቁመት ዋልያታት ካብ 140-170 ሴ.ሜ፣ ብራኽኦም ድማ ካብ 90-110 ሴ.ሜ ይበፅሕ። እቶም ተባዕትዮ ከከም ዕድሚኦም ዝነውሕን ዝበዝሕን ፀሊም ጭሕሚ ኣለዎም።


## ምርባሕ

መነባብሮ ዋልያታት ጉጅላዊ እዩ። ሓደ ጉጅለ ከም ሓደ ስድራ ይሕሰብ። ኣብ

ሕድሕድ ስድራ ካብ 5-20 ኣባላት ይርከቡ። ዓበይቲ ተባዕትዮ ዋልያታት ካብ ስድርኦም ከይረሓቑ በይኖም ይነብሩ። እዋን ስራ እንትበፅሕ ናብቲ ስድራ ይፅንበሩ። ውላዳት ዋልያ ንዓቐመ ተራኽቦ ንምብፅሕ ሓደ ዓመት የድልዮም። ካብ መጋቢት ክሳብ ግንቦት ኣብ ዘለዉ እዋናት ያታዊ ርክብ ይፍፅሙ። ሓንቲ ኣዶ ምልኦኣ ካብ 150 - 165 መዓልትታት ይፀንሕ። ካብ ወርሒ መስከረም ክሳብ ጥቅምቲ ኣብ ዘሎ እዋን ትወልድ።

*መንበሪ*

ዋልያታት ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ ካብ 2500 - 4500 ሜ. ብራኸ ኣብ ዘለዎም ጐቦታት ይነብሩ። ኣብዞም ቦታታት ኣብ ዝርከቡ ኣኻውሕ፣ ኣፃድፍ፣ ቆጥቋጣትን ሳዕርታትን ይነብሩ። ምግቦም ሳዕሪ፣ ቆፅልን ቆጥቋጣትን እዮም። ዋልያታት ወጋሕታን ኣጋምሽትን ንጡፋት እንትኾኑ ቀትሪ ቀትሪ ኣዕሪፎም ይውዕሉ።




*ዋልያ ዝነብረሉ ከባቢ*

ዋልያታት ኣብ ጐቦታት ስሜን ዝነብሩን ኣብ ምፅናት ዝርከቡን እንስሳት እዮም። ቀንዲ ምኽንያታት ምፅናት እዞም ብርቂ እንስሳት ብርሰት መንበርን ሃደንን እዮም። ስዲ ጋህፅን ምግፋሕ ሕርሻን እውን ተወሰኽቲ ፀገማት እዮም። ንሓለዋ እዞም እንስሳት ዘፀግም ግና መረበቶም ውሱን ምኳኑ እዩ።

(*ፍልፍል ፦ ጌታቸው ኣሰፋ፣ 11 ጥሪ፣ 2005 http://akababi.blogspot.com/2013/01/blog-post*)

## ድሕረ ንባብ

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትሕዝቶ እዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኑ "ልክዕ"፣ እንተዘይኮይኑ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።

1. ዋልያ ኣብ እምባታት ምብራቕ ኢትዮጵያ ይርከብ።
2. ንምዕናት ዋልያ ቀንዲ ምኽንያት ሰብ እዩ።
3. ዋልያ ማሕበራዊ እንስሳ እዩ።
4. ዋልያ ሃገር በቈል ካብ ዝኾኑ እንስሳት ሓደ እዩ።
5. ኣብ ልዕሊ ዋልያ ጥቕዓት ዘብዕሕ እንስሳ የለን።

ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. "መነባብሮ ዋልያታት ጉጅላዊ እዩ" ክበሃል እንተሎ እንታይ ማለት እዩ?
2. ንሓለዋ ዋልያታት ቀንዲ ፀገም ዝኾነ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ንምዕናት ዋልያታት ምኽንያታት ዝኾኑ ነገራት እንታይ እንታይ እዮም?
4. ኣንስተይትን ተባዕታይን ዋልያታት ዘፈላልዮም ሰለስተ ነገራት ጥቐሱ።
5. ዋልያታት ምቹው ኩነታት ተፈጢሩሎም እንተተራብሑ በዝሓም ካብ 2000 ዘይዛይደሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ሐ. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዘሎ ካርታ፣ ብዛዕባ ዋልያ ዝተረድኣኩም ሓሳብ ግለፁ።

## 16. ቃላት

### ምዝማድ ቃላት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| _______1. ምፅናት | ሀ. ፀቕጢ |
| _______2. መንበሪ | ለ. ምድላይ |
| _______3. ፅዕንቶ | ሐ. ዓብዪ |
| _______4. ገዚፍ | መ. ክሽከም |
| _______5. ስግኣት | ረ. ፍርሒ |
| _______6. ክፃወር | ሰ. ምጥፋእ |
| _______7. ምንዳይ | ሸ. ንሕና |
| _______8. ባዕልና | ቀ. በኣሰ |
| _______9. ገደደ | በ. ጥንቲ |
| _______10. ቀደም | ተ. መፅለሊ |
| | ቸ. ምኽንያት |
| | ነ. ልዕሊ |
| | ኘ. ምብዛሕ |

## 17. ፅሒፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ሓርማዝን ጉማረን ኣወዳዳርን ኣነፃፃርን ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ዘዋደድኩምዎ ገርፌ ዓንቀፅ ብመተሓሓዝቲ ቃላት እናማላእኹም ብምፅፋፍ ዛዝሙ።**

## ኣፀሓሕፉ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ሰደቓ ዝተወሃቡ ፊደላት እናወሰኽኩም ብትኽክል ፀሓፉ።**

| ቃላት | ካ | ኪ | ና | ኩም | ክን |
|---|---|---|---|---|---|
| ሃደን | | | | | |
| ዓመፅ | | | | | |
| ፍትሒ | | | | | |
| ወገን | | | | | |
| ጉጅለ | | | | | |
| ዓሌት | | | | | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ዋልያ - ብርቂ ጥሪት" ዝብል ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### *ንባብ ናህሪ*

**"ዋልያ - ብርቂ ጥሪት" ንዝብል ምንባብ ኣግራሞት ብዝተመልአ መንገዲ ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ


**"ዋልያ - ብርቂ ጥሪት" ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከብ ካርታ ዘሕልፎ መልእኽቲ ብምዝርራብ ብቓል ግለፁ።**

## 20. ሰዋስው

### *ምፍላይ በዓል ቤት*

**ኣብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት በዓል ቤት ፍለዩ።**

1. ኢትዮጵያ መዕቆቢ እንስሳ ዘገዳም ኣለዋ።
2. ሰባት ንምፅናት ዋልያ ቀንዲ ምኽንያት እዮም።
3. ቱሪስት እንስሳ ዘገዳም ንምርኣይ ገንዘብ ይኸፍሉ።
4. ብርሃን ትማሊ ብዛዕባ እንስሳ ዘገዳም ዝፀሓፈቶ ፅብፃብ ኣቕሪባ።
5. ኣናእሽተይ ዋልያታት ብሓኸሊ ድሙ ተበሊዖም።
6. ፅገን ብርሃነን ናብ መዕቆቢ እንስሳ ዘገዳም ከይዶም።
7. ኣለም ፀሃይ ብመምህር ዝተወሃባ ዕዮ ገዛ ሰሪሓ።



# ባህላዊ ፀወታታት

8

## ሰሙናዊ ርእሲ ባህላዊ ፀወታታት ቅነ በዓል

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### *ምጥማርን ምንፃልን*

**ሀ. ብመሰረት እቶም ዝተወሃቡ ኣብነታት ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ቅርያም እናቐየርኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፦**

*ሀ. ምስክር → እነመስክረሉ*

*ለ. ምፅእ → እነምፅኣሉ*

1. ርእይ
2. ውፅእ
3. ርክብ
4. ዓወት
5. ዘረባ

**ለ. ብመሰረት ዝተወሃበ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፦**

*እናኣቐመጡ → እና- ኣቐመጡ*

1. እናበልና
2. እናወቓዕና
3. እናሓዝና
4. እናጐየይና
5. እናበልናዮም

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ቅድሚ ምንባብ ምጅማርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ቅነ በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታት ዘርዝሩ።
2. እቶም ባህላዊ ፀወታታት ብኸመይ ከም ዝፅወቱ ግለፁ።

### *እዋን ንባብ*

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኩዕሾ ዝስዓሩ "ንዓና ዝመስል የለን" ምስ በሉ እቶም ዝተስዓሩ ኸ እንታይ ኢሎም?
2. ቃርሳ ብምንታይ ይፅወት?
3. ኣብ ፀወታ ቃርሳ በዝሒ ኣባላት ሓደ ጋንታ ክንደይ እዩ?

# ቃርሳ

ሃይላይ ብዛዕባ ዘይፈልጦም ነገራት ምስ ኣቦሓጕኡ ልምዲ ምዝርራብ ኣለዎ። ሓደ መዓልቲ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ርእዩ ምስ ተመለሰ ንኣቦሓጕኡ ሕቶ ኣልዐለሎም። “ኣቦይ! ኣብቲ ዝነገርኩኻ፣ ፅዋዕ መን ወሰደ ዘገርም ሰሚዐ። እቶም ዝሰዓሩ ብታሕጓስ፣ ‘ንዓና ዝመስል የለን’ እናበሉ ደሪፎም። እቶም ዝተሰዓሩ ድማ ብህልኽ፣ ‘ንዕንበባ ዶ ዕንበባ ኣለዎየ…’ ይብሉ ነይሮም።”

“ጐበዛት እባ! ፀወታ የፋቕር እምበር ኣየናቑርን!” በሉዎ ዝሓዙዎ መፅሓፍ እናቐመጡ። ኣቦይ ወልዳይ መፅሓፍ ምንባብ ዝፈትዉ ዓብዪ እዮም።

“ተሳዒርካ ይድረፍ?” እናበለ ኮፍ ዝበለሉ ድኳ ኣምፅአ።

“ንቡር እዩ! ቀደም ቃርሳ፣ ሆያ ሆየ፣ ትሃብክንን ሕዮን ዝበሃሉ ባህላዊ ፀወታታት ንፃወት ነይርና። ብፍላይ ቃርሳ ገጢምና ምስሰዓርና ተኣኪብና፣

‘እኒ ዓርከይ ብርኪ ሰቲ

ኣበልናዮም ማይ ክንሰቲ’

እናበልና ንጉይል ነይርና!” በሉዎ።

“ከመይ እናበልኩም ትፃወቱ ነይርኩም?” እንትብሎም ክነግሩዎ “እሕሕሕ” ብምባል ጕረሮኦም ምፅራግ ጀመሩ።

“ቃርሳ ኣወዳት ጉብዝናና እነመስክረሉ ባህላዊ ፀወታ እዩ።” ምስበሉ፤ “ኣዋልድ ኣይገጥማን?” ብምባል ኣቋረፆም። እንትዛረቡ ዘቋርፆም ስለዘይፈትዉ ክምስ እናበሉ ሓሳቦም ቀፀሉ።



*ቃርሳ ዝፃወቱ ቈልዑ*

እዚ ፀወታ፣ ቃርሳ ንእትበሃል መፃወቲት ብበትሪ ብምውቃዕ ይፅወት።

"ኩዕሾ ማለት ድያ?" ይብሎም ትቕብል ኣቢሉ።

"እወ! ካብ ዕንፀይቲ ወይ ጐማ እትስራሕ ንእሽተይ ኩዕሾ እያ።" ብምባል ብኽልተ ጉጅለታት ከምዝፅወት ይነግሩዎ።

"ኣብ ሓደ ጋንታ ክንደይ ተፃወትቲ?" ይብሎም።

"ቁፅርና ይመጣጠን እምበር ብበዝሒ ኣይግለፅን። ንክልቴና ጉጅለ ኣብ ዘማእኸለና ቦታ ቃርሳ ንላዕሊ ብምድርባይ ፀወታ ይጅመር። ብድሕሪኡ፣ ቃርሳ እናሓዝና ናብ ኣንፈት ቁሸትና ንወቕዓ። ወቓዒ ቃርሳ እንተስሒቱዋ ካብ ዝወደቐታ ቀዲምካ ንምሓዝ ኣብ ጥቕኡ ተቐሪብና ንፀንሕ። ገሌና ድማ ናብቲ ዝወቕዐሉ ኣንፈት ብምሕላፍ ነናብ ቁሸትና ክንወቅዕ ንዳለው።

"ወዲ ጋንታኻ ናብ ዘለዎ ምውቃዕ ይክኣል?" ምድግጋግፍ ከምዝክኣል ንምርግጋፅ ይሓቶም።

"መን እናወቕዐ ናብ ቁሸቱ ኣብፅሐ እዩ ዝድለይ።" ብምባል ይምልስሉ።

"ኣብ ሕድሕድ ጋንታ ቅልጡፍ ጐያዪ ዘድልይ ይመስል።" ብምባል ከምዝተረድኦ የረጋግፀሎም።

"ልዋ ወቓዓይ እውን እባ!" ብምባል ቃርሳ ንምሓዝ እንተጻፍኡ ከምዘይብኣሱ ይውስኽሉ።

"ዝስዓረ ብኸመይ ይፍለጥ?" ብምባል ዓይኒ ዓይኖም ምርኣይ ቀፀለ። "እናወቕዐ ናብ ማእኸል ቁሸቱ ዝመርሐ ይዕወት፣ ፀወታ ይውዳእ" ኢሎም መለሱሉ።

"ዝገርም! መዓስ ይፅወት?" ብምባል መሊሱ ይሓቶም።

"ኣብ ሓጋይ ካብ ቅነ ልደት ክሳብ ፋስጋ። ብፍላይ ብምልሶት ዝመፅአ መርዓዊ እንተህሉ ምስ ኣዕሩኽቱ ተሓጋጊዙ ይገጥም።" ብምባል ማይ ንኸህቦም ብኢዱም ኣመልከቱዎ።

ሃይላይ ማይ ከምፅኣሎም እናኸደ "የቐንየለይ ብዙሕ ተማሂረ" በሎም።

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. "ፀወታ የፋቕር እምበር ኣየናቑርን!" ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
2. "ንዕንበባ ዶ ዕንበባ ኣለዎየ . . . " ዝብል ደርፊ መልኡዎ።
3. ኣብ ፀወታ ቃርሳ እቲ ዝድለይ ነገር እንታይ እዩ?
4. ቃርሳ ናብ ቁሸቱ ዘብፀሐ እንተዘይተረኺበ ሰዓራይ መን ይኸውን?
5. ፀወታ ቃርሳ እንታይ እንታይ ክእለታት ይሓትት?

ለ. ሃይላይ ካብ ኣቦይ ወልዳይ ንዘምፅኦ ሓሳብ መሓዙቱ በዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እንትሓቱዎን ዝሀቦም መልስታትን ዘርእይ ምልልሳዊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

ንመፃወቲ እንታይ የድልይ? — ሃይላይ

ብኸንደይ ጋንታ ይፅወት? — ሃይላይ

ብኸመይ ይውዳእ? — ሃይላይ

ብኸመይ ይጅመር? — ሃይላይ

## 3. ቃላት

### ምፅሓፍ ምሉእ ሓሳባት

**ነዞም ንኣተገባብራ ባህላዊ ፀወታታት ዝገልፁ ቃላት ብምዝማድ ውልቃዊ ርእይቶ ዝገልፁ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ሆ,የ ሆየ - ምንዳድ*

*ኣብ ሆ,የ ሆየ ሽግ ምንዳድ ደስ ይብለኒ።*

| ባህላዊ ፀወታታት | ተግባራት |
|---|---|
| ሆ,የ ሆየ<br>ትሃብክን<br>ቃርሳ<br>ሕዮ | ቁርቁስ<br>ምውቃዕ<br>ምፅዋት<br>ምስጋር<br>ምድርባይ<br>ምድራፍ<br>ምንዳድ<br>ምዝካር<br>ምስዓር |

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣቦይ ወልዳይ ብዛዕባ ፀወታ ቃርሳ ዘለዎም ፍልጠት ዝግምግም ሓደ ዓንቀፅ ብምፅሓፍ ንመሰረት እዚ ሰደቓ ሓሳባት ኣክቡ።**

| መበገሲ ሓሳባት | |
|---|---|
| ብቐጥታ ዝተወሃቡ ገለፃታት | |
| ኣዘራርባ ኣቦይ ወልዳይ | |
| ሓሳብን ተግባርን ኣቦይ ወልዳይ | |
| ካልኦት ገፀ ባህርያት ብኸመይ ይዛረቡዎም | |

## ኣፀሓሕፋ

**ብመምህርኩም ዝንበቡልኩም ፊደላት ዘለዎም ቃላት እናዳመፅኩም ብትኽክል ፀሓፉ።**

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ


ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን እንታይ ዝብል ነይሩ?

### ንባብ ኣገባልፃ

"ቃርሳ" ካብ ዝብል ምንባብ ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት መጀመርታ ታሕጓስ፣ ቀፂልኩም ኩርዓት ብዘርእይ ኣገባብ ኣንብቡወን።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ሆያ ሆየ



*ሆያ ሆየ ኣብ ጕቦ ሎሚዓ*

## *ቅድመ ምድማፅ*

**ኣብዚ ሰደቓ እትፈልጡዎም ኣብ ቅነ በዓላት ዝፅወቱ ባህላዊ ፀወታታት ዘርዝሩ።**

| በዓል | ስም ባህላዊ ፀወታ |
|---|---|
| | |

## *እዋን ምድማፅ*

**እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ዘሃፍታ ኣፀዋዉትኦም ንዘይትፈልጥዎም ባህላዊ ፀወታታት እንታይ ትገብሮም?
2. ብዛዕባ ኣፀዋውታ ሆያ ሆየ ዝዘንተወ መን እዩ?
3. ኣብ መቐለ ዘሎ ኣፀዋውታ ሆያ ሆየ ንምንታይ ፍሉይ ተባሂሉ?

## *ድሕረ ምድማፅ*

**ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ መልሱ።**

**ሆያ ሆየ ዝፅወተሉም መንገድታት ብዝርዝር ዝገልፅ ምልልሳዊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

# 7. ሰዋስው

## *ምስናይ በዓል ቤትን ግስን*

**ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ምስቶም ዝተወሃቡ በዓል ቤታት እናሳነኹም ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ሀ. እተን ቀጠንቲ ቈልዑ በዚ ሓሊፉ።*

*መልሲ፡- እተን ቀጠንቲ ቈልዑ በዚ ሓሊፈን።*

1. ዘሃፍታ ንፍዕቲ ተምሃሪት እዩ።
2. እዞም ረጕድ ቈልዑ ናብ ጮምዓ ደይቡ።
3. ርግበ ለዋህ ቈልዑ እየን።
4. ኣቦይ ወልዳይ ነዋሕቲ ሰብኣይ እዩ።
5. እኒ ክብሮም ዝዓደጋ ሓፃር ከልቢ ኣላታ።
6. ጮምዓ ድሮ በዓል መስቀል ዝኽበረሎም በሪኽ ቦታ እያ።
7. እዛ ቐሸት ርሑቕ እዮም።

ሰሙን 2 መዓልቲ 4

# 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

## ቅድመ ንባብ

ኣብዚ ዝስዕብ ሰእላዊ መዋደዲ እትፈልጡዎም ባህላዊ ፀወታታትን መፃወቲኦምን ፀሓፉ።

| ባህላዊ ፀወታታት | መፃወቲ |
|---|---|
| | |

## እዋን ንባብ

እናንበብኩም ኣብዞም ብርኪታት ፀወታ ዲቦ ዝፍፀሙ ተግባራት ፀሓፉ።

| ብርኪ ፀወታ | ተግባር |
|---|---|
| ኣባይ ይውዓሉ | |
| ዓዲ ሓደ | |
| ምዱባጭ | |
| ምልሓስ | |
| ምፅምፃም | |
| ዒፍ ትመንጥላ | |

# ዲቦ

ዲቦ ከከም ከባቢኡ ሓንዳይ፣ ቲቦ፣ ዳባጮ፣ እምኒ ቁልቦ ዝበሃሉ ስያመታት ኣለዎ። ዲቦ ብኣብዝሓ ሽውዓተ ፀፀራት ብምሓዝ ብኽልተ ሰብን ልዕሊኡን ይፅወት። እዚ ባህላዊ ፀወታ ናይ ባዕሉ ቅደም ሰዓባዊ ከይዲ ኣለዎ።

ዲቦ ክፃወቱ ዝደለዩ ቈልዑ ፈለማ ሽውዓተ ፀፀራት ይኣርዩ። ድሕሪኡ ኣብ መሬት ከም ዝጥዕሞም ኮፍ ይብሉ። ፀወታ ብሽኩት ስለዝጅመር ዝረትዐ ይጅምር። ሓድሓደ ግዘ እውን ቀዲሙ "ኣባይ ይውዓሉ" ዝበለ ስለዝጅምር "ከምኡ" ንምባል ይቀዳደሙ።



*ዲቦ ዝፃወቱ ቈልዑ*

ዕድል ምጅማር ዝበፅሓ ተፃዋቲት ንሽውዓቲኦም ፀፀራት ብምብታን ፀዋታ ትጅምር። ካብቶም ሽውዓተ ንሓደ ብምልዓል ንላዕሊ እናደርበየት በብሓደ ትኣርዮም። በዚ መልክዕ ዓዲ ሓደ ትውድእ። በብሓደ እንትትኣሪ ካሊእ እምኒ ክትትንክፍ የብላን። ቀፂላ ንኹሎም በቲና በብኽልተ ትኣርዮም። እዚ ዓዲ ክልተ ይበሃል። መሊሳ ብምብታን በብሰለስተ እናኣረየት ዓዲ ሰለስተ ትብል። እዚ ምስ ሓለፈት ከከም ዓቕማ ብሰለስተ ወይ ብሽዱሽቲኦም ፀፀራት ትድቡጭ። ድሕሪ እዚ ብኣመልካቲት ኣፃብዕታ ንመሬት ብምልሓስ ትፅምፅም።

ምፅምፃም ዝበሃል ንሽውዓቲኦም ኣእማን ካብ ከብዲ ኢድ ናብ ዝባን ኢድ ምግልባጥ እዩ። ከየንጠበ ዝፀምፀመ ሰብ መሊሱ ይደግም። ክሳብ ኣእማን ዘውድቕ እናፀምፀመ ይቕፅል። ሽውዓተኻ፣ ዓሰርተ ኣርባዕተኻ … እናበለት ድማ ንመጋጥምታ እናደመረት "ሓቢ" ተቑፅር።

ኣብ ምፅምፃም እምኒ እንተወዲቕዋ ንዝወደቑ በብሓደ ብምእራይ ምፅዋት ትቕፅል። እንተስሒታ ግና ግደ መጋጥምታ ይኸውን። ንሱ ብግዲኡ በቶም ቅደም ሰዓባት ይፃወት። ሓቢ ተቖፂሩዎ እንተነይሩ "ሽውዓተ ይትረፉ፣ ሓሙሽተ ይትረፉ…" ብምባል በቶም ዝፀምፀሞም እናነከየ ይቕፅል። ኣብዚ ግዘ ሓንቲ ሓቢ እንተተረፋ ቀዲሙ "ዒፍ ትመንጥላ" ብምባል ንባዕሉ ነፃ ክገብር ይኽእል። መጋጥምቱ ቀዲማ "ዒፍ ከይትምንጥላ" እንተይላ ድማ እታ ዝተረፈት ሓቢ ከምዘይወፀት ትቑፀር።

ፀወታ እናዞረ ስለዝኸይድ ተፃወቲ ዓዲ ክንደይ ከም ዝስሓቱ ክርስዑ የብሎምን።

ፀዋታ ዘይሩ እንትመፅኡም ዓዲ ክንደይ ምንባሮም እንተዘይዘኪሮም “ከይውረስ” ብምባል ካሊእ ሰብ ከዘክሮም ክገብሩ ይኽእሉ። መጋጥምቶም “ቀዲሙ ተወረስ” እንተይሉዎም ግና ፀወታ ይሓልፎም።

ኣብ መወዳእታ ስኻ ኢልካ ምፍልላይ የለን። ሓቢ ዝተቖፀሮ ነቲ ዘቑፀረ “ኣውፅኣለይ” ብምባል እንትሓቶ “ይውፅኣልካ!” ይብሎ። ቀፂሉ እቲ ዝተቖፀሮ “ካብ እንታይ?” የስዕበሉ። “ካብ ፀፀር” ብምባል እቲ ዘቑፀረ ይምልሰሉ። “ካብኡ ኸ?” እንትብል እቲ ዝተቖፀሮ “ኣብ ጉንዲ እዝንኻ ይቋፀር።” ብምባል እቲ ዘቑፀራ ክልተ ሰለስተ ጊዜ የሕርቖ። ኣብ መወዳእታ ግና “ይበጨር” ብምባል ነፃ ይገብሮ። ብልዝብ ፀወታ ድሕሪ ምውዳእ ተሰሓሒቖም ብፍቕሪ ይፈላለዩ።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ “ልክዕ”፣ ትኽክል ንዘይኮነ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።**

1. ዲቦ ብሸውዓተ ፀፀራት ይፅወት።
2. ምፅምፃም መጀመሪ ፀወታ ዲቦ እዩ።
3. ኣብ ዓዲ ሓደ ክልተ ኣእማን ምልዓል ኣይፍቀድን።
4. ኣብ ፀወታ ዲቦ “ይበጨር” እንተተባሂሉ ካብ ዝኣተዎ “ሓቢ” ነፃ ይኸውን።
5. ዲቦ ኣብ ፀልማት ምፅዋት ይከኣል።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ዲቦ ብኽንደይ ሰባት ይፅወት?
2. ኣብ ፀወታ ዲቦ ምፅምፃም እንታይ ማለት እዩ?
3. ጀማራይ ፀወታ ዲቦ እንታይ ይብል?
4. ኣብ ፀወታ ዲቦ መልእኽቲ “ኣውፅኣለይ” እንታይ እዩ?
5. ተፃወቲ ዲቦ “ዕዳ ኣለካ” ንምባል ዝጥቀምሉ ቃል እንታይ እዩ?
6. ረብሓ ፀወታ ዲቦ እንታይ እዩ?

**ሐ. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታት ንሓደ ብምምራፅ ኣፀዋውትኡ ዝገልፅ መምርሒ ብሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

**መ. ነዞም ኣብ ፀወታ ዲቦ ዝትግበሩ ፍፃመታት ብቕደም ሰዓብ ስርዑ።**

| | |
|---|---|
| ሀ. ይበጨሩ | ሰ. ምልሓስ |
| ለ. ኣባይ ይውዓሉ | ሸ. ዓዲ ክልተ |
| ሐ. ዓዲ ሰለስተ | ቀ. ምፅምፃም |
| መ. ኣውፅኣለይ | በ. ዓዲ ሓደ |
| ረ. ዒፍ ትመንጥላ | |

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ካብቲ ምንባብ ድለዩ።**

1. ስፖርታዊ ግጥም (ዓንቀፅ 1)
2. ምብንጫር (ዓንቀፅ 3)
3. ብታርኡ (ዓንቀፅ 5)
4. ትውሰዳ (ዓንቀፅ 5)
5. ፈቓዱ (ዓንቀፅ 4)
6. እናወረደ (ዓንቀፅ 5)
7. ኮሊሉ (ዓንቀፅ 6)

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንባህርያት ኣቦይ ወልዳይ ዝግምግሙ ዝፀሓፍኩምዎም ሓሳባት ብምውዳድ ገርፊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ በቶም ፊደላት ብዝጅምሩ ቃላት ምልኡ።**

| ው | ዩ | ዓ | ቈ | ፓ | ፖ |
|---|---|---|---|---|---|
| ውቃር | ዩኒቨርስቲ | ዓውታ | ቈልዓ | ፓይለት | ፖስተር |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ትሕዝትኡን እንታይ ነይሩ?**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ቀዳማይ ዓንቀፅ "ዲቦ" ዝብል ምንባብ "ትእዛዝ" ከም እትህቡ ብምምሳል ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ኣብዚ ሰሙን ዝተምሃርኩምዎም ሓደሽቲ ቃላት ብምጥቃም ንኣፀዋውታ ዲቦ ቅደም ሰዓቡ ብምሕላው ብትእዛዝ መልክዕ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ደረጃውን መጠናውን ቁፅርታት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ነቲ ሰደቓ ብምርኣይ ምልኡዎም።**

| | | ለምለም | በሪሃ |
|---|---|---|---|
| ጀማሪት | ዘቑፀረቶ | 17 | |
| | ዝተቖፀረ | | - 17 |
| ድሕሪኣ | ዘቑፀረቶ | | 20 |
| | ዝተቖፀረ | - 3 | |
| ቀፂላ | ዘቑፀረቶ | 27 | |
| | ዝተቖፀረ | | - 24 |
| መወዳእታ | ዘቑፀረቶ | | 30 |
| | ዝተቖፀረ | - 6 | |

1. ለምለምን በሪሃን ______________ ግዘ ተፃዊተን።
2. ለምለም ኣብ ቀዳማይ ፀወታ ______________ ኣቑፂራ።
3. በሪሃ ኣብ 2ይ ፀወታ ______________ ኣቑፂራ።
4. ለምለም ኣብ ______________ ፀወታ 27 ኣቑፂራ።
5. በሪሃ ኣብ መወዳእታ ______________ ወፂኣ።

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ደረጃውን መጠናውን ቁፅርታት ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ካልኣይቲ
2. ሰላሳ
3. ኣርባዕተ
4. መበል ዒስራን ሓደን
5. ዓሰርተ ሽውዓተ
6. ቀዳመይቲ
7. መበል ዓሰርተ ክልተ

## ሰሙናዊ ርእሲ እዋን ዘይፈልዩ ባህላዊ ፀወታታት

### ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ሀ. ብመሰረት እዚ ኣብነት ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

**ኣብነት፡-**

*ንፃወት፣ እንትፃወቱ፣ ዝፃወትሎም፣ እንተፃወቱ፣ ዝተፃወትዎም እዚኦም ካብ ፀወታ ዝተረኽቡ እዮም።*

1. ንምግጣም፣ እንትገጥሙ፣ ንመጋጥምቶም ካብ ___________ ይርከቡ።
2. ከምዝጠቕሙ፣ ዝጠቅም፣ ካብ ___________ ይርከቡ።
3. ዓቕሞም፣ ብዓቕሞም፣ ካብ ________ ይርከቡ።
4. ብውፅኢቶም፣ ውፅኢታቶም ካብ _____________ ይርከቡ።
5. ሓዚሎም፣ እናተሓዘሉ፣ ዝሓዝሉ፣ ዝሕዘሉ፣ ተሓዚሎም ካብ _____________ ይርከቡ።
6. ንተሓዋወስ፣ ተሓዋዊሶም፣ ምትሕውዋስ፣ እናተሓዋወሱ ካብ _____________ ይርከቡ።

**ለ. "ፀወታ" ካብ ዝብል ቃል ክምስረቱ ዝኽእሉ ካልኦት ቃላት እናመስረትኩም ኣንብቡ።**

**ሐ. ብሕድሕድ ቃል ምሉእ ሓሳብ ብቓልኩም እናሃነፅኩም ኣቕርቡ።**

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምጥቃም ኣብቲ ምንባብ ይለዓሉ እትብሉዎም ግምታዊ ትሕዝቶታት ዝገልፁ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| የገንዝብ | ዘይክፅብፅቡ | ንምስባሕ | ዝኣመቶ |
| ይፍሕሱ | ዝተጨርሐ | ይጭምት | |

### እዋን ንባብ

**በቶም ቃላት ገሚትኩም ዝፀሓፍኩምዎም ትሕዝቶታት እናንበብኩም ምስ ዝረኸብኩምዎም ትሕዝቶታት ኣነፃፅሩ።**

**ቡቻ ቈልዑ ዓይኖም ንዝኣመቶ ርእሶም ክሓስቦን ኢዶም ክትግብሮን የልምዶም።**

## ንፃወት እሞ ንተዓወት


"ንፃወት እሞ ንተሓዋወስ..." ይብሉ ደረፍቲ ጥቕሚ ፀወታታት እንትነግሩ። ሰባት ተሓዋዊሶም እንትፃወቱ ልምድን ተመኩሮን ብምልውዋጥ ዓቕሞም የዕብዩ። እዚ ሓሳብ ፀወታታት ልዕሊ ምትሕውዋስ ከምዝጠቕሙ የገንዝብ።

ቈልዑ ብምስምማዕ እናተሓዋወሱ ዘዘውትሩዎም ብዙሓት ፀወታታት ኣለዉዎም። ተሰማሚዖም ካብ ዝፃወቱዎም ቡቻ ሓደ እዩ። ምናልባሽ ንምንታይ ቡቻ ከምዝመርፁ እንትሕተቱ ረብሓታቱ ዘይክዕብዕቡ ይኽእሉ። በቲ ፀወታ ካብ ምሕጓስ ዝሓልፍ ጥቕሚ ዝረኽቡ ስለዘይመስሎም።

ቡቻ ብፅምዲ ይፅወት። ኣብ ፀወታ ቡቻ እምኒ ንመፃወቲ ተድልይ። እዚኣ መጠና ንምሓዝ ዘይተፀግምን ፀፋሕን እያ። ጥንቂቓት ቈልዑ ንቡቹኦም ብምፅራብ ልምፅትን ምችውትን ይገብሩዋ። እዚኦም ብተግባሮም እንትምክሑ፣ ካልኦት ብሓቦ ንኸበልፅዎም ደፋእፋእ ይብሉ። እዚ ንቈልዑ ኒሕ ዘስንቕ እዩ።

ቈልዑ ቡቻ ንምግጣም ከካብ ገዝኦም ይተኣኻኸቡ። "ሰብ ይተኣከብ..." ከም ዝበሃል፣ እዞም ቈልዑ ከከም ገዝኦምን ከከም ስድርኦምን ባህሪኦም ይፈላለይ እዩ። እቶም ብልምድን ብኣተሓሳስባን ዘይራኸቡ፣ ቈልዑ ቡቻ እንትገጥሙ ተመኩሮታት ዝቀባበሉሎም ዕድላት ይበዝሑ።


ቡቻ ዓሊምካ ብምጭማት ስለዝፅወት ናብቲ ዝድለይ ቦታ እናመጠንካ ምድርባይ ይሓትት። እዚ ፀወታ ናብ ዝተጨርሐ ቦታ ብምፅጋዕ ወይ ንዝተደርበየት ቡቻ ብምጭማት ይጅመር። ኣብዚ ፀወታ እታ ቡቻ በኣየናይ ብራኸን ናህርን



*ንሕንሕ ቡቻ ናብ መንደቕ መን ኣፀገዐ*

ክትድርበይ ከምዘለዋን ኣብ እንታይ ዓሊባ ክንደይ ከይዳ ወይ ነጢራ ከም እትፅጋዕ ወይ ከም ትወቕዓ ምፍላጥ የድልይ። ቡቻ ቈልዑ ዓይኖም ንዘኣመቶ ርእሶም ክሓስቦን ኢዶም ክትግብሮን የልምዶም። ውፅኢት ልምምዶም ድማ ተሓዚሎም ቸቸ ዝብሉ ወይ ሓዚሎም ዘብፅሑ ይገብሮም።

ኣብ ቡቻ ስምምዓት ኣፀዋውታ ኣለዉ። ዓሊሞም ዘይስሕቱ ቈልዑ ብውፅኢቶም እናተሓዘሉ ይውሰዱን ቸቸ ይብሉን። እዚኦም ዘመዝገቡዎ ውፅኢት እንተዘይ ስሒቶምን እንተዘይ ተጋግዩዎምን ኣይሕደጉን። እቶም ብዘይምኽኣሎም ዝሓዝሉ ድማ ንመጋጥምቶም ካብ ዝባኖም ዘውርዱሎም ተንኮላት ይፍሕሱ። እዚኦም "...ክሳድ ምሓዝ" ከም ዝበሃል፣ ኣዘናጊዖም ከጋግይዎም ይፅዕሩ። ካብ ዝትግብሩዎም ሓደ ድማ ብፀጋማይ ኢዶም "ውቓዕ" ምባል እዩ። እቲ ካሊእ ድማ ዓሊሞም እንትድርብዩ ብምንቕናቕ ከስሕቱዎም ምፍታን እዩ።



ኣብ ፀወታ ቡቻ በሊሕ ቈልዓ ብዙሕ ይሕዘል

ኣብ ቡቻ ብዓቕሚ ወይ ብብልሒ ምብላፅ የድልይ። ንኽልቲኦም ዝኽእሉ ተፃወቲ ተሓዚሎም ቸቸ እንትብሉ ዝኣብዮም ድማ እናተሰከሙ የብፅሑ።

ቈልዑ ቡቻ እንትፃወቱ ካልኦት ንዝገብሩዎም እናርኣዩ ይምሃሩ። ብዝረኸቡዎ ተመኩሮን ድማ በብእዋኑ ዓቕሞም የዕብዩ። "ዝበልዐ መንዐ" ከም ዝበሃል፣ እናተፃወቱ ንዘጥረዩዎ ዓቕሚ ንምብዛሕ ረብሓኦም የውዕሉዎ።

ቡቻ ካብ ዝፈጥሮ እዋናዊ ታሕጓስ ብዝያዳ ዝህቦ ዘላቒ ዓቕሚ ይበልፅ። ልዕሊ ኩሉ ቈልዑ ብፃዕሮም ዘመዝገቡዎ ውፅኢት ከም ዘይምንጠሉ ይርድኡ።

---

**ቈልዑ ቡቻ እንትፃወቱ ካልኦት ንዝገብሩዎም እናርኣዩ ይምሃሩ። ብዝረኸቡዎ ተመኩሮ ድማ በብእዋኑ ዓቕሞም የዕብዩ።**

---

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ካብዚ ምንባብ በብጉጅለኹም ክልተ ክልተ ሕቶታት ምስ መልሶም ኣዳልዉ።**

**ለ. ኣፀዋውታ ቡቻ ብቕደም ሰዓብ ግለፁ።**

## 16. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**“ንፃወት እሞ ንተዓወት” ካብ ዝብል ምንባብ ዓውዳዊ ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።**

| ቃል | ግምታዊ ፍታሕ | ዓውዳዊ ፍታሕ | ዓውዳዊ ፍታሕ ንምፍጣር ዝሓገዘ ኣሰር |
|---|---|---|---|
| የገንዘብ | | | |
| ዘይክፅብፅቡ | | | |
| ሓቦ | | | |
| ደፋእፋእ | | | |
| ኒሕ | | | |
| ዝቀባበሉሎም | | | |
| ዝተጨርሐ | | | |
| ዝኣመቶ | | | |
| ይፍሕሱ | | | |
| ብሓቦ | | | |
| ንምብዛሕ | | | |
| ዘላቒ | | | |

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንባህርያት ኣቦይ ወልዳይ ዝግምግም ዘዳለኹምዎ ገርፊ ዓንቀፅ ብስርዓት ነጥብን ብመተሓሓዝቲ ቃላትን ኣማሊእኹም ኣፅፊፍኩም ብምፅሓፍ ወድኡ።**

## ኣፀሓሕፋ

**ነቶም ብትኽክል ዝተፀሓፉ ቃላት √ ብምፅሓፍ ፍለዩ።**

1

| | |
|---|---|
| ዓብዩ | |
| ዓብይ | |

3

| | |
|---|---|
| ፓሊስ | |
| ፖሊስ | |

4

| | |
|---|---|
| ፖስታ | |
| ፓስታ | |

2

| | |
|---|---|
| ጎያዩ | |
| ጎያይ | |

4

| | |
|---|---|
| ውዕይ | |
| ዉዕይ | |

6

| | |
|---|---|
| ኛው | |
| ኛዉ | |

**ለ. ብመሰረት ዝተወሃበ ኣብነት ኣብቶም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ዉ፣ ው፣ ፓ፣ ፖ፣ ይ፣ ወይ ዩ ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-** ቀ_ዒ

ቀውዒ

1. ወ_ኒ
2. ሸ_ዓተ
3. ከ_ሊ
4. _ሕዉሕ
5. በኻ_
6. ስ_ርት
7. _ሪስ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### ንባብ ኣገባልፃ

**“ንፃወት እሞ ንተዓወት” ንዝብል ምንባብ ብፍስሃን ብነስሓን ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ትሕዝቶ “ንፃወት እሞ ንተዓወት” ዝብል ምንባብ እናተዘራረብኩም ብምፅማቕ ብቓል ኣቕርቡ።**

## 20. ሰዋስው

### ስኒት ስምን ግስን

**ካብቶም ዝተወሃቡ ቃላት ብትኽክል ምስቲ ዓውዲ ዝሳነይ ምረፁ።**

ገበጣ ብኸልተ ተወዳደርቲ ____________ (ይፅወት/ይፃወቱዎ)። ገበጣ ኣብ ከውሒ ተወቒሩ፣ ኣብ መሬት ተፋሒሩ ወይ ኣብ ዕንፀይቲ ተፀሪቡ ____________ (ዝስራሕ/ዝስርሑ) 12 ጕዳጕዲ (2 መስርዕ ነናይ 6) ____________ (ዘለዎ/ዘለዎም) ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጉድጓድ 3 ከበብቲ ኣናእሽቱ ኣእማን ____________ (ዝሕዝ/ዝሕዙ) ዓይነት ፀወታ እዩ። ነዚ ፀወታ ካብ መናእሰይ ክሳብ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት ____________ (ይፅወት/ይፃወቱዎ)። ኣብ ክልተ ጫፍ ክልተ ____________ (ዓብዪ/ዓበይቲ) ጕዳጕዲ (መኣከቢ ኣናእሽቱ ኣእማን) ____________ (ይርከብ/ይርከቡዎ)። ኣብ ፀወታ ገበጣ ኣቀዳዳም ዝበሃል ዓይነት ________ (ነቲ/ነቶም) ፀወታ መን ከም ዝጅምሮ ____________ (ይፈልይ/ይፈልዩ)።



# 9 ስነ ቃል

## ሰሙናዊ ርእሲ ሕንቅልሕንቅሊተይን ቃላዊ ግጥምታትን

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

ብሓደ ዓይነት ድምፂ ዝውድኡ ሓሓሙሽተ ቃላት መስሪትኩም ኣንብቡ።

ኣብነት፡-

*ሓማሲት → ፈላሲት፣ ኮላሲት፣ ከሳሲት፣ ኮልሳሲት፣ ቦቛሲት*

1. ሰቲኺ
2. መሊቛ
3. ጋሕጣጥ
4. ወለሎ
5. ልምልምቲ
6. ኣስቈንቈኑ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ንባብ ቅድሚ ምጅማርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሕንቅልሕንቅሊተይ ከመይ ከም ዝፅወት ተዛረቡ።
2. ሕንቅልሕንቅሊተይ ንምንታይ ይፅወት?

### እዋን ንባብ

ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ፀወታ ሕንቅልሕንቅሊተይ ከመይ ይጅመር?
2. ሕንቅልሕንቅሊተይ ብመን ይውዳእ? ንምንታይ?
3. ኣብቲ ምንባብ መልሲ እቶም ዝቐረቡ ሕንቅልሕንቅሊተያት እንታይ እንታይ እዮም?

# ሕንቅልሕንቅሊተይ

ሕንቅልሕንቅሊተይ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ዝዋደድ ምልልሳዊ ፀወታ እዩ። እዚ ፀወታ ብግጥሚ ወይ ብሌጣ ክቐርብ ይኽእል። ኣብ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣድማስ ኣተሓሳስባ ቈልዑ ዘዕብዩ ሕቶታት ይቐርቡ። ነዚ ፀወታ ሓታቲትን መላስን በብተራ ብኸመይ ከምዝቐርብዎ ብኣብነት ንርአ።

ሓታቲት፡- ሕንቅልሕቅሊተይ

መላሲ፡- ሰናቢተይ

ሓታቲት፡- ኣብ በዓቲ ኮይና

ለይለይ ትብል በይና


ምልክዕቲ ቀያሕ ወለሎ

ብፃዓዱ ሓሻኽር እትሕሎ

ሳላ ፀዓዱ ሓሻኽራ

ወትሩ ትነብር ተኸቢራ

ኣስተምህረለይ?



*ኣብ ሕንቅልሕንቅሊተይ ምድምማፅ የድልይ*

መላሲ፡- ኣይፈልጣን

ሓታቲት፡- እሞ ኣድርረኒ

መላሲ፡- ተደረረ

ሓታቲት፡- ድራር እንታይ?

መላሲ፡- ፃዕዳ ጣፍ ብፀብሒ ደርሆ፣ ብሽሮ፣ ብጠስሚ . . .

ሓታቲት፡- "ፃዕዳ ጣፍ" ዝበለ፣ ፃዕዳ ጣፍ ይሃቦ። "ፀብሒ ደርሆ" ዝበለ፣ ፀብሒ ይሃቦዋ

"ዋ እታ እከለ ሓፍተይስ እንታይ እያ ዝበለትኒ" እናበልካ ከይትቕኒ

መልሓስ እያ።

ብምቕፃል መላሲ ዝነበረ ብግዲኡ ሓታቲ፣ ሓታቲት ዝነበረት ድማ መላሲት ብምዃን ይፃወቱ።

ሓታቲ፡- ሕንቅልሕንቅሊተይ

መላሲት፡- ሰናቢተይ

ሓታቲ፡- ንእሽተይ ፈላሲት

ሩባ ሩባ ሓማሲት

ኣድገ በቕሊ ዘይትፈቱ

እንዳ ብዕራይ ሰቲኺ ትኣቱ

ምስ ኣተወት መሊቓ

ኣይወፅእን ትብል ጠቢቓ

ፀላም ሕብራ ልምልምቲ

ደም ዝቖለባ ርግምቲ

ፍለጥለይ?

መላሲት፡- ምሳሕ

ሓታቲ፡- ምሳሕ ወዲ ዶ ምሳሕ ጓና?

መላሲት፡- ምሳሕ ወዲ (ጓና)

ሓታቲ፡- "ወዲ" ዝበለ፣ ወዲ ይሃቦ። "ጓና" ዝበለ፣ ጓና ይሃቦ። ካብታ እዝኑ ቈርሚምና

ንኸልቢ ንሃቦ። "ዋ ... ዓለቕቲ እያ።

እዞም ዝተገለፁ ሜላታት መለስቲ መልሲ እንተጠፍኦም ዝበሃሉ እዮም። መልሲ እንተፈሊጦም ግና ብቐጥታ ክምልሱ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡-

ሓታቲ፡- ሕንቅልሕንቅሊተይ

መላሲት፡- ሰናቢተይ

ሓታቲ፡- ሓንቲ ሱራ ምሸላ

ዓሰርተ ክልተ ጨናፍራ

ብሰናይ ዘበን ኮነ ኣብ እዋን ሓሪ

ሰላሳ ፍረታት እተፍሪ

ፍሪኣ ኣይውስኽ ኣይንኪ

እንትትጕዓዝ ኣይትስልኪ

እንትትሓልፍ ዘይትፍለጥ

ኣለኹ እናበለት እተምልጥ

ኣስተምህርለይ?

መላሲት፡- ዓመት

ሓታቲ፡- ረኺብክያ!

ሓታቲ፡- ሕንቅልሕንቅሊተይ

መላሲት፡- ሰናቢተይ

ሓታቲ፡- እግራ ጋሕጣጥ

ከብዳ ዘፍጣጥ

ዓይና ፈጣጥ

ርእሳ መላጥ

እንትትተሓዝ ትብል ሽልሓጥሓጥ

ኣብ ማይን ኣብ ምድርን እትቕመጥ

ኣስተምህርለይ?

መላሲት፡- ጭንቁራዕ

ቈልዑ ብኽምዞም ዝተወሃቡ ኣፀዋውታ ሕንቅልሕንቅሊተይ እንትፃወቱ ናይ ሰዓርነት ኒሕ ይሰንቁ። እዚ ፀወታ ኣብ ምህናፅ ኣተሓሳስባ ቈልዑ ብፅሒቱ ልዑል ብምዃኑ ስርዓት ኣፀዋውትኡ ብምዕቃብ ክፃወቱሉ ይግባእ።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀፂሎም ዝቐረቡ ሓረጋት እንታይ ከምዝገልፁ ሓብሩ።**

1. ለይለይ በሃሊት
2. ብፀዓዱ ሓሻኽር እትሕሎ
3. ኣድገ በቕሊ ዘይትፈቱ
4. ዓሰርተ ክልተ ጨናፍራ

5. ፍሪኣ ኣይውስኸ ኣይንኪ

6. ዘፍጣጥ ከብዲ

7. ምልክዕቲ ቀያሕ ወለሎ

ለ. ሕንቅልሕንቅሊተይ እንትቐርብ ሓታትን መላስን እንታይ እንታይ ከም ዝበሃሃሉ ግለፁ።

ሐ. "ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣድማስ ኣተሓሳስባ ሰባት የስፍሕ እዩ" ዝተበሃለ ንምንታይ እዩ?

መ. ብዛዕባ መልሓስ ንዝቐረበ ግጥሚ ብሌጣን ብቀጥታዊ ኣዘራርባን ብሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 3. ቃላት

### ምስላዊ ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ምስላዊ ፍታሕ እዞም ቃላት ወይ ሓረጋት ግለፁ።**

**ኣብነት፡-** *ፀላም ሕብራ ልምልምቲ = ዓለቕቲ*

1. በዓቲ
2. ቀያሕ ወለሎ
3. ሓሻኽር
4. ፈላሲት
5. ጨናፍር
6. ሰላሳ ፍረታት

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ሀ. ነዞም ብዛዕባ ከበሮ ዝቐረቡ ክልተ ግጥማዊ ሕንቅልሕንቅሊተያት ዛዝሙ።**

**ከበሮ**

ብፅራይ እንዳቦይ ማእገረ

__________ክብል ሓድረ

__________ ከየንበረ

**ከበሮ**

ሰብ ብብልሓቱ

_________ ብምዉቱ

__________ ብፅርበቱ ሓቢሮም ይፃወቱ

**ለ. ቅርፂ ኣቀራርባ ግጥሚ ዘማልእ ሓደ በዓል 4-6 መስመር ሕንቅልሕንቅሊተይ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሓፋ

**መምህርኩም ንዘንብቡልኩም ሕንቅልሕንቅሊተያት እናዳመፅኩም ፀሓፉ።**

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሕንቅልሕንቅሊተይ ብኽንደይ ሰባት ይቐርብ? እንታይ እንታይ ግደኸ ኣለዎም?

### ንባብ ኣገላልፃ

ዝፀሓፍኩምዎም ሕንቅልሕንቅሊተያት ምስ መፃምድኹም እናተሓታተትኩምን እናመለስኩምን ኣቕርቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ንጠቐመሉ!



### ቅድመ ምድማፅ

ምድማፅ ቅድሚ ምጅማርኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ሕንቅልሕንቅሊተይ መን ይፃወቶ? ንምንታይ ይፃወቱዎ?
2. ኣብ ሕንቅልሕንቅሊተይ ከመይ ዝበሉ ሕቶታት ይለዓሉ?

## እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም መምህርኩም ንዝሓቱኹም ሕቶታት መልሱ።**

## ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እቶም ወላዲ ነቲ ሕንቅልሕንቅሊተይ እታ ዝነኣሰት ቈልዓ ክትምልሶ ዝገበሩ ንምንታይ እዩ?
2. ሕንቅልሕንቅሊተይ ካብ ሌጣዊ ቅርፂ ብተወሳኺ ብምንታይ ይቐርብ?
3. ካብ ሕንቅልሕንቅሊተይ እንታይ ንመሃር?
4. "ሕንቅልሕንቅሊተይ ስነ ቃላዊ ሃፍቲ እዩ" ዝተበሃለሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕንቅልሕንቅሊተያት ኣብ ጎኖም ንዝተወሃቡ ቃላት ፍታሕ ዝኾኑሎም ኩነት ግለፁ።**

1. ብማይ ተሰሪሓ ማይ እትፈርሕ -- ቆፎ
2. ዝሃብካዮ ዝበልዕ ማይ ዝፀልእ -- ሓዊ
3. ካብ ማይ ተፈጢራ ብማይ እትመውት -- ጨው

**ሐ. ኣብዚ ሰደቓ ካብ ዘለዉ ቃላት ሓደ ቃል ብምምራፅ 4 - 6 መስመር ዘለዎ ግጥሚ ሕንቅልሕንቅሊተይ ብምፅሓፍ ኣቕርቡ።**

| ቃል | ግጥሚ | ሕንቅልሕንቅሊተይ |
|---|---|---|
| 1. ሓዊ<br>2. ደርሆ<br>3. ጨው<br>4. ቆፎ | | ሕንቅልሕንቅሊተይ ሰናቢተይ |

# 7. ሰዋስው

## ምስናይ በዓል ቤትን ግስን

**ነቶም ኣብ ሓፁር ዝተወሃቡ ግስታት ምስ ስማት እናሳነኹም ፀሓፉ።**

ኣድጊ ንምንታይ መኪና (1)__________ (ፈርሐ)? ከልቢ ኸ ንምንታይ ንመኪና እናጕየየ (2)__________ (ነብሐ)? ጥየል ከ ንምንታይ ካብ መኪና (3)__________ (ሃደመ)?

ሓደ እዋን ሰለስቲኦም ብመኪና (4)__________ (ተጐዓዘ) ነይሮም። ኣብቲ ዝወርድሉ ቦታ ምስ (5)__________ (በፅሐ) መኪና ደው ኣቢሎም (6)__________ (ወረደ)። ኣድጊ ናይ ዝመፅኣሉ ዋጋ ቀልጢፉ (7)__________ (ከፈለ)። ከልቢ ሽሩፍ ቅርሺ ስለዘይነበሮ ጥቕሉል ሂቡ ኣማልስ (8)__________ (ተቐበለ) ምፅባይ ጀመረ። በዓል መኪና ኣማልስ ከይሃቦ ከደ። ጥየል ድማ ከይከፈለት መሽለዋ ኢላ (9)__________ (ሃደመ)።

ነዚ እዩ፣ ኣብ መንገዲ መኪና (10)__________ (ርኣየ) ሰለስቲኦም ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ዘርእዩ። ኣድጊ ብጥቕኡ መኪና እንትትሓልፍ "ምሳይ እንታይ ኣለኪ" ብዝብል ዓይነት ዝኾነ ነገር (11)__________ (ሰምዐ)። ከልቢ መኪና እንትርእይ (12)__________ (ደሓረ) እናጕየየ "ዉሕ" እናበለ ኣማልሱ ክሓትት (13)__________ (ነብሐ)። ብኻሊእ ገፅ፣ ጥየል ብጥቕኣ መኪና እንተመፂኣ (14)__________ (ዓደየ) ንከይትኸፍል ትጕይዩ።

## ሰሙናዊ ርእሲ ኣፈ ታሪኽን ካልኦት ስነ ቃላትን

### ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ዝስዕብ ምንባብ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣፈ ታሪኽ እንታይ ማለት እዩ?
2. ከተማ ዓብዪ ዓዲ ኣበይ ከባቢ ትርከብ?

### እዋን ንባብ


**በብፅምዲ ብምኻን ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝተወሃቡ ሓድሓደ ኣፈ ታሪኽ ብምንባብ ትሕዝቱኡ ንመፃምድኹም ኣዘንትዉ።**

# ኣሰያይማ ከተማ ዓብዪ ዓዲ

ሐዚ ዓብዪ ዓዲ ዝበሃል ዘሎ ከተማ ስያምኡ ከመይ ከምዝረኸበ ዝንገረሉ ኣፈ ታሪኽ ኣሎ። እዚ ኣፈ ታሪኽ ብኸልተ መንገዲ ይንገር።

እቲ ሓደ፣ ኣብ ሓደ ዘበን ኣብ ሃገርና ሓያል ንጉስ ነበረ ይበሃል። እቲ ንጉስ ኣድርን ዳጉሻን ሓዋዊሱ ህዝቢ ክፈልየሉ ምእዛዝ ይጅምር። ክልቲኦም ፍረታት ብመልክዖም ንምፍላዮም ኣፀገምቲ ምኳኖም ይፈልጥ። ምልኩ ንኸፍልጥ ግና በብ ዓዱ እናዞረ ህዝቢ ንኽፈልየሉ ይእዝዝ ነበረ። ካብዚ ተላዒሉ እቶም ዝኣዘዞም ህዝብታት ምፍላይ እንትኣብዮም ድማ ይቐፅዖም ነበረ።

ሓደ እዋን፣ ሐዚ ዓብዪ ዓዲ እናተበሃለ ኣብ ዝፅዋዕ ዘሎ ቦታ ይበፅሕ። ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ብምእካብ ነቲ ኣድርን ዳጉሻን ክፈልዩሉ ይእዝዞም። ዓበይቲ ዓዲ ተኣኪቦም ብምምኻር ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኣክል ክፅበዮም ይሓቱዎ። ሕቶኦም ብምቕባል ክይፈለዩ እንተፀኒሖም ግና ከምዝቐፅዖም ነጊሩዎም ይኸይድ።



*ንጉስ እንትእዝዝ*

እቶም ደቂ ዓዲ ብመሰረት ምኽሮም ይዘርኡዎ። ምስ በቚለ ድማ በበይኑ ዓፂዶም ዘቢጦም ኣፅኒሖምዎ። ንጉስ ብቑፀርኡ እንትምለስ ትእዛዙ ከም ዝፈፀሙ ብተግባር ኣርእዩዎ። እቲ ንብዙሓት ኣዚዙ ዘይተፈፀመሉ ንጉስ፣ እቶም ሰባት ብምትግባሮም ብጣዕሚ ይገርሞ። በዚ ድማ፣ "እዚ ዓዲ፣ ዓዲ ዓበይቲ እዩ። ብሓቂ ዓብዪ ዓዲ!" ብምባል ናእድኡ ገለፀ። ካብቲ ዘበን ንሱ ንድሓር እቲ ከባቢ ዓብዪ ዓዲ ተባሂሉ ከም ዝተፀውዐ ይንገር።

እቲ ካልእ ድማ ምስ ሓንቲ ጓል ዝተተሓሓዘ ኣፈ ታሪኽ እዩ። ካብ ርሑቕ ቦታ

ናብቲ ሐዚ ዓብዪ ዓዲ ዝበሃል ቦታ ዝመፀት ሓንቲ ጓል ነበረት። እዛ ጓል ካበይ ዓዲ ከምዝመፀት ኣይፍለጥን ነበረ። ምስመፀኣት ግና ኣብ እንዳ ሃፍታም ሰራሕተኛ ኰይና ትቑፀር። ስእንቲ ብምዃናን ሰብ ስለዘይነበራን ዝሕፀያ ስኢና ከይተመርዓወት ብዙሕ ትፀንሕ።

ነዚ ዝተዓዘቡ ዓበይቲ ተኣኪቦም ብዛዕባ እታ ጓል መኸሩ። "ሰብ ዘይብላ ኮይና ደው ኢላ ምቕራያ የነውረልና እዩ። መስሓቕ ሰብ ንኸይንኸውን ተሓባቢርና ነመርዕዋ።" ብምባል ሰናይ ስራሕ ንምፍፃም ይሰማምዑ። ብመሰረት እዚ ንመመርዐዊ ዝኸውን እኽለ ማይ ኣዋፂኦም ብምምርዓው ኣግዚሞም ሓዳር ክትምስርት ገበሩ።

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ወለዳ እናጠየቑ ናብቲ ሓዳር ገይራ ወሊዳ ዝዘመደትሉ ቦታ ይመፅኡ። ጓሎም ንወለዳ ብታሕጓስ ብምቕባል ዝተገበረላ ኩሉ ብዝርዝር ነገረቶም። በቲ ተግባር ተደሚሞም ድማ "ብሓቂ ዓብዪ ዓዲ ርእይና" ብምባል ናእድኦም ገለፁ። ካብኡ ጀሚሩ እቲ ቦታ "ዓብዪ ዓዲ" ክበሃል ክኢሉ።

*(ፍልፍል፦ ስነ ቃል ህዝቢ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣፈ ታሪኽ እንታይ እዩ?
2. እቶም ዓበይቲ ዓዲ ዳጉሻን ኣድርን ክፈልይ ዝኣዘዘ መን እዩ?
3. እቶም ዓበይቲ ዓዲ ዳጉሻን ኣድርን ንምፍላይ ክንደይ ኣዋርሕ ሓቲቶም? ንምንታይ?
4. ኣብቲ ካልኣይ ኣፈ ታሪኽ ነበርቲ ዓብዪ ዓዲ ሰሪሖምዎ ዝበሃል ሰናይ ተግባር እንታይ እዩ?
5. ኣብቲ ካልኣይ ኣፈ ታሪኽ "ብሓቂ ዓብዪ ዓዲ ርእይና" ዝበለ መን እዩ?
6. ከተማ ዓብዪ ዓዲ "ዓብዪ ዓዲ" ዝብል ስም ክትሕዝ ምኽንያት ዝኾነ እንታይ እዩ?
7. ክልቲኦም ኣፈ ታሪኻት ዘመሳስሎም ነገር እንታይ እዩ?

ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ ምልኡ።

| | ቀዳማይ ኣፈ ታሪኽ | ካልኣይ ኣፈ ታሪኽ |
|---|---|---|
| ቀንዲ ገፀ ባህርይ<br>ካልኦት ገፀ ባህርያት | | |
| እቲ ታሪኽ ኣበይ ተፈፂሙ?<br>እቲ ታሪኽ መዓዝ ተፈፂሙ? | | |
| ቅደም ሰዓብ እቲ ታሪኽ<br>መጀመርታ<br>ደሓር<br>ቀፂሉ<br>ኣብ መወዳእታ | | |

ሐ. ስያመ እትነብርሉ ከባቢ ብኸመይ ከም ዝተወሃበ ዝነግር ኣፈ ታሪኽ ንዝፈልጡ ሰባት ብምሕታት ፀሓፉ።

## 9. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ዓውዳዊ ፍታሕ እቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ፀሓፉ።**

1. ለምለም ዕምዲ ኣብዑር ሒዛ ጕጆ ፈልያ።
2. እቲ ቈልዓ ሓዊ እናፈለየ ምዕዋት ክገድፎ ኣለዎ።
3. ኑርያ ብልዕቲ ደርሆ ምፍላይ ክኢላ።
4. ገብረ ፍላይ ማንታ እዩ።
5. ኣዲኡ ዘይፈለየ ቈልዓ ምስ ዝኾነ ሰብ ይሕቈፍ።
6. እቲ ኣቦ መንበር ሰብ ኣይፈልን።
7. ዘይፈለየ ስዋ ንዓይንኻ ደስ ኣይብልን።
8. ነታ ምራኽ ካብ ኣዲኣ ፍለያ።
9. ጀማል ፈላዪ ጅማት እዩ።
10. መሬት ምስ ፈለየ ክንራኸብ ተቛፂርና።

## 10. ዕሕፈት

### ምውዳድ ዕሑፍ

**ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዘንበብኩምዎ ምንባብ ዝርከብ ንጉስን ዓበይቲ ዓድን ዝደልዩዎም ነገራትን ዝገበሩዎም ተግባራትን ዘነፃፅር ገርፊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ቃላት እናቐየርኩም ብትኽክል ፀሓፉ።**

**ኣብነት**

*ቈለፈ፣ መቘለፊ፣ ተቘለፈ*

1. ቈርጠጠ
2. ኰመረ
3. ኰልሰሰ
4. ኰርኰመ
5. ጐልበበ
6. ጐምፀፀ
7. ቈመጠ
8. ቈጥቈጠ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### ንባብ ናህሪ

**"ኣሰያይማ ከተማ ዓብዪ ዓዲ" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ክልተ ኣብ ሰላሳ ሰከንድ ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ኣብዚ ምንባብ ዝርከቡ ዓበይቲ ዓድን እቲ ንጉስን ዝደልዩዎምን ዝገብሩዎምን እናተዘራረብኩም ብምግምጋም ብቓል ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ምስናይ ስምን ግስን

**ኣብ ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ምስ ዝርከብ ስም ዝሳነይ ግስ ምረፁ።**

1. ኣኽበረት ብዛዕባ ኣሰያይማ መቐለ ካብ ዓብዪ ሓዋ (ሰሚዓ፣ ሰሚዑ)።
2. ሳራ መልሲ ዝተሓተተቶ ሕንቅልሕንቅሊተይ (ረኺባ፣ ረኺቡ)።
3. መሓሪ ኣሰያይማ ቦታ ዝገልፅ ኣፈ ታሪኽ (ኣቕሪባ፣ ኣቕሪቡ)።
4. ጀማል ፅቡቕ ቃላዊ ግጥሚ (ፅሒፉ፣ ፅሒፋ)።
5. ኣብርሃ ትማሊ ካብ ኣዲስ ኣበባ መፅሓፍ ሕንቅልሕንቅሊተይ ሒዙለይ (መፂኣ፣ መፂኡ)።
6. ተስፋይ ኣብ ቤተ ንባብ መፅሓፍ ስነ ቃል (ኣንቢቡ፣ ኣንቢባ)።
7. ስዕዲ መልእኽቲ ዝሰምዐቶ ሕንቅልሕንቅሊተይ (ገምጊሙ፣ ገምጊማ)።
8. ኣኽሱማዊት ንሓዋ ኣፈ ታሪኽ ክነግራ (ሓተቶ፣ ሓቲታቶ)።
9. ቈልዑ ሕንቅልሕንቅሊተይ ንመዘናግዒ ይጥቀምሉ (እየን፣ እዮም)።
10. ኣመተ ወግዒ ዓበይቲ ክትፈልጥ ዓብዪ ድልየት (ኣለዎ፣ ኣለዋ)።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. እንተ- ዘንበይ -ኡ
2. ዘ- ድመፅ -ኩ -ዎ
3. ኣ- ጠቓሊል -አ -ሎም
4. ን- ዘይ- ት- ትግብር -ኦ
5. እንተይ- በል -ኡ -ኒ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ምድምማፅ እንታይ ማለት እዩ? ንምንታይከ የድልይ?
2. ኣብቲ ስእሊ ዝተወሃቡ ደርሆን ሽላን ምድምማፅ ዘለዎምዶ ይመስለኹም? ንምንታይ?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ደርሆ ንምንታይ ምንፋር ዘይትኽእል?
2. ሕብረተሰብና ንዝተፈላለዩ ተርእዮታት ብምንታይ ይገልፆም?
3. ብዛዕባ ዘይትፈልጦ ምሕታት እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

# ምድምማፅ

ኣደይ ትሕሽ ብዙሕ ቁም ነገር ዘስነቓኒ ማህደር ፍልጠት እየን። ልዕሊ ኩሉ ግና “ስማዕ ክትስማዕ” እንትብላና የመና ይፈትወን።

“ሓቂ ተዛረብ እሞ ኣብ መንገዲ ሃርስ” እትብል ምስላ መውፅኢት ኣፈን እያ። ነዛ ኣበሃህላ፣ ኩሉ ሰብ ቀኒዑ ኣብ ቃሉ ንኽርከብ ዘለወን ድልየት ይምዕዳላ። እንትረኽባኒ “ኣታ ቈልዓ ቅኑዕ ኩን፤ ዝደለኻዮ ኣይትሕባእ። እንተደሊኻ ካብ ዓበይቲ እንተደሊኻ ካብ መፃሕፍቲ ኣልሽ” እንተይበላኒ ኣይሓልፋን። እናሓተትካ ዝርከብ ዓቕሚ መሳልል ፍልጠት ኮይኑ ከም ዘገልግል ይነግራኒ።

ሕብረተሰብና ንብዙሓት ተርእዮታት ዝገልፁ ምስላታት፣ ነበረያ ነበረታትን ያታታትን ከም ዘለዉዎ ኣምሂረናኒ እየን። እዚኦም ኣብ ኩነታት ከባቢ ኣመልኪቶም ንዝለዓሉ ሕቶታት ዝወሃቡ ያታዊ ገለፃታት የምፅኡ። ትምህርቲ ካብ ምፍላጥ ከባቢ ስለዝጅምር እቶም ያታዊ ገለፃታት ከባቢ ዝፍትሹ ሓተታታት ኣለዎም። ከም ኣደይ ትሕሽ ንዝኣመሰሉ ሰባት ዘይሓትት ሰብ ብዙሕ ፍልጠት ከም ዝስእን ተረዲኤ እየ። እንተ ኣነ ግና ብዘይ ስግኣት እናሓተትኩ ኮነ ምስ ኩነታት እናዛመድኩ ብዙሕ ክመሃር ክኢለ።



*ደርሆ ንደቃ እንትትከላኸል*

ሓደ እዋን ደርሆ ዝተወሃባ ምግቢ ገዲፋ መሬት ክትፅሕር ይርእያ። ብዛዕባኣ እናሓሰበኩ እናሃለኹ ንኣደይ ትሕሽ ረኺብኩወን። ብዛዕባ ተግባር እታ ደርሆ ሓተትኩወን። ነቲ ኩነታት ብኸምዚ ዝስዕብ መለሳለይ።

"ደርሆ ምንፋር ኣይትኽእልን። እዛ ደርሆ ሽላ ኣብ ሰማይ ክነፍር ትርእይ። ከመይ ኢሉ ከም ዝኽኣሎ ድማ ረኺባ ትሓቶ።

ሽላ፣ መንፈር ሰፍዩ ከም ዝነፈረ እንትነግራ መንፈር ሰፍያ ንክትነፍር መርፍእ ትልምኖ። እቲ ሽላ በቲ መርፍእ ከም ዝናበርን ክይተጥፍኣሉን የጠንቅቓ። እታ ደርሆ ተጠንቂቓ ከም እትጥቀመሉ ቃል ትኣትወሉ። እንተኣጥፊኣቶ ግና ብዘይ ምሕረት ደቃ ከም ዝወስደላ ኣጠንቂቑዋ ይኸይድ።

ደርሆ ብዝተለቀሐቶ መርፍእ መንፈር ምስፋይ ትጅምር። ሰፍያ እንተይወድአትን ምንፋር እንተይክኣለትን ግና ነቲ መርፍእ ብሸለልትነት ኣጥፊኣቶ።

ሽላ ብመሰረት ቈፀሮኦም ንብረቱ ንክቕበል ይምለስ። እታ ደርሆ ነቲ መርፍእ ንምርካብ ብእግራን ብመትኰባን መሬት ፅሕር ፅሕር እናበለት ምፍታሽ ጀመረት።

ሽላ ብተግባራት ደርሆ ተቘጢዑ በብዝመፅኦ ደቃ ምውሳድ ጀመረ። ካብዚ ዝተለዓለ፣ ሽላ እንተዘንብዩ ደቃ ንከይወስደላ እናፀውዐት ናብ ሕቝፋ ተእቱዎም።"

ነዛ ዛንታ ምስ ነገራኒ፣ ከምታ ዘዳመፅኩወን ከም ዘዳመፃኒ ተረዲኣ፣ ነቲ ሓሳብ ፀሚቜ ደጊመለን። ደስ ስለዝበለን ድማ "ጐበዝ! ንዘይትትግብሮ ቃል ከይትኣቱ" ብምባል ገዲፈናኒ ከዳ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ንኣደይ ትሕሽ ማህደር ፍልጠት ዘብለን ነገር እንታይ እዩ?
2. "ንዘይትትግብሮ ቃል ከይትኣቱ" ዝብል ኣበሃህላ ብኻሊእ መንገዲ እንትግለፅ ከመይ ይበሃል?
3. "ስማዕ ክትስማዕ" ዝብል ገለፃ ረብሕኡ እንታይ እዩ?
4. ብዛዕባ ደርሆ ዝተገለፀ ሓሳብ ዘርዝሩ።
5. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዘሎ መደምደምታ እንታይ ትመሃሩ?

**ለ. "ሓቂ ተዛረብ እሞ ኣብ መንገዲ ሃርስ" ምስ ዝብል ምስላ ዝመሳሰል ካሊእ ምስላ ፀሓፉ።**

**ሐ. ምስላታት፣ ነበረያ ነበረታትን ያታታትን ዘለዎም ረብሓታት ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ዝርእዩ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ማህደር ፍልጠት
2. መውፅኢ ኣፎም
3. መሳልል ፍልጠት
4. ዘስነቓኒ
5. ምዝንባይ
6. ቆፀራ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ድልየትን ተግባራትን እቲ ንጉስን እቶም ዓበይቲ ዓድን ዝፀሓፍኩምዎ ገርፌ ዓንቀፅ ኣፅፊፍኩም ወድኡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብዞም ዝስዕቡ ምስላታት ብትኽክል ዘይተፀሓፉ ቃላት ብምፍላይ ብትኽክል ፀሓፉ።**

1. ሓላዊ ዘለዋ በጊዕ ኰልኮላ ደገ ይሓድር።
2. ለባም ተወከሰ፣ ባላ ተመርከሰ።
3. መኽርመዩ ዝረኸበ መስፍሒ ደለየ።
4. ኣብ ልዕሊ ቆፀራ ኣይቌፀሩ ኣብ ልዕሊ ርሑስ ኣየቃፅሉ።
5. ሰብ ብዝወዓሎ፣ ማይ ብዘንቈልቀሎ።
6. ሰፍኢ የብለይ መበቈዒ ቈልዓ የብለይ መደንገጺ።
7. ቈርቦት ብዕንግለ ይምለጥ ገራሕ ብዘረብኡ ይፍለጥ።
8. ጕበዝ ቀውዒሳ ማዕፂድ ገበጠ ኢሉ ይስሕቕ።

## 18. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ርእሱን ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### *ንባብ ኣገላልፃ*

**“ምድምማፅ” ንዝብል ምንባብ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**“ምድምማፅ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከባ ኣደይ ትሕሸን እቲ ቈልዓን ዘልዕሉዎም ሓሳባት እናተዘራረብኩም ብቓል ኣቕርቡ።**

## 20. ሰዋስው

### *ምስናይ በዓል ቤትን ግስን*

**ኣብዚ ዓንቀፅ ብብዙሕ ቁፅሪ ዝተወሃቡ ቃላት ናብ ነፀላን ሓደ ዝመረፅኩምዎ ፆታን እናቐየርኩም ፅሓፉ።**

ቈልዑ ምስ መሰትኦም ነበረያ ነበረ ክፀዋወቱ ይፈትዉ። ቈልዑ ብፍላይ ዓበይቲ ሰባት ነበረያ ነበረ እንትነግሩዎም ኣዘራርበኦም ምስቶም ዝለዓሉ ሓሳባት ስለዘዛምዱዎም የመና ይሕጎሱሉ። ስለዚ ዓበይቲ ሰባት ንቈልዑ ዝነግሩዎም ነበረያ ነበረታት ትሕዝቶኦም ዘምህሩ ወይ ዘመራምሩ ክገብሩዎም ይግባእ። ብኸምዚ እቶም ነበረያ ነበረታት ቈልዑ ንኸሓስቡን ብዙሕ ነገራት ክስተውዕሉን ይጠቕሙዎም እዮም።



# 10 ምፅያፍን ምጉናይን ኣብ ኤችኣይቪ/ኤድስ

## ሰሙናዊ ርእሲ ሳዕቤናት ምፅያፍን ምጉናይን ምስ ኤችኣይቪ/ ኤድስ ንዝነብሩ ሰባት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### *ምጥማርን ምንፃልን*

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

1. ኣ- ቀየም -ኩ
2. እንተ- ኮይን -ኦም
3. እንተ- ርእይ -ኦም -ኒ
4. ኣ- ጓንይ -አ -ኹ

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

1. ዘይምፍላጠም
2. ዝበደልኩዎም
3. ከምዘውግዑዋ
4. እንተቐርቦም

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

- ኤችኣይቪ/ኤድስ እንታይ ማለት እዩ?
- ኤችኣይቪ/ኤድስ ብምንታይ ይመሓላለፍ?

## *እዋን ንባብ*

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናንበብኩም መልሱ።**

1. በደል ብምፍፃሙ ዝተጠዓሰ መን እዩ?
2. እቶም ሰብኣይ ኤችኣይቪ/ኤድስ ንዘለዎም ሰባት ንምንታይ ይፀርፉ ነይሮም?
3. እቲ ዘተ ኣብ መንጎ መንን መንን ተኻይዱ?

# ኣቦይ ነስሓ

ሕድሩ ማዕፆ ከፈቱ “ተመሊሰ” እንተይበለ ኣይኣቱን። ኣቦ ሓጐኡ ማእሲ ካብ ዝሕዙ ኣብ ዝወዓለ ውዒሉ ክሳብ ዝምለስ ብሰላም ዝፀንሑዎ ኣይመስሎን። ብፍላይ ዝገበሩዎም ከዘንትዉሉ ብምጅማሮም ተስፋ ዝቖረፁ መሲሉዎ ተጨኒቑ እዩ።

ሎሚ እንታይ ከም ዘውግዑዎ እናሓሰበ ናብቲ ዝደቀስሉ እንትኣቱ፣ ርእሶም ብሻሽ ኣሲሮም ፀንሑዎ። ደንጊፁ ቀሪቡ እንታይ ከም ዝኾኑ ምስ ሓተቶም፣ ሸተት ኢሎም ጥንቅልዒት ከም ዘወደቑ ነገሩዎ። ናብ ሕክምና ክወስዶም እንትብል፣ ቅሳነት ዝኸልኦም ሓሳብ እናዘከሩ “ዝነግረካ ኣለኒ” ብምባል ወግዒ ጀመሩሉ።



*ኣቦይ ነስሓን ሕድሩን*

“ሰባት እንትንበሃል ብምርዳእን ብዘይ ምርዳእን ብዙሕ ነልምዕን ብዙሕ ነጥፍእን። ኩልና ሓደ ዘይምኻንና ግና ዝገርም እዩ። ከምዚ ዝብለካ ብበደለይ ንብዙሓት ሰባት ስለ ዘቐየምኩ ብምንስሐይ እዩ።”

“እንታይ በዲልካ?” ብምባል ይሓቶም እናተገረመ።

“እንታይከ ዘይበደልኩ! ንብዙሓት ይብድል ነይረ። እናፀናፀንኩ ዝረኸብኩዎ ሚስጥር ፈቐድኡ የንበልብሎ ነይረ።

ብኸምዚ ካብ ዘዋረድኩዎም ተመርሚሮም ኤችኣይቪ/ኤድስ ከም ዘለዎም ዝፈለጡ ብዙሓት ነይሮም። ነዞም ሰባት ምስ መሓዙተይ ኮይነ ሐሕማቑ እናተፃረፍኩ ይሓምዮም ነይረ።”

ብፍላይ ዝጥርጠሩ እንተኾይኖም ብሕፍረት ኣብ ዝኣትዉዎ ክሳብ ዝስእኑ ይድህሎም

ነይረ። በዚ ዝተለዓለ ኣብ መንገዲ እንተርእዮምኒ መንገዶም ይቕይሩ።

ከይርኣዩኒ ናብ ዘለኽዎ እንትመፅኡ ብዛዕብኦም ዝኾነን ዘይኮነን ብምዝራብ የሸቚሩሮም። ብፍላይ ገዛ ክካረዩ ንዝመፅኡ ኤድስ ኣለዎም ብምባል ንብዙሓት ይመልሶም ነይረ። ዘረባይ ዝሰምዑ ሰባት ናብኦም እናመልከቱ እንትዛረቡ ብሕፍረት ዓርሰ እምነቶም ይጠፍእ።

"እንታይ ገይሮምኻ?" ምስ በሎም፣ "ዘይምፍላጥ!" በሉ እናተከዙ። ፅንሕ ኢሉ "እንታይከ ይብሉ?" ብምባል ንምንታይ ነዊሕ ዝሓብኡዎ ሚስጥር ከም ዝነግሩዎ እናሓሰበ ይሓቶም።

ገሊኦም ለባማት ንኽገድፍ እንትመኽሩኒ ብህልኽ የግድዶ ነይረ። ሐዚ ኮይነ እንትሓስቦ ንኽንደይ ሰባት ተስፍኦም ክቕህም ገይረ ይመስለካ!

ሓደ መዓልቲ ሽተት ኢለ ይወድቕ እሞ ምድማይ ይጅምር። ሰባት እናተጓየዩ ኣልዒሎም ሓገዝ እንትገብሩለይ ሓደ መንእሰይ ግና "ኤድስ ከይህሉዎም ደሞም ከይትሕዙዎ" ይብሎም። ሻቡ ቀዲመ ዝገብሮም ዝነበርኩ በደላት ተርኣዩኒ። ኣብ ባዕለይ ዘጋጠመ ሕማቕ ዘረባ በቶም ዝፍፅሞም ዝነበርኩ ተግባራት ምጉናይ ክጠዓስ ገይሩኒ። ብዙሓት ምስ ፈተውቶም ከም ዝተፈላለዩን ምስ ደቖም ከም ዝተረሓሓቑን ተረዲአ። በዚ ድማ ማሕበራዊ ናብርኦም ከም ዝተበተነን ብሕታውነት ከም ዝሰዓሮምን ኣሚነ። ውሱናት ድማ ተመርሚሮም ኩነታቶም ከይፈልጡ ንኽፈርሑን ዓርሶም እናጠርጠሩ ንኽነብሩን ገይረዮም።

ሕድሩ፣ ድምፂ ኣቦ ሓጐኡ ከም ዝደኸመ ኣስተውዒሉ። ካብኡ፣ "ደኺሙካ እዩ ንእሽተይ ኣዕርፍ" እንትብሎም ርእሶም ብምንቕናቕ ንኽሰምየዎም ብዓይኖም ገንሑዎ።

ነዚ ኩሉ ንበይነይ ሒዘዮ ክሓልፍ ኣይደለኹን። "ብጥፍኣተይ ብዙሓት ስለ ዝተጎድኡ እንደገና ካልኦት ከይጉድኡ ሓደራ . . ." እንትብሉ ድምፆም ቁርፅ ቁርፅ ኢሉ ተቛረፀ። ዓይኖም ከይተኸደነ ቀረየ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣቦይ ነስሓ ዘጣዕሶም እንታይ ነይሩ?
2. ኣቦይ ነስሓ ንዝፈፀሙዎም በደላት ብኽመይ ዘኪሮሙዎም?
3. ፀርፊ ኣቦይ ነስሓ ኣብቶም ኣብ ደሞም ኤችኣይቪ/ኤድስ ዝነበሮም ሰባት እንታይ ዓይነት ስምዒት ኣሕዲሩሎም?

ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣድለይቲ ሓሳባት እናቐመጥኩም ነዚ “መደያይቦ” ውረዱ።

1.

ስም ገፀ ባህርይ

2.

ክልተ ቃላት ገፀ ባህርይ ዝገልፁ

3.

ሰለስተ ቃላት መዓበይ ዝገልፁ

4.

ኣርባዕተ ቃላት ንዚጋጠመ ፀገም ዝገልፁ

5.

ሓሙሽተ ቃላት ንሓደ ተርእዮ ዝገልፁ

6.

ሽዱሽተ ቃላት ንዝስዕብ ተርእዮ ዝገልፁ

7.

ሸውዓተ ቃላት ንዝቕፅል ተርእዮ ዝገልፁ

8.

ሸሞንተ ቃላት ንዝተፈጠረ ወይ ዝተረኸበ መፍትሒ ዝገልፁ

ሐ. ብዛዕባ መንነት ኣቦይ ነስሓ፣ ተግባሮምን ዝረኸቡዎ ትምህርትን ዘዘንትው ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ዝርእዩ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

**ኣብነት፡-**

*ዓርሰ እምነት*

*ሰምሃል ዓርሰ እምነት ስለዘለዋ ዝኾነ ነገር ብዘይ ሓገዝ ሰባት ባዕላ ትሰርሕ።*

1. ማእሲ ሒዙ
2. ሓደ ምዃን
3. እናፀናፀንኩ ዝረኸብኩዎ
4. ብሕታውነት ስዒሩዎ
5. ሓሳበይ ንበይነይ ሒዘ
6. ፈቖድኡ የንበልብሎ

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ዘለዉ ሕቶታት ብምጥቃም ትሕዝቶ "ኣቦይ ነስሓ" ዝብል ምንባብ ብምኽንያትን ውፅኢትን ዝትንትን ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ዘድልዩ ሓሳባት ኣክቡ።**

| ምኽንያት | ውፅኢት |
|---|---|
| ኣቦይ ነስሓ ምስ ሕድሩ ንምንታይ ከውግዑ ደልዮም? | |
| ኣቦይ ነስሓ ንምንታይ ይሓምዩ ነይሮም? | |
| ብኣቦይ ነስሓ ዝናሸዉ ዝነበሩ ሰባት ንምንታይ ይሓፍሩ ነይሮም? | |
| ኣቦይ ነስሓ እንታይ ይብድሉ ነይሮም? | |

## ኣፀሓሕፋ

ሀ. መምህርኩም ንዘንብቡልኩም ቃላት እናዳመፅኩም ፀሓፉ።

ለ. ቅደም ሰዓብ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምቕያርን ስርዓተ ነጥቢ ብምውሳኽን ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

ኣብነት፡-

*ሕማም ቀዛፊ እዩ ኤድስ*

*መልሲ፡- ኤድስ ቀዛፊ ሕማም እዩ።*

1. ይመፅእ ብቫይረስ ኤድስ ሕማም
2. ንዘለዎ ቫይረስ ክነጓንዮ ደሙ የብልናን ኣብ ኤችኣይቪ ሰብ
3. ኤችኣይቪ የዳኽም ምክልኻል ቫይረስ ሕማማት ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ

## 5. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ኣቦይ ነስሓ" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### *ንባብ ፅፈት*

**"ኣቦይ ነስሓ" ንዝብል ምንባብ ብናህሪ፣ ብምልክትን ብግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ክእሎ



### *ቅድመ ምድማፅ*

**ምድማፅ ቅድሚ ምጅማርኩም ነዚ ዝስዕብ ሕቶ መልሱ።**

ስዒቦም ዝተወሃቡ ስእልታት ምስ ኤችኣይቪ/ኤድስ እንትተሓሓዙ እንታይ መልእኽቲ ዘለዎም ይመስለኹም?

### *እዋን ምድማፅ*

**እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣለም ምስ መሳርሕታ ዘለዋ ምቅርራብ እንታይ ይመስል?
2. ትርሓስ ብኹነታት ተመስገን ንምንታይ ሓዚና?
3. ካብቶም ሰለስተ ስእልታት ተግባር ኣለም ዝገልፅ ኣይናይ እዩ?
4. ተመስገን ኤድስ ከም ዘለዎ ንምንታይ ደፊሩ ተዛሪቡ?
5. ኣለም፣ ተመስገንን ትርሓስን እንታይን እንታይን እዮም?
6. ኣለምን ተመስገንን እንታይ የመሳስሎም?

## ድሕረ ምድማፅ

ሀ. ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ገፀ ባህርያት ዝተዛረቡዎ፣ ዝፈፀሙዎ፣ ዝተሰመዩምን ዝመስሉዎን ፀሓፉ።

| | ኣለም | ተመስገን | ትርሓስ |
|---|---|---|---|
| ዝበሉዎ | | | |
| ዝፈፀሙዎ | | | |
| ዝተሰምዮም | | | |
| ዝመስሉዎ | | | |

ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ምኽንያት ወይ ውፅኢት እናወሰኽኩም ነዚ ዝስዕብ ቅጥዒ "እንታይ . . . ምኽንያቱ . . ." ኣማልኡ።

1. ኣለም "ሚስጢረይ ናብ መቓብር ሒዘ ክኣትው እየ" ንምንታይ ኢላ? ምኽንያቱ ምስጢራ ክተውፅእ ስለ ዘይደለየት
2. ኣለም ሚስጢራ ምውፃእ ዘይደለየትሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ምኽንያቱ ……………………………
3. ሰባት ብዛዕብኣ እንታይ ከይዛረቡ ሰጊኣ? ምኽንያቱ ……………..
4. ………….. እንታይ ……………….? ምኽንያቱ ብዛዕብኣ እንትዛረቡ ስለ ትሓፍርን ትሽቑረርን
5. እንተሓፈራን እንተተሸቑሪራን እንታይ ትስእን? ምኽንያቱ ……………..

ሐ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ኣበሃህላታት ብናይ ባዕልኹም ኣገላልፃ ኣቕርቡ።

1. ሱቕ ጥዑም!
2. ካብ ክሳድ ንላዕሊ!
3. ድርጉሕ ኣቢሉ ይዛረብ!
4. ተዛሪቡ ንኹሉ ሃሀ ኣቢሉ!
5. መን ከብዱ ረገፆ!
6. ባዕልኺ መምፅኢት ደርፊ፣ ባዕልኺ መጥፍኢት ደርፊ!
7. ኣፍ ኣፍ ልጓም!

## 7. ሰዋስው

<u>ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ</u>

ሓደ ነገር እንታይ ምዃኑ፣ እንታይ ከም ዝኾነ፣ ካብ እንታይ ከም ዝስራሕ፣ ወዘተ. ዝሕብር ምሉእ ሓሳብ፣ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ይበሃል። ዕላማ እዚ ምሉእ ሓሳብ ሓበሬታ ምሃብ እዩ። ኣብ መወዳእታ እዚ ምሉእ ሓሳብ ምልክት ኣርባዕተ ነጥቢ (።) የድልይ።

*ኣብነት፡-*

1. ሕድሩ ማዕዖ ከፈቱ።
2. ኣቦይ ነስሓ ሸተት ኢሎም ወዲቖም።

**በዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ሓባሪ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

**ኣብነት፡-**

*ምርመራ*

*ኣምለሱ ትማሊ <u>ምርመራ</u> ኤችኣይቪ/ኤድስ ገይራ።*

1. ምድሃል
2. ብሕታውነት
3. የሸቍሩሮም
4. ኤችኣይቪ/ኤድስ
5. ምጉናይ
6. ፀርፊ

# ሰሙናዊ ርእሲ ምክልኻል ኤችኣይቪ/ኤድስ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ብዛዕባ ኤችኣይቪ/ኤድስ እትፈልጡዎ ብብጉጅለኹም ተዘራረቡ። ንጉጅለኹም ዝውክል ሓደ ሓሳብ ጥራሕ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

### እዋን ንባብ

ከክልተ ዓንቀፃት ምስ ኣንበብኩም ጠጠው ብምባል ዝዘከርኩሙዎም ቀንዲ ሓሳባት ኣብ ደብተርኩም ፀሓፉ።


| ዓንቀፅ | ቀንዲ ሓሳባት |
|---|---|
| ሓደን ክልተን | |
| ሰለስተን ኣርባዕተን | |
| ሓሙሽተን ሽዱሽተን | |

# ንጠንቀቕ!

መብዛሕትኦም ጀርምታት፣ ባክተርያን ቫይረስን ዘምፅኡዎም ሕማማት ዝከላኸል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ኣለና። ውሱናት ግና ልዕሊ ዓቕሚ ምክልኻልና ስለዝኾኑ ሕማም የስዕቡልና። ነዞም ሰንኪ ሕማም ዝኾኑ ነገራት ብሕክምና ክንከላኸሎም ንኽእል ኢና። ካብዚ ዝተለዓለ ዝበዝሕ ግዘ ብሕማማት ኣይንጥቃዕን። ብኣንፃሩ፣ ብተፈጥሮኣዊ ዓቕምናን ብሕክምናን ዘይንከላኸሎም ሕማማት ዘምፅኡ ቫይረሳት ኣለዉ። ካብዚኦም ሓደ ቫይረስ ኤችኣይቪ እዩ።

ኤቭኣይቪ/ኤድስ ተመሓላላፊ ሕማም እዩ። ኤድስ ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማማት ሰብነትና ዘዳኽም ኤችኣይቪ ብዝበሃል ቫይረስ ዝመፅእ ሕማም እዩ። ነዚ ሕማም ዘስዕብ ቫይረስ ሓንሳብ ናብ ደምና እንተኣትዩ ብሕክምና ኣይጠፍእን። እቲ ቫይረስ ኣብ ደምና ኮይኑ ንተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማማት ብምድኻም ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዕና።

ኤችኣይቪ/ኤድስ ካብ ዝመሓላለፈሉም መንገድታት ሓደ ምትንኻፍ ዝተበከለ ደም እዩ። ቆርበት ክጭሕግሩ ወይ ክሓርዱ ዝኽእሉ ከም መርፍእ፣ ላማን ካልኦት በላሕቲ ነገራትን ኤችኣይቪ/ኤድስ ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ነዚኦም ኣብ ደሙ ቫይረስ ምስ ዘለዎ ሰብ ሓቢርካ ምጥቃም ነቲ ቫይረስ የቃልዕ። ምስቲ ቫይረስ ካብ ዝነብር ሰብ ብዝወፅእ ደም ተበኪሎም እንትፀንሑን ካሊእ ሰብ ደጊሙ እንትጥቀመሎምን እቲ ቫይረስ ይመሓላለፍ። እዚ ከይኸውን፣ ክብከሉ ዝኽእሉ ናውቲ ሓቢርካ ዘይምጥቃም ሓደ መከላኸሊ እዩ።



*በላሕቲ ነገራት ጥንቃቐ የድልዮም*

ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓስና ሓቢርና እንጥቀመሎም ብዙሓት ናውቲ ኣለዉ። እዞም ናውቲ ግና ምትንኻፍ ደም እንተዘይብሎም ኤችኣይቪ/ኤድስ ኣየመሓላልፉን። ሓበራዊ ረብሓ እናሃቡ ነቲ ቫይረስ ካብ ዘየመሓላልፉ ከም ሽጓማኖ፣ ክዳውንትትን ሽቓቕን ይጥቀሱ። እዚኣቶም ነቲ ቫይረስ ዘየመሓላልፉ ምስ ደም ዝተናኸፍ ግልጋሎት ስለ ዘይህቡ እዮም።

ነቶም ምስ ካልኦት ሓቢርና እንጥቀመሎም ናውቲ በቲ ቫይረስ ከይብከሉ ክትትል ክንገብረሎም ይግባእ። ብኣውርኡ በላሕቲ ነገራት እንትንጥቀም፣ ሓደሽቲ ምኳኖም ክነረጋግፅ ኣለና። ባዕልትና ዝተጠቐምናሎም ድማ ብፅርየት ወይ ብጥንቃቐ ክንሕዞም ይግባእ። ካልኦት ሰባት ዝተጠቐሙሎም እውን ብሸለልትነት ከይድርብዩዎም ምምዓድ የድልይ።



*ንዝደመየ ሰብ ብጥንቃቐ ምሕጋዝ*

ምትንኻፍ ደም ከይፍጠር ብምግባር ኤችኣይቪ/ኤድስ ንኸይመሓላለፍ ምክልኻል ይከኣል። እቲ ቫይረስ ኣብ ደም ሰባት ስለዝነብር ናብ ካልኦት ንከይሓልፍ ምጥንቃቕ የድልይ። ነዚ መንገዲ ምፍላጥ እቲ ቫይረስ ዘስዕቦ ሕማም ንምክልኻል የኽእለና። ብተወሳኺ፣ ኣብ ከባቢና ብዛዕባ እቲ ቫይረስ፣ ዝመሓላለፈሉ መንገድታት ሳዕብየኑን ንዘይፈልጡ ሰባት ምኽርን ትምህርትን ንምሃብ የኽእል። ከም ውፅኢቱ ድማ ካብቲ ሐዚ ዘለዎ ዝርግሐ ንከይውስኽ ምግባር ይከኣል እዩ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሽጓማኖ፣ ክዳንን ሽቓቕን ኤችኣይቪ/ኤድስ ንምንታይ ኣየመሓላልፉን?
2. "ሓቢርና እንጥቀመሎም" ዝብል ገለፃ እንታይ ይሕብር?
3. ናብ ሰብነትና ዝኣትዉ ቫይረሳት ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማማት እንተዳኸሙ እንታይ ከም ዘጋጥም ግለፁ።
4. እንጥቀመሎም በላሕቲ ነገራት ንኻልኦት ዘየገልገሉ ንኽበሃሉ እንታይ ክኾኑ ኣለዎም?
5. ብዛዕባ ኤችኣይቪ/ኤድስ ካብ ዝተሓበሩ ሓቅታት ነቶም ኣርባዕተ ግለፁ።
6. ኣብቲ ምንባብ ኤድስ ዘየመሓላልፉ ተባሂሎም ካብ ዝተገለፁ ወፃኢ ካልኦት እትፈልጡዎም ዘርዝሩ።

**ለ. ንሕማም ኤችኣይቪ/ኤድስ ከመይ ከም እንከላኸሎ ብምኽንያትን ውፅኢትን ዝተዋደደ ሓሳብ ብቓልኩም ኣቕርቡ።**

## 9. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**በዞም ዝስዕቡ ቃላት ብዛዕባ ሕማም ኤችኣይቪ/ኤድስ ዝገልፅ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ምክልኻል | ናውቲ | ክትትል | ደም | ምትንኻፍ |
| ኤችኣይቪ/ኤድስ | ዝርግሐ | ምኽሪ | ሕማም | ምምሕልላፍ |

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምኽንያትን ውፅኢትን ዝገልፅ ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ዝኣከብኩምዎ ሓሳብ ብምውዳድ ገርፊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ሀ. ነቶም ኣብ ሓፁር ዘለዉ ቃላት ብትኽክል ብምቕያር ነቶም ምሉእ ሓሳባት ኣማልኡ።**

1. ኣቦይ ነስሓ ኣብ 40 ዓመቶም ስይበት _____ (ብቐሊ)።
2. ሕድሩ ከንፈሩ ብ_____ (ቆረረ) ብንፋስን ፋሕሽዩ።
3. ኣብቲ ዝረሰነ _____ (ሞጎጕ) ንኣቦይ ነስሓ ምስሖም እንጀራ ሰንኪታ።
4. ሕድሩ ነታ ኩዕሾ _____ (ምቑላብ) ሒዙ።
5. ሕድሩ ዓኹር ጤለ በጊዕ ብምፍሳስ ንግራቱ _____ (ምድኳዕ)።
6. ዕኩ ንኽውፅእ እዝኑ _____ (ምዕኳኽ)።
7. ሕድሩ ቅልጡፍ _____ (ጉያ) እዩ።

**ለ. ነዞም ምሉእ ሓሳባት ብስርዓተ ነጥቢ ኣማልኡ።**

**ኣብነት፡-**

*ኤችኣይቪ/ኤድስ ከይሓልፈካ ተጠንቀቕ __*

*መልሲ፡- ኤችኣይቪ/ኤድስ ከይሓልፈካ ተጠንቀቕ!*

1. ሰብ ዝተጠቐመሉ ላማ ምጥቃም ሓደጋ ኣለዎ ዶ __
2. ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና __
3. እዞም መርዑት ምርመራ ገይሮም ድዮም ____
4. በላሕቲ ነገራት ኤድስ ከመይ የመሓላልፉ ___
5. ብዛዕባ ኤድስ ኣይዛረብን፣ ኣይሰምዕን፣ ኣይርእን ኣይብልን __

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ "ንጠንቀቕ!" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"ንጠንቀቕ!" ካብ ዝብል ምንባብ ነቲ ቀዳማይ ዓንቀፅ ብምልከት ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"ንጠንቀቕ!" ኣብ ዝብል ምንባብ ንኤችኣይቪ/ኤድስ ምኽንያት ዝኾኑን ዘብፅሑዎ ጉድኣትን ብምዝርራብ ናብ ክፍሊ ብቓል ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

<u>ግነታዊ ምሉእ ሓሳብ</u>

ውሽጣዊ ስምዒትና ዝገልፅ ምሉእ ሓሳብ ግነታዊ ምሉእ ሓሳብ ይበሃል። ኣግራሞት፣ ቁጠዐ፣ ሕርቃን፣ ታሕጓስ፣ ጣዕሳን ዝኣመሰሉን ስምዒታት ንምግላፅ ንጥቀመሉ። ኣብ መወዳእታ እዚ ምሉእ ሓሳብ ድማ ትእምርተ ግነት (!) ንጥቀም።

*ኣብነት፡-*

1. እንታይ ከ ዘይበደልኩ!
2. ንጠንቀቕ!

<u>ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳብ</u>

ዘይንፈልጦ ንምፍላጥ ወይ መብርሂ ንምርካብ ኢልና እንፅሕፎ ወይ እንዛረቦ ምሉእ ሓሳብ ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳብ ይበሃል። ኣብ ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳብ መን፣ እንታይ፣ ንምንታይ፣ ከመይ፣ ክንደይ፣ ወዘተ. ዝበሉ ሕቶኣዊ ቃላት ንጥቀም። ኣብ መወዳእታ እዚ ምሉእ ሓሳብ ምልከት ሕቶ (?) ነቐምጥ።

*ኣብነት፡-*

1. ሕንቅልሕንቅሊተይ ትነግረና መን እያ?
2. ሕንቅልሕንቅሊተይ እንታይ እዩ?

**ነዞም ሓበርቲ ምሉእ ሓሳባት መጀመርታ "መዓስ፣ ንምንታይ፣ እንታይ፣ ድዩ፣ ዶ" ዝብሉ ቃላት እናወሰኽኩም ናብ ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳባት ቀይሩዎም። ቀፂልኩም፣ ውሽጣዊ ስምዒት ብዘንፀባርቑ ኣገባብ ናብ ግነታዊ ምሉእ ሓሳባት ቀይርኩም ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ዝኾነ ሰብ ብኤድስ ንኽይመውት እጃምና ነወፍይ።*

*መልሲ፡-*

*ሕቶኣዊ → ዝኾነ ሰብ ብኤድስ ንኽይመውት እንታይ ነወፍይ?*

*ግነታዊ → ዝኾነ ሰብ ብኤድስ ንኽይመውት እጃሙ ከወፍይ ኣለዎ!*

1. እኒ ሃይለ ምርመራ ገይሮም።
2. ትምኒት ኤድስ ከይሓልፋ ትጥንቀቕ እያ።
3. በኹሪ ወዱ ካብ ኤድስ ነፃ እዩ።
4. ኣልማዝ ንበላሕቲ ነገራት ብጥንቃቐ ትጥቀመሎም።
5. በላሕቲ ነገራት ኤድስ ከመሓላልፉ ይኽእሉ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ሓልዮትን ክንክንን ምስ ኤችኣይቪ/ኤድስ ንዝነብሩ ሰባት

ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።

1. እንት- ዝክር -ኡ
2. ዝ- ተ- ከናኽን -ኡ -ዎ
3. እንት- ፈልጥ -ኡ
4. ብ- ሓልይ -ኦት
5. ተ- መራዓው -ቲ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ንሰብ፣ ንተኽሊ ወይ ንእንስሳ ብምክንኻን ዝርከብ ረብሓ ግለፁ።

### እዋን ንባብ

እናንበብኩም ፍታሕ እዞም ዝተወሃቡ ቃላት ኣብቲ ሰደቓ ኣብ ትሕቲ "ዝመስለኒ ፍታሕ" ፀሓፉ።

| ቃል | ዝመስለኒ ፍታሕ | ትኽክለኛ ፍታሕ |
|---|---|---|
| ዕድመ | | |
| ከየጓንዩ | | |
| መሳሰዩ | | |
| ሓልዮት | | |
| ደርጐሐ | | |
| ስለዝሰዓሮ | | |
| ከይሃፍፍ | | |
| ፍረ | | |

# ምስግና

ሓዳር ዝገበርሉ ቀዳማይ ዓሰርተ ዓመት እንተኽብሩ ንዒስራ ሰባት ዓዲሞም። እቶም ዕዱማት ንኽልቲኦም ፍቕሪ እናሃቡ ዝተኸናኸኑዎምን ሰብ ከየጓንዮም ዝፀዓሩን ነይሮም። እዞም ዕዱማት ካብ ሰናይ ተግባሮም ንኽመሃሩን ኣሰሮም ንኽስዕቡን ሓደ ሓደ ጋሻ ከምፅኡ ተነጊሩዎም እዩ።

ትምኒትን ተስፋይን ቅድሚ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ቫይረስ ኤችኣይቪ ኣብ ደሞም ምህላዉ እንትፈልጡ ተስፋ ቆሪፆም ነይሮም። ኮይኑ ግና ተወልደ ንኽልቲኦም ኣረጋጊፁ ሓዳር ንኽገብሩን ንኽደጋገፉን ኩነታት ኣመዓራረየ። ሐዚ ብሓልዮቱን ብፍቕሩን መዓልቲ መርዕኦም ከኽብሩ በቒዖም።

መሳሰዪ እቲ በዓል፣ ክብሮም፣ ኣጋይሽ እናተቐበለ በቦትኦም ኣትሓዘ። መብዛሕቱኦም ኣጋይሽ ኣብ ጥቕኦም ምስ ዝረኽቡዎ እናዋግዑ ይፅበዩ ነይሮም።

ክልቲኦም ሓደሽቲ ተመራዓውቲ መሲሎም ናብቲ ኣዳራሽ እንትኣትዉ እቶም ዕዱማት ተሲኦም ተቐበሉዎም። ገሊኦም ኣጋይሽ ንትምኒትን ንተስፋይን መናእሰይ ምኻኖም እንትርእዩ ተገሪሞም። ብዛዕብኦም ዘዝመስሎም ምዝራብ ጀመሩ። ሓደ ጋሻ "ዓሰርተ ዓመት ቀረባ እዩ! ንምንታይ ንምዝካር ሃዊዖም?" በለ በይኑ ክሓስቦ ንዝፀንሐ ደርጐሑ።



*ትምኒትን ተስፋይን እናመስገኑ*

ዘረብኡ ዝሰምዐት ካሊእ ጋሻ "ንስኻ ድማ፣ ዓሰርተ ዓመት ኣይኮነን ዓሰርተ ሰከንድ ምፅናሕ ነዊሕ እዩ።" ትብሎ።

ክብሮም፣ ንትምኒትን ንተስፋይን ቦታ ምስ ኣትሓዘ "በዓልና ንምጅማር" ብምባል፣ "ዕድመና ኣኽቢርኩም ብምምፃእኹም ትምኒትን ተስፋይን ተሓጒሶም እዮም። ደስ ስለ ዝበሎም ድማ ዝብሉዎ ኣለዎም፤ ንስምዓዮም" ብምባል ናብ ቦትኡ ተመለሰ።

ተስፋይ እናተስአ "ኣነ እኳ እዞም ኣጋይሽ ንኽፈልጡ እየ ክዛረብ" እንትብል ኩሎም ስለ ዘጣቕዑ ክሳብ ዝውድኡ ተፀብዩ፣ "ሳላ ተወልደ ሓውና ንዓሰርተ ዓመት ብፍቕሪ ምንባር ክኢልና። ተወልደ እንተዘይህሉ ሐዚ ኣይምረኽብኩምንን፤ ንዓይ ካብ ሞት ኣድሒኑኒ እዩ። ተመርሚረ ባዕለይ ንኽፈልጥ ኢደይ ሒዙ መሪሑኒ፤ ብስንባደ

ንከይዓብድ ደጊፉ ኣረጋጊኡኒ። ብሕታውነት ከይስዕረኒ ምስ ትምኒት ኣፋሊጡኒ። ሳልኡ ምስ ኤችኣይቪ/ኤድስ ምንባር ከም ዝክኣል ንምስክርነት በቒዐ። እሞ ተወልደ ህይወት ወሊዱ ሂቡኒ እንተበልኩ ኣየጋነንኩን!" ምስ በለ ንብዓት ስለ ዝሰዓሮ ትምኒት ንኽትምልኦ ብኢዱ ዓደማ።

ትምኒት ተሲኣ "ሕጉሳት ኢና!" ብምባል፣ "ሓልዮትኩምን ፍቕርኹምን ተስፋ ኮይኑ ህይወት ሂቡና። ዘኾንኩምልናን ዘሃብኩምናን ኩሉ ፈውሲ ብምዃኑ ከማና ዝበሉ ካልኦት ክረኽቡዎ ድልየትና እዩ። ፃዕርኹም ከንቱ ከይኮነ ብተስፋ በርቲዕና ህይወትና ብምምራሕ ዝደኸምኩምሉን ዝተመነኹምልናን ነግህዶ ኣለና። ኣብዚ ዝኣከብናኩም ድማ ድኻምኩም ፍረ ከም ዝቖፀረ ንኽነብስረኩም እዩ። ሐዚ ብፅሕቲ ወርሒ እየ። ካብ ኤችኣይቪ/ኤድስ ነፃ ዝኾነ ቈልዓ ክወልድ ትፅቢት ኣለኒ።" ምስ በለት ኩሎም ተሲኦም ኣጣቕዑ።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ትምኒትን ተስፋይን ምስ ኤችኣይቪ ምንባር ካብ ዝጅምሩ ክንደይ ዓመት ኮይኑዎም?
2. ድልየት ትምኒት እንታይ እዩ?
3. ነቶም ሰብኣይን ሰበይትን ኣረጋጊዑ ሓዳር ክገብሩ ዝሓገዘ መን እዩ?
4. እቶም ሰብ ሓዳር ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነት ይርከቡ?
5. ሕማም ኤድስ ዘለዎ ሰብ ሓገዝን ፍቕርን ዘድልዮ ንምንታይ እዩ?
6. ትምኒትን ተስፋይን ፍቕርን ሓልዮትን እንተዘይረኽቡ እንታይ ምኾኑ ነይሮም?

**ለ. ኣብ ሰሙን ሓደ ዝተነበበ "ኣቦይ ነስሓ" ዝብል ምንባብን "ምስግና" ዝብል ምንባብ እዚ ሰሙንን ዘመሳስሎም ብሓደ ዓንቀፅ ግለፁ።**

**ሐ. ኣብ እዋን ንባብ ንዝመላእኹምዎ ሰደቓ መዝገበ ቃላት ብምርኣይ ኣጥልሉ።**

| ቃል | ትኽክለኛ ፍታሕ | ዝመሰለኒ ፍታሕ |
|---|---|---|
| ዕድመ | | |
| ከየጓንዩ | | |
| መሳሰዪ | | |
| ሓልዮት | | |
| ደርጕሖ | | |
| ስለዝሰዓሮ | | |
| ከይሃፍፍ | | |
| ፍረ | | |

## 16. ቃላት

### ፍታሕ ቃላትን ሓረጋትን

**ፍታሕ ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ፀሓፉ።**

1. ቀዳማይ ዓሰርተ ዓመት
2. ተስፋ ቆሪፆም
3. ኣረጋጊፁ
4. ሳላ
5. ንባዕለይ ክፈልጥ
6. ህይወት ወሊዱ ሂቡኒ
7. ዝተመነዩልና
8. ክነበስሮም
9. ዳርጋ ፈውሲ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብገርፊ ዘዋደድኩምዎ ዓንቀፅ ብስርዓት ነጥቢ ብምምላእ ኣፅሬፍኩም ወድኡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቶም ኣብነታት ነቲ ግቡእ ቃል ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ሀ. ______ -- ትኽን*

*ተኮነ -- ትኽን*

*ለ. ዓገተ -- ______*

*ዓገተ -- ፅግት*

1. ቆረረ -- ______
2. ______ -- ድኹዒ
3. ______ -- ልቋም
4. ቈለፈ -- ______
5. ______ -- ዕኾቲ
6. ጐልጐለ -- ______
7. ______ -- ቆቋፅ
8. ______ -- ጐሓላ

**ሀ. ኣብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት "። ወይ ? ወይ ! " ብምእታው ነቶም ምሉእ ሓሳባት ኣማልኡ።**

1. ኤድስ ከመይ ኢሉ ይመሓላለፍ_____
2. ኣየይ _____ ዝወደቐ ላማ ኣየልዕልን_____
3. ብኤድስ ንከይንትሓዝ እንታይ ክንገብር ይግብኣና _____
4. ኤድስ ዘለዎ ሰብ ክንክን ይደልይ ዶ ______
5. ንሕማም ኤድስ ምክልኻል ይክኣል እዩ ______
6. ተጠንቀቕ_____ ምኽረይ ስማዕ_____
7. ሕማም ኤድስ ፆታን ዕድመን ኣይፈልን_____

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ሰሙን ዘንበብኩምዎ ምንባብ ሓፈሻዊ ትሕዝትኡ እንታይ ዝብል ነይሩ?**

### ንባብ ፅፈት

**“ምስግና” ንዝብል ምንባብ ብምልከት፣ ብናህርን ብግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ኣብ ምምስሳል ትሕዝቶ ምንባባት “ኣቦይ ነስሓ” ን “ምስግና” ን ተመስሪትኩም ተዘራረቡ።**

## 20. ሰዋስው

### ዓይነታት ምሉእ ሓሳብ

**ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት፣ ካብ “።” “?” ወይ “!” ትኽክለኛ ስርዓተ ነጥቢ መሪፅኩም ምልኡ።**

ኣብ ደሙ ኤችኣይቪ/ኤድስ ዘለዎ ሰብ ትፈልጡ ዶ___ ንዓይ ኣብ ደሙ እቲ ቫይረስ ከም ዘለዎ ዝነገረኒ ጐረቤትና ቈልዓ ኣሎ___ መሓዙተይ “ነቲ ቈልዓ ከይትቐርቦ___” ኢሎምኒ እዮም___ ንስኻትኩም ከ እንታይ ትብሉኒ___ ክቐርቦ ዶ ክርሕቆ___ እቲ ቈልዓ ፍቕርን ድጋፍን ዘድልዮ ኣይመስለኩምን___ ኣነ ድማ ካልኦት ንከየጓንይዎ ካብ ጐኑ ከም ዘይፍለዮ ቃል ኣትየሉ እየ___ እሞ ንስኻትኩም ከ ከምቲ ኣነ ዝበልኩዎ ትብሉ ዶ___

# ማህደረ ቃላት

| | |
|---|---|
| • መሰታ | መሓዛ፣ መዛና |
| • ብነድሪ | ብቑጥዐ |
| • ቅዱም | ሕሉፍ |
| • ከም ልቦም | ከም ቃሕትኦም |
| • ፅልዋ | ፅዕንቶ |
| • ጥምረት | ሓድነት |
| • ወርቂ ሓሳብ | ፅቡቕ ሓሳብ |
| • ልዝብ | ምኽክር |
| • ረቛሒ | መመዘኒ፣ መዐቀኒ |
| • ዒላ | ማይ ጉድጓድ |
| • መፍጢ | ኣብ መሬት ዝኩዓት መብሰሊ ዓታሩ |
| • ለበዳ | ምቅፃል ዱር፣ ተመሓላላፊ |
| • ኩቦ | ዓኾር |
| • ግዳይ | ኣደዳ |
| • ምፅባእ | ምፅራር |
| • ምስሓው | ምርቃቕ፣ ምብትታን |
| • ሓራ | ናፃ |
| • ዓውዲ | ኩነት፣ ኣጋጣሚ፣ እኽሊ ዝዝበጠሉ ወይ ዝኻየዱ ቦታ |
| • ማእኽላይ | ሽማግለ፣ ሰደኛ፣ መንጎኛ |
| • ዋሕስ ተኽለ | ዋሕስ ቄፀረ፣ ዋሕስ ገበረ |
| • ምስናይ | ምእንጋድ፣ ምቕራብ፣ ምሃብ፣ ምስራዕ |
| • ምእባድ | ምፅንናዕ፣ ምጥባር |
| • ቃንጃ ብዕራይ | ሓደ ብዕራይ |

| | |
|---|---|
| • ስሪት | ደንቢ፣ መመሓደሪ |
| • ኒሕ | ሓቦ፣ ወነ፣ ትብዓት |
| • ኣብ ሓንቲ ፀሓይ | ኣብ ሓደ መዓልቲ |
| • ናህሪ | ቅልጣፈ |
| • ተጓንፎ | ርኽቦት፣ ኣጋጣሚ |
| • ኢድን ጓንትን | ብጥምረት፣ ብሕብረት፣ ብዘይኣፈላላይ |
| • ምጥጣሕ | ምምችቻው፣ ምምዕርራይ |
| • ተበግሶ | ድሌት፣ ፍትወት፣ ዓገርሳ መንቀሊ |
| • ዝንባለ | ድሌት |
| • ሃመማ | ፅንፅያ፣ ዝምቢ፣ ሃንቀላ፣ ጭንጫይ |
| • ፍስሃ | ደስታ፣ ሓጐስ፣ ባህታ |
| • እጃም | ብፅሒት |
| • ገረብ | ሩባ፣ ኦም |
| • መንቀሊ | መልዕሊ፣ ሰንኪ፣ መበገሲ |
| • ምጉናይ | ምድላው፣ ሰብ ካብ ሰብ ምፍላይ |
| • መኮነን ስነ ምግባር | ስነ ምግባር ቤት ፅሕፈት ዝከታተል ሰራሕተኛ |
| • ጀርም | ሕማም ዘምፅእ ደቂቅ ፍጥረት |
| • ንጥረ ምግቢ | ንሰብንትና ዘድልይ ምግቢ |
| • ካንሰር | ሕማም መንቀርሳ |
| • መረበት | እንነብረሉን መነባብሮና ዝተመስረተሉን ቦታ |
| • ገፀ ባህርይ | ኣብ ሓደ ዛንታ ዝርከብ ሰብ ወይ እንስሳ |
| • መዓበይ | ሓደ ዛንታ ዝተፈፀመሉ ቦታን ግዘን (መዓዝ ኣበይ) |
| • ፅፈት | ንሓደ ፅሑፍ ብምልከት፣ ብናህርን ብፅቡቕ ኣገላልፃን |

| | |
|---|---|
| | ምንባብ |
| • ምልከት | ንቃል ብዘይ ጋእጋእ ምንባብ |
| • ኣገላልፃ | ከከም ኩነታቱ ኣናብባ ብምቅይያር ብግቡእ ምንባብ |
| • ስእላዊ መወዳዲ | ኣብ ፅሕፈት፣ ንባብ፣ ዝርርብ፣ ወዘተ. ሓሳብ ንምርካብ፣ ንምውዳድ ወይ ንምትንታን እንጥቀመሉ ምስሊ ወይ ቅርፂ |
| • ኣስተዋፅኦ | ትልሚ ዝዳለው ፅሑፍ |

# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 5ይ ክፍሊ

ISBN: 978-99944-2-509-9
ዋጋ ብር 25.00

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ